ሐ ይ ሊ

ደም

የ ሱ ስ

ትሕዝቶ

መ እ ተ ዊ..... 4
ቀ ዳ ማ ይ ክ ፋ ል..... 7
ብየሱስ ክርስቶስ ዝተኸፍለ መስዋእቲ..... 7
1 ኣድላይነት ምፍሳስ ደም የሱስ..... 8
1.1 ናይ እግዚኣብሄር ቅድሰናን ዕልወት ኣዳምን..... 8
1.2 ሰልጣን ምድሪ ናይ ሰብ እዩ..... 10
1.3 ብዘይ ደም ይቕረታ የሎን..... 11
2 ደም የሱስ፣ ፍሉይን ክቡርን እዩ..... 13
2.1 ዘርኢ ሰበይቲ..... 13
2.2 ዓሌት ኣደም ኩሉ ሓጥእ እዩ..... 13
2.3 ህይወት ሲጋ ኣብ ደምዩ..... 14
2.4 ቃል ሲጋ ኾነ..... 15
2.5 ኣብ የሱስ ሞት ኣይነበረን..... 16
3 ምፍሳስ ደም የሱስ..... 19
3.1 ኣከንዳና ሕጊ ኣማሊኡ..... 19
3.2 ኣከንዳና መርገም ኮይኑ..... 21
3.2.1 ሲጋዊ (ምድራዊ) መርገም..... 21
3.2.2 መንፈሳዊ መርገም..... 24
ካ ል ኣ ይ ክ ፋ ል..... 26
ብደም የሱስ ዝተረኽቡ ጥቕምታት..... 26
4 ብደም የሱስ ዝተፈጸመ ዕርቂ..... 27
4.1 ምስ ኣምላኽና ተዓሪቕና..... 27
4.2 ጽሕፈት ዕዳና ተደምሲሱ..... 28
4.3 ኣጽዋር ጸላኢ ተገፊፉ..... 29
5 ብደም የሱስ ዝርከብ ጽድቂ..... 33
5.1 ጽድቂ ኣምላኽ ኢና..... 33
5.2 ኣብ ጻድቕ ሞት የሎን..... 33
5.3 ገዛኢዛ ዓለም ኣብ ጻድቕ ዋላ ሓንቲ የብሉን..... 34

5.4 ካብ መንግስቲ ጸልማት ናብ መንግስቲ ወዲ ኣምላኽ ሰጊርና..... 35
5.5 ሓደስቲ ፍጥረት ኢና..... 36
6 ብደም የሱስ ኣብ ሰማያት ተቐሚጥና..... 38
6.1 ምስ የሱስ ተንሲእና ኢና..... 38
6.2 ኣብ ሰማያት ልዕሊ ኩሉ ስልጣናት ተቐሚጥና ኣሎና..... 39
6.3 ንብዘሎ ኣብ ትሕቲ ኣእጋርና ኣግዚኦ..... 41
7 ብደም የሱስ ዝተረኽበ ኣገልግሎት መላእኽቲ..... 43
7.1 የሱስ ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ዝቕመ መሳልል እዩ..... 43
7.2 መላእኽቲ ኣብ ከባቢና ከም ቀጽሪ ሓዊ እዮም..... 44
7.3 ንኹሉ ዘድልየና ረድኤት ንምሃብ ምዱባት እዮም..... 45
7.4 ስልጣን ምእሳርን ምፍታሕን ኣብ ዕዮ መላእኽቲ..... 48
8 ብደም የሱስ እቲ ሽብዓተ ማሕተም ተፈቲሑ..... 50
8.1 ስልጣን ተቐቢሉልና..... 50
8.2 ሃብቲ ተቐቢሉልና..... 51
8.3 ጥበብ ተቐቢሉልና..... 51
8.4 ሓይሊ ተቐቢሉልና..... 52
8.5 ክብሪ ተቐቢሉልና..... 53
8.6 ሮማ ተቐቢሉልና..... 53
8.7 ውዳሴ ተቐቢሉልና..... 54
ሳ ል ሳ ይ ክ ፋ ል..... 56
ብደም የሱስ ንዘተረኽቡ ጥቕምታት ኣብ ተግባር ምውዓል..... 56
9 ዓብይን ልዑልን ናይ ስልጣን ስም..... 57
9.1 ልዕልና ስም የሱስ..... 57
9.1.1 ብዝወረሶ..... 57
9.1.2 ብዝተዋህቦ..... 58
9.1.3 ብዝተዓወቶ..... 58
9.2 ኩሉ ስልጣን ሰማይን ምድርን ናይ የሱሱዩ..... 59
9.3 ኩሉ ስም ንስም የሱስ ይግዛእ..... 60
10 ናይ እምነት ገድሊ ምግዳል..... 62

10.1 ብእምነት ምጽናዕ 62
10.2 ንኣምላኽ ተገዚእካ ንዲያብሎስ ተጻረር 63
10.3 ንዲያብሎስ ሰፍራ ኣይትሃቦ 64
10.4 ቅልሰና ምስ ሲጋን ደምን ኣይኮነን 64
11 ንኽብሪ ምዱባት ኢና 67
11.1 ንምስጋር ምዱባት ኢና 67
11.2 ህቦብላን ብርቱዕ ንፋስን 68
11.3 ንኣና ንምጥፋእ ዝተሰርሐ ኣጽዋር ኩሉ ኣይጠቅምንዩ 69
11.4 ኣብ ልዕሊ ማዕበላትን ንፋሳትን ግዝኣት ኣሎና 71
12 ብመንፈስ ቅዱስ እምበር ብኽእለትን ብሓይልን ኣይኮነን 73
13 ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ 79
ራ ብ ዓ ይ ክ ፋ ል 83
14 መደምደምታ 84

መ እ ተ ዊ

“ለበዋ ኣብ ዘለምስ ሞት እቲ እተላበወ ኪኸውን ናይ ግዲ እዩ እሞ ለበዋስ ድሕሪ ሞት እዩ ዚጸንዕ እምበር እቲ እተላበወ ብህይወቱ ኽሳዕ ዘሎ ገለ እኳ ዚሰልዋ የብሉን። ስለዚ እቲ ቐዳማይ ኪዳን እኳ ብዘይ ደም ኣይተቐደሰን... ከምቲ ሕጊ ኣስታት ኩሉ ብደም እዩ ዚጸረ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ” (ዕብ 9፡16-22)። ሓደ ወላዲ ንስድራቤቱ ከውርሶ ዝደልዮ ዝኾነ ዓይነት ውርሻ ብለበዋ መልክዕ ተጻሒፉ ምስተቐመጠ ግብራዊ ዝኸውን እቲ ወላዲ ምስ ሞተ እዩ። እቲ ለበዋ ተተግባሪ ክኸውን ሞት ናይቲ እተላበወ ግድን ክኸውን ኣለዎ። ከምኡ ኸኣ እቲ እግዚኣብሄር ብሰንኪ ሓጢኣት ኣብ ዓለም ካብ ዝኣተወ ኩሉ ኩፉእ ኣውጺኡ ናብ ናይ ገነት ኤደን ናብራ ዘእቱ ብዝተፈላለዩ ነብያትን ኣቦዋትን ዝተባህለ ለበዋታት ተተግባሪ ክኸውን እቲ እተላበወ ክመውት ግድን ኔርዎ። እግዚኣብሄር ኣቦ እምብኣር ብጽሑፍ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሂብዎ ዘሎ ኩሉ ለበዋታት (Promises) ብሞት እቲ ሓደ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ይጸንዕ።

ደም የሱስ ንወዲ ኣዳም ካብቲ ብሓጢኣት ኣትይዎ ዝነበረ መርገም ከውጽኦ ዝኸፈሎ ኩሉ መስዋእቲ የመልክት። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ጥቕሲ ደም ንሞት እዩ ዘመልክት። ኣዳም ምስወደቐ መንፈሳውን ስጋውን ሞት ሞይቱ። መንፈሳዊ እቲ ቅጽበታዊ ዝሞቶ ሞት ክኸውን እንኮሎ ነቲ ካብ እግዚኣብሄር ምፍላዩ የመልክት። ድሒሩ ዝስዓቦ ኸኣ ብስጋ ሙማቱ እዩ። እቲ ብስጋ ሙማቱ ኻኹሉ ንስጋኡ ዝቐትል ዘጋጥም ምድራዊ ኩነታት የመልክት። የሱስ ንዓለት ኣዳም ካብ ዝነበሮ ኩነታት ከውጽኦ ግድን ብኽልቲኡ ዓይነት ሞት ክሓልፍ ኔርዎ። ኣብ ዕብ 9፡12 “ብደም ድቤላታትን ምራኹትን ዘይኮነስ ብደም ርእሱ ናይ ዘለኣለም ምድሓን ረኺቡ ሓደ ጊዜ ናብቲ መቕደስ ኣተወ” ይብል። ክሳብቲ ካብ ሞት ተንሲኡ ናብ መቕደስ ኣምላኽ ዝኣቱ ዝኸፈሎ መስዋእቲ ምፍሳስ ደም ከምንብሎ እዚ ቃል የብርሃልና እንሆ።

ናይቲ ዝተፈጸመ መስዋእቲ፣ ምፍሳስ ደም ኣብ ዓሌት ኣዳም ዘምጽኦ ጥቕሚ እንታይ እዩ? ልዕሊ ኹሉ ኣዳም ብዘይምእዛዙ ዝመጸ ሳዕቤን ምስ ኣምላኽ ባእሲ እዩ። ብሰንኪዚ ኸኣ ኩሉ ስለዝሓጥኡ ካብ ኣምላኽ ክረኽቦ ዝነበሮ ክብሪ፣ ሰመያውን ምድራውን በረኽት ስኢኑ። ወዲቑ መጻውቲ ዲያብሎስ ኮይኑ። ናይ ደም የሱስ ናይ መጀመርያ ውጽኢት እምብኣር ንሰብ ምስ እግዚኣብሄር ዝገብሮ ምትዕራቕ እዩ። የሱስ ኣብ መንነ ኣምላኽን ሰብን መትዓረቒ ገንሸል ኮይኑ። ብሳላ ደም የሱስ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፣ ኣቦና፣ ወገንና፣ ምሳኡ ኾይኑ። ሳላ ብደም

ዝተረኽበ ዕርቂ ኸኣ ጠፊኡና ዝነበረ ኽብሪ ተመሊሱልና። ናብ ቤትና ተመሊስና። ደም የሱስ ንኣምላኽ ምሳና ክኸውን ዘኽእል ሓያል ምስጢር እዩ። ናይ እግዚኣብሄር ሓይሊ፣ ክእለት፣ ጥበብ፣ ..,. ምሳና ክኸውን ዘኽእል ሓይሊ ናይ ደም ሓይሊ እዩ። ብዘይ ደም ካብ ኣምላኽ ክንወስዶ ንኽእል ምንም የሎን። ብዘይ ደም እግዚኣብሄር ንዓና ዕጹው እዩ። ገጽ ኣምላኽና ዘርእየና ደም የሱስ ጥራይ እዩ። ብዘይ ደም ክዝረብ ዝኽእል ቁም ነገር የሎን። ካብ ጥፍኣት፣ ውድቀት፣ ዕንወት ወጻኢ ብዘይ ደም የሱስ ክዝረብ ዝኽእል ጽቡቕ የሎን። ንሰብ ካብቲ ኣትይዎ ዝነበረ ዓዘቕቲ ከውጽኡ ዝኽእል ሓይሊ፣ ናይ የሱስ ደም ጥራይ እዩ። ንሰብ ናብቲ ዝተመደበሉ ናይ ንግስነት፣ ግዝኣት፣ ምልኪ፣ ቅድስና ህይወት ዝመልሶ ሓይሊ ናይ ደም የሱስ ሓይሊ ጥራይ እዩ። ስለዚ ናይ ደም የሱስ ምስጢር ምርዳእ ናይ ወንጌል ምርዳእ እዩ።

ብሓይሊ ደም የሱስ ካብ መንግስቲ ጸልማት ተመንዚዕና ናብ መንግስቲ እቲ ፍቑር ወዲ ኣምላኽ ሰጊርና። ታሪኽና ተለዊጡ፣ ሓደስቲ ፍጥረት ኮይንና። እቲ ብሉይ ሓሊፉ ኩሉ ናህና ነገር ሓድሽ ኮይኑ። ብደም ፈጺምና ስለዝነጻህና ኣበር ኣልቦ ቅዱሳን ኮይንና። የሱስ ብደሙ ሓጢኣትና ስለዝወሰዶ ኣባና ጽድቂ እምበር ሓጢኣት ዘይብልና ኮይንና። ኣብቲ ሓጢኣት ዘይብሉ ሞትውን የብሉን፣ ከመይሲ ሞት ኣብ ዓለም ብሓጢኣት እዩ ኣትዩ። ስለዚ ብደም ስለዝጸደቕና ካብ ሓጢኣትን ሞትን ድሒንና ጸላኢ ኣባና ዝእውዶ ምንም ዘይብልና ኮይንና። ደም የሱስ ክንነጽህ ክንጸሪ ክንቅደስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንቀውም ዘኽኣለና ሓያል ምስጢር እዩ። ደም የሱስ ክሳብ ክንድዚ ሓያል እዩ።

መዓስዚ ጥራይ! ሳላ እቲ ኩቡር ደም የሱስ እግዚኣብሄር ኣቦ ብመንፈስ ቅዱስ ምስ የሱስ ካብ ሞት ኣተንሲኡ ኣብ ሰማያት ልዕሊ ኩሉ ስልጣናትን ጎይትነትን ዝስመ ዘበለ ስምን ኣቕሚጡና። ጸላኢ ኣጽዋሩ ተጊፊፉ ኣብ ትሕቲ እግርና ዝግዝኣ ኮይኑ። ደም የሱስ ተመዲቡልና ዝነበረ ስልጣን ዘምለሰ ሓያል ምስጢር እዩ።

ናይ ደም ምስጢር ዘይምርዳእ ኣብዚ ምድሪዚ ብስልጣን ክንነብር ክንጽበ ኣይንኽእልን ኢና። የሱስ ንዘፈጸሞ ዓቢ መስዋእቲ ብግቡእ ተረዲእካ ብሰንኪ እቲ ዝፈሰሰ ንጹህ ደሙ ዝመጸ ኩሉ ጥቕምታት ምፍላጥ እዩ መሰረት ክርስትና። ካብ ደም ወጻኢ ወንጌል የሎን። ደም የሱስ የሎን፣ ወንጌል የሎን። ስለዚ ዝዓሞቕን ዝሰፍሐን ፍልጠት ክህልወና ዘለዎ ናይ ደም የሱስ ምስጢር እዩ። እዚ ጽሑፍዚ ሓይሊ ደም የሱስ እዩ ዝገልጽ። ብኹፋት ኣእምሮ፣ ኣብቲ እንኮ መምህርና መንፈስ ቅዱስ ብምምርኳስ እንተኣንቢብናዮ ዓቢ ምስጢር ክንምሃር

ንክእል ኢና። ኣብዚ ጽሑፍዚ ዘሎ ምስጢር እንተተገሊጹልና ህይወትና ከምቲ ቅድሚ ምንባብና ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ናይ ደም ምስጢር ንምርድኡ ዝሓገዙኒ ጽሑፋት ብዓበይቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት፣ ጀሪ ብሪጅስ፣ ቻርለስ ካፕስ፣ ኬነት ሃጊን፣ ኣንድሪው ሙራይን ደቪድ ኦይዴፓን፣ ዝተጻሕፉ እዮም፤ ብዙሕ ድማ የመስግኖም። እግዚኣብሄር ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ኣገልገልቲ ምልዓሉ ኣዝየ የመስግኖ።

ቀ ዳ ማ ይ

ክፋል

ብየሱስ ክርስቶስ

ዝተኸፍለ መስዋእቲ

ኣብዚ ክፋልዚ፣

- **የሱስ ክርስቶስ ሰብ ኮይኑ ኣብዚ ምድሪዚ ክመጽእ ግድን ከምዝነበረ**
- **ኣወላልዳ የሱስ ኣዳማዊ ርስሓት ከይበከሎ ክፍጸም ዘለዎ ምኻኑ**
- **ደም የሱስ ንጹህ ደም ካብ ምኻኑ ዝተላዕለ ኣብ ህይወት ብጽድቂ ክገዝእ ክጽግሞ ዝኽእል ዘይምንባሩን ባዕሉ ከይፈቐደ ኣብ ህይወቱ ዝኾነ ይኹን ክገብር ግዝኣት ዝነበሮ ከምዘይነበረን**
- **ንሓጢኣትን መርገምን ዓሌት ኣዳም ክቕንጥጥ ዝገበሮ ብቑዕ መስዋእትን ብሰፊሑ ክንርኢ ኢና።**

1 ኣድላይነት ምፍሳስ ደም የሱስ

1.1 ናይ እግዚኣብሄር ቅድስናን ዕልወት ኣዳምን

እግዚኣብሄር ቅዱስ እዩ (1ጴጥ 1፡16)። ኣብኡ ምንም ጉድለት የለን። ኣዒንቱ ነቲ እኩይ ንምርኣይ ኣዝየን ጹሩያት እየን። ኣበሳ ክጥምት ኣይኮነሉን (ኣንባቆም1፡13)። በትሪ መንግስቱ ሓቅን ቅንዕናን እዩ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ቅንዕንኡ ኣየጥፍእን።

ቅድስናኡ ዙፋን ኩሉ ባህርያቱ እዩ። ኩሉ ዝኽእል፡ ኩሉ ዝፈልጥ፡ ኣብ ኩሉ ዝነብር ምኻኑ ብዘይ ቅድስና እንታይ ዓይነት ኣምላኻዊ መልክዕ ምሃቦ? ቅድስንኡ ኀኹሉ ካልእ ባህርያቱ ጠሚሩ ዝሕዝ ልዑል ባህርይ እዩ። ክእለቱ ቅዱስ ክእለት እዩ። ሓይሉ ቅዱስ ሓይሊ እዩ። ጥበቡ ቅዱስ ጥበብ እዩ። ቅድስንኡ ፍጻሜ፡ ምልኣት ኩሉ ባህርዩ እዩ። ብሓቂ እግዚኣብሄር ቅዱስ እዩ። “እቶም ኣርባዕተ እንስሳ ድማ ነፍስወከፎም ... ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ እቲ ዝነበረን ዘሎን ዚመጽእን ኩሉ ዚከኣሎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ እዩ፡ ይብሉ”(ራእ 4፡8)

ኀኹሉ ነናቱ መናብርቲ ኣሎዎ። ኩሉ መምስ ዓሌቱ እዩ ዝነብር። ቅዱስ ምስ ዘይቅዱስ እንታይ ዘራኽብ ኣሎዎ። ጽድቅን ሓጢኣትን እንታይ ሕብረት ኣሎዎ (2ቆረ 6፡14-15)። ብርሃን ምስ ጸልማት ብሓደ ከመይ ጌሮም ይነብሩ? ስለዚ ብዘይ ቅድስና ምስ ኣምላኽ ምንባር ኣይክኣልን። ዝኾነ ኣካል ምስ እግዚኣብሄር ክነብር እንተኾይኑ ጻድቕ ክኸውን ኣሎዎ።

እቲ ሓቂ እዚ ስለዝኾነ እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥር ምስደለየ፡ ብመልክዑ ከም ምስሉ ጌሩ ፈጢርዎ (ዘፍ 1፡26-27)። ምስኡ ክነብር ዝኽእል ጌሩ ፈጢርዎ። ይኹን እምበር ምስ ኣምላኽ ምኻኑ ብምርጭኡ ክኸውን ስለዝተደለ ንኣምላኽ ክቕደስ ምርጫኡ ዘነጽር ትእዛዝ ተዋሂብዎ።

“እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ምርኣዩ ዘብህግ ምብሉዑ ዝጥዑም ኩሉ ኦም ኣብ ምድሪ ኣብቀለ፡ ኣብ ማእከል ገነት ከኣ ኦም ህይወት፡ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ድማ” (ዘፍ 2፡9)። “እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ከምዝደለኻ ብላዕ። ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትሰ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ ካብኣ ኣይትብላዕ ኢሉ ኣዘዞ” (ዘፍ 2፡16-17)።

ኣዳም ብጽድቂ፡ ብትእዝዞ እንተተመላሊሱ ምስ ኣምላኽ ብህይወት ከምዝነብር፡ ንቅድስና እንተተሓሪሙ ከኣ ናይ ሞት መቐጻዕቲ ከምዝስዕቦ ትእዛዝ ተዋሂቡ። ሞት ክብሃል እንከሎ መ- መርያ ብዘይ ቅድስና ምስ ኣምላኽ ስለዘይንበር ካብ ኣምላኽ ምፍላይ እዩ። ብድሕሪኡ ሙማት ስጋኻ እዩ ዘመልክት። ስጋና ብጽሓይን ቁርን ዝተፈላለዩ ተጓዳእቲ ነፍሳትን ዝመውት ኮይኑ ኣይተፈጥረን። ከም ሓሳብ ኣምላኽ ኣብዚ ምድሪዚ ዝገዝእ እምበር ዝመውት ኣይነበረን። ስለዚ ኩሉ ናብ ሞት ዘብጽሕ ኩነታት (ሕማም፡ ድኽነት፡ ጉስቅልና.,,,. ወዘተ) ሞት ከምዝኾነ ኣብ ዘዳግም 28 ብዝርዝር ኣብ ትሕቲ መርገም ገሊጽዎም ኣሎ። ኣብ ዘፍ 2፡17 ግን እግዚኣብሄር ካብ ቅድስና ምውጻእ ዘስዕቦ መቐጻዕቲ ጥቕልል ብዝበለ ብሓንቲ መርገም፡ “ሞት ክትመውት ኢኻ” ብዝብል ገሊጽዎ ኣሎ።

ኣዳም ካብ ትእዛዝ ወጻኢ እንተተረኺቡ ሞት ከምዝመውት ዝኣወጀ እግዚኣብሄር እዩ። ካብዚ ከምንርድኦ ንሓጢኣት መርገም ከምዝስዕቦ እግዚኣብሄር ዝኣወጆ ኣዋጅ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ጽድቂ ዘሎዎ ተሪር መርገጺ እዩ። ንሰይጣን ካብ ዙፋኑ ዝደርበዮውን እግዚኣብሄር ካብ ቅድስና ወጻኢ ከምዘይቅረብ ዘረጋግጽ እዩ። ስለዚ እቲ ንቅድስና ዝሕረም ብዘይ ኣምላኽ ኮይኑ ከምዝነብር እሞ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝረኽቦ ዝነበረ ጥቕምታት ኩሉ ከምዝስእኖን ካብቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ቃል ክንርዳእ ንኽእል።

ምኽሪ ኣምላኽ ኣብ ሰብ ልዑል እኳ እንተኾነ ሰብ ብዛዕባ ርእሱ እኩይ ምኽሪ መኺሩ። ኣዳም፡ ኣብ ዘፍጥረት ሳልሳይ ምዕራፍ ብሰፊሑ ተገሊጹ ከምዘሎ ካብ ቅድስና ርኽሰት ካብ ንእግዚኣብሄር ምእዛዝ ዘይምእዛዝ መሪጹ። በዚ ከኣ ኣብ ትሕቲ እቲ ዝተኣወጀ ናይ ሕጊ መርገም ኣትዩ። ምስ ኣምላኽ ስለዝተባእሰ ግዳይ ሕጊ ዝኣወጆ መርገም ኮይኑ።

ኣዳም ንሕጊ ኣምላኽ ብምፍራሱ ንእግዚኣብሄር በዲሉ። ትእዛዝ ምፍራስ ኣብ ልዕሊቲ ኣዛዚ ዘሎካ ንዕቀት እዩ ዘርኢ። ዘይምእዛዝ፡ ንላዕላዊነት፡ ጎይትነት፡ ኣምላኽነት፡ እቲ ዓብይን ቅዱስን እግዚኣብሄር ምንጻግ እዩ። እዚ ብምግባሩ እንትርፊ ንእግዚኣብሄር ንኻልእ ዝበደሎ የሎን። እቲ ንእግዚኣብሄር ምብዳል ግን ግዳይ ናይቲ ዝተኣወጀ ናይ ሕጊ መርገም ገርዎ።

መብዛሕቲ ጊዜ ኣብ በደል ምስንርከብ ዘጉህየና ዕዉታት ኮይንና ብዘይምርካብና እምበር ንእግዚኣብሄር ብሓጢኣትና ብዙሕ ከምዘጉሃናዮ ሓሲብና ኣይኮነን። ብዕምቆት ክርድኣና ካብ ዘለዎ ሓደ ዓቢ ናይ ዓወትና ምስጢር ግን ንቓል እግዚኣብሄር ዘይምእዛዝና ንእግዚኣብሄር ጥራይ ምብዳል ምኻኑ እዩ። ምኽንያቱ ምንም ዘይብልና ድርቡያት ዝገበረና ምስጢር

ንእግዚኣብሄር ምብዳልና ብእኡ ምኽንያት ከኣ ህላዌኡ ሓይሉ ክእለቱ ጥበቡ ምኽሩ ፍልጠቱ - ካባና ስለዘልገሰ እምበር ምስ ናትና ሓይልን ክእለትን ዝተኣሳሰር ኣይኮነን።

1.2 ስልጣን ምድሪ ንሰብ እዩ ተዋሂቡ

ሰብ ከም ኣምባሳደር ኣምላኽ ኮይኑ ንምድሪ ብሙሉእ ሓላፍነት ከመሓድራ፣ ክገዝኣ፣ ክመልካ ምሉእ ስልጣን ተዋሂቡ (ዘፍ 1፡26-28)። ናይ ምድሪ ንጉስ ኮይኑ፣ ዝኾነ ካብ ስርዓት ወጻኢ ምስዘጋጥም ኣብ መስመሩ ከእትዎ ምሉእ ስልጣን ተዋሂቡ።

እቲ ንምድሪ ሰመያዊት ክትከውን ምሉእ ስልጣን ዝተዋህቦ ሰብ፣ ከምዝተዋህቦ ስልጣን ስለዘይዓየ ብኣምላኽ ዝተመደበሉ ኩሉ ክብሪ ኣጥፊእዎ። “ኩሉ ሓጢኡ ክብሪ ኣምላኽ ስኢኑ” (ሮሜ 3፡23)። ክብሩ፣ ሓይሉ፣ ክእለቱ፣ ጥበቡ ዝኾነ ኣምላኽ ስለዘጥፍኤ ሞይቱ ጥራይ ዘይኮነ ካብቲ ዘሎዎ ጥፉእ ኩነታት ብናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ዓይነት ሓይልን ክእለትን ክወጽእ ዘይክእል ኣዝዩ ዘሕዝን ፍጥረት ኮይኑ። (ሮሜ 3፡10-18)።

እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኾነ ኣምላኽ ንሰብ ኣብቲ ዘሎዎ ናይ ውድቀት ኩነታት ክሓድጎ ኣይፈቐደን። ካብቲ ዝነበሮ ኩነታት ከውጽኦ መዋጽኦ ክኸውን ዝኽእል ጥበብ ክጠብብ መዲቡ። እንታይ ዓይነት ጥበብ ክጥቀም እዩ? እግዚኣብሄር ንሰብ ምስ ፈጠሮ ንምድሪ ክዓ ያን ክመልካን ምሉእ ስልጣን ስለዝሃቦ፤ እቲ ፍታሕ ከመጽእ ዘሎዎ ኣካልውን ሰብ ክኸውን ኣሎዎ። ናይ እግዚኣብሄር ቃል ከምዝምህረና ሰብ ብገዛእ ርእሱ ክድሕን ዘይክኣሎ እንተኾይኑ ናይ ምድሓን ካልእ ኣማራጺ ኣክንድኡ ዘድሊ ኩሉ ግዴታታት ፈጺሙ ዝቕመሉ ክርከብ ኣሎዎ።

ከምቲ ብዘይምእዛዝ ሓደ ሰብ ኩሉ ሓጥእ ዝኾነ፣ ብምእዛዝ ሓደ ሰብ ጥራይ እዩ ኩሉ ክድሕን ወይ ናብ ጽድቂ ክመጽእ ዘሎዎ (ሮሜ 5፡19)። ንኣዳም ናብ ቦታ ቅድስንኡ፣ ክብሩ ክመልሶ ኣክንድኡ በኻ ዝኾነሉ ነዛ ምድሪ ብጽድቂ ኪገዝኣን ክመልካን ዚከኣሎ ሰብ እግዚኣብሄር ብዘይካ ገዛእ ርእሱ ሰብ ኮይኑ ናብ ምድሪ ምምጻእ ካልእ ዝኾነ ኣማራጺ ስለዘይነበሮ ነዚ ልዑል መስዋእቲ ክፍጽም ናብ ምድሪ ክመጽእ ግድን ኮኖ። እግዚኣብሄር ንቓሉ ክኽሕድ ኣይክእልን እዩ። ሰብ ከምቲ ዝተባህሎ ክመውት ኣሎዎ፤ ወይ ኣክንድኡ ዝሞተሉ ክረክብ ኣሎዎ።

1.3 ብዘይ ደም ይቕረታ የሎን

ብዘይ ኣክንዳኻ ዝቕውም ኣካል ሕድገት ሓጢኣት የሎን። ኣዳም ምስወደቐ እግዚኣብሄር ንምትንሳኡ ናብ ምድሪ ክመጽእ ዘድሊ ምድላው ስለዘይተማልኤ ክሳብ እቲ ምዱብ ጊዜ ዝመጽእ ንግዚኡ ዝኸውን ናይቲ ዝመጽእ ጽላለት ናይ እንስሳ መስዋእቲ ክፍጸም ተገሩ። ድሕሪ ውድቀት፣ ብቕጥታ፣ እግዚኣብሄር ምስ ኣዳም ክራኸብ ቅድሚ ኩሉ ዝገበሮ እንተኔሩ ነቲ ጥራዩ ምኳን ብደበሎ ምክዳን እዩ (ዘፍ 3፡21)። እቲ ጥራዩ ኮይኑ ካብ ኣምላኽ ተሓቢኡ ዝነበረ (ብዘይ ኣምላኽ ዝነበረ) ኣዳም ድሒሩ ምስ ኣምላኽ ብትብዓት ክራኸብ ዝገበሮ እቲ ዝተኸድኖ ደበሎ (ምፍሳስ ደም) እዩ ኔሩ። ኣቤልውን ካብ ጥሪቱ ቐዳሪ መስዋእቲ ናብ ኣምላኽ ብምቕራብ ናይ መጀመርያ ናይ ኣምልኾ ተግባር ክገብር ንርኢ። ኣብ ዕብ 11፡4 *“ኣቤል ካብ መስዋእቲ ቃኤል ዘበልጾ መስዋእቲ ንኣምላኽ ብእምነት ኣቕረበ”* ይብል። ኣቤል ቅቡል መስዋእቲ ብምቕራብ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካብቶም ብእምነት ዝፍለጡ ቀዳማይ ኣማኒ ምንባሩ ይትርኽ። ነቲ መስዋእቱ ቅቡል ዘገብሮ ምስጢር ናይ ደም መስዋእቲ ስለዝነበረ እዩ። ብዘይ ደም ብእምነት ናብ ኣምላኽ ምቕራብ የለን።

ብድሕር`ዚ ኖህ ድሕሪ ማይ ኣይሂ ናይ ደም መስዋእቲ ከቕርብ ንርእዮ (ዘፍ 8፡20)። እታ ድሕሪ ማይ ኣይሂ ዝመጸት ወይ ዝተፈጥረት ዓለም ብመስዋእቲ ደም እያ ትፍልም። ኣብርሃም ኻኹሉ ናይ በረኽትን ምምጻእ የሱስ ክርስቶስን መገዲ ክኸውን ምስ እግዚኣብሄር ናይ ደም ኪዳን ኣትዩ። ብመሰረት ዝኣተዎ ኪዳን ክሳብ ናይ ገዛእ ርእሱ መስዋእቲ ዝሓትት ዋጋ ክኸፍል ፍቓደኛ ምኳን ስለዝነበረ ንዝተባህሎ ዝኾነ ይኹን መስዋእቲ ክፍጽም ግድን ኔርዎ። ንወዱ መስዋእቲ ከቕርብ ምስተሓተ ኣብርሃም ንወዱ ይስሃቕ ከም መስዋእቲ ሕሩድ ንኣምላኽ ከቕርብ ግዱድ ኔሩ። ኣብርሃም ነዚ ዓቢ ናይ እምነት ተግባር`ዚ ክፍጽም ካራ ኣብ ክሳድ ይስሃቕ ወዱ ምስ ኣንበረ፣ ንድሕሪት ዘይምለስ ተግባር ይገብር ከምዘሎ እግዚኣብሄር ርእዩ፣ ንተግባሩ ንጽድቂ ከምዝቖጽረሉ፣ ኣምሳያ ይስሃቕ ድማ ዝሕረድ ድዑል ከምዝሃቦ ቃል እግዚብሄር ይዛረብ (ዘፍ 22)። በዚ መሰረት እግዚኣብሄር ምስ ኣብርሃም ብዝኣተዎ ናይ ደም ኪዳን፣ ልክዕ ከም ኣብርሃም ወዱ የሱስ ኣክንዲ ኩሉ ዓለም ከም መስዋእቲ ሕሩድ ከቕርብ መገዲ ተኸፈቱ።

ድሕሪ ናይ ኣብርሃም መስዋእቲ 400 ዓመት፣ ይስሃቕ ወሊዱ ተዋሊዱ ህዝቢ እስራኤል ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ባርነት ናይ ግብጺ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ካብ ዝነበሮ ባርነት፣ ሓራ ዘውጽኦ

ምስጢር ኣብ ልዳት ነፍሰወከፍ ቤት ብዝተለኽየ ናይ መስዋእቲ ሕሩድ ደም እዩ ኔሩ። *(ዘጽ 12፡21-23) (ዘጽ 12፡13)*

ድሕሪ 50 መዓልቲ ናይ`ዚ ኩነትዚ እግዚኣብሄር ብመገዲ ሙሴ ኣብ ከረን ሲና (ከረን ሆሬብ) ሰብ ብዘይ ደም ምስ እግዚኣብሄር ሕብረት ክገብር ከም ዘይክእል ሕጊ ሃበ። *“እቶም ካህናት ኩሉ ሳዕ ኣብቲ ናይ ቅድሚት ድንኳን ኣገልግሎቶም ኬብጽሑ ይኣትዉ እዮም፣ ኣብቲ ኻልኣይ ግና እቲ ሊቀ ኻህን በይኑ ሓንሳእ ኣብ ዓመት ይኣቱ ግናኸ ብዘይ እቲ ምእንቲ ርእሱን ምእንቲ ስሕተት ህዝብን ዚቕርቦ ደም ኣይኣቱን እዩ።” (ዕብ 9፡6-7)* ኣብ ብሉይ ኪዳን፣ ዝኾነ ሰብ ምስ እግዚኣብሄር ክዕረቕ ደም ድቤላታት ወይ ኻልእ ኣበርን ርክሰትን ዘይብሉ እንስሳ ክቕርብ ግድን ኔርዎ።

“ደም ድቤላታትን ኣረውሕን ሓመኹስቲ ኣርሕን ኣብቶም ዝረኸቡ ተነጺጉ ንምጽራይ ስጋ ዚቕድስ ካብ ኮነስ ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ ንሰኻትኩም ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ኽንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ?” (ዕብ 9፡13-14)። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝፍጸም ዝነበረ መስዋእቲ ንሰብ ሙሉእ ዋጋ ክኸፍለሉ ዝኽእል ኣይነበረን። ንምንጻህ ስጋኡ እንተዘይኮይኑ ንናይ መንፈሱ ኩነታት ሙሉእ መልሲ ከምጽእ ይኽእል ስለዘይነበረ ብእኡ ከብቅዕ ኣይክኣልን። ደም እንስሳ ሓጢኣት ሰብ ካብ መንፈሱ ክድምስሶ ዝክኣሎ ኣይነበረን። ብእኡ እዩ ድማ ኣብ ብሉይ ኪዳን ካልኣይ ምውላድ ዘይነበረ። ስለዚ ናይ ድቤላታት መስዋእቲ ከም ጽላለት ናይ ዝመጽእ ሓቀኛ መስዋእቲ የሱስ ጥራይ እዩ ኔሩ።

2 ደም የሱስ፣ ፍሉይን ክቡርን እዩ

ብዘይ ምፍሳስ ደም ምሕረት ወይ ስሬት ሓጢኣት ከምዘየለ ኣቐዲምና ርኢና። ሰብ ኣክንድኡ ብዝፈሰስ ንጽህ ደም እንተዘይኮይኑ ካብ ርእሱ ብዝግበር ዝኾነ ይኹን ነገር ምስ ኣምላኽ ክትዓረቕ ኣይክእልን። በዚ ድማ እግዚኣብሄር ባዕሉ ምስ ሰብ መታን ክዕረቕ ወዱ ናብ ምድሪ ለኣኾ።

“ቃል ብመ- መርታ ነበረ፣ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፣ እቲ ቓልውን ኣምላኽ ነበረ።... እቲ ቓል ሲጋ ኾነ” (ዮሃ 1፡1,12)።

2.1 ዘርኢ ሰበይቲ

ቀጥታ ድሕሪ ውድቀት ኣዳም እግዚኣብሄር ብወዱ ንዝፍጸም ናይ ምድሓን ተስፋ ኣቐዲሙ ተነብዩ ኔሩ። ከምዚ ብምባል፡- *“ኣብ መንኾነን ኣብ መንጎ እዛ ሰበይትን ኣብ መንጎ ዘርእኻን ኣብ መንጎ ዘርኣን ክኣ ጽልኢ እተክል ኣለኹ። ንሱ ርእሽካ ክጭፍልቕ እዩ” (ዘፍ 3፡15)።* ነቲ ምንጪ ሓጢኣት ዝኾነ ጸላኢ ርእሱ ዝጭፍልቕ ካብ ሰበይቲ እምበር ካብ ሰብኣይ ዝውለድ ከምዘይኮነ ኣቐዲሙ እግዚኣብሄር ተዛሪቡ ኔሩ። ናይ ኣዳም ዘርኢ ኣይበለን። ብሓቂ ግን ዘርኢ ካብ ሰብኣይ እዩ ዝመጽእ። መጽሓፍ ቅዱስና ብዛዕባ ወለዶ ክዝርዝር እንከሎ ብኣቦ እዩ ዝሰምዮ። እዚ ርእሲ ዲያብሎስ ዝጭፍልቕ ዘርኢ ሰበይቲ ድኣ ከመይ ዝኣመሰለ እዩ? *“እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ፣ ሰሙውን ኣማኑኤል ክትሰምዮ እያ” (ኢሳ 7፡14)።* እዚ መሊኡ ኣብ ማቴዎስ ንረኽቦ። *“እንሆ ድንግል ክትጥንስ ወዲውን ክትወልድ እያ፣ ሰሙ ኸኣ ኣማኑኤል ክብልዎ እዮም ትርጉሙ፣ ኣምላኽ ምሳና እዩ።” (ማቴ 1፡23)* ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ። እቲ ርእሲ ዲያብሎስ ክጭፍልቕ ብኣቦ ዝልኣኽ ምድራዊ ኣቦ ወይ ዘርኢ ሰብኣይ ዘይብሉ ካብ ድንግል ተጠኒሱ ዝውለድ እዩ። ካብ ድንግል ክውለድ ግን ንምንታይ የድሊ?

2.2 ዓሌት ኣደም ኩሉ ሓጥእ እዩ

“ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ኣብ ዓለም ኣተወ” (ሮሜ 5፡12)። “ሞት ብኣበሳ እቲ ሓደ በቲ ሓደ ገዘኤ” (ሮሜ 5፡17) “ኩሎም ሓጢኣም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም” (ሮሜ 3፡23)። “ ካብ ሲጋ ዝተወለደ ሲጋ እዩ” (ዮሃ 3፡6)። ዘርኢ ኣዳም ዝተበላሸወ ዘርኢ እዩ። ካብኡ ጽድቂ ክመጽእ ኣይክእልን እዩ። ሰይጣን ዘርኡ ስለዝሓወሰሉ ንእግዚኣብሄር ዝኸውን

ካብኡ ክወጽእ ኣይክእልን። ንሱ ፈጺሙ ሞይቱ ከም ብሓድሽ ክውለድ ጥራይ የድልዮ (ዮሃ 3፡3)። ስለዚ የሱስ ካብ ኣዳም ክውለድ ኣይክእልን። ካብቲ ዝተበላሸወ ወለዶ ምንም ክወስድ ኣይክእልን።

እታ ሰበይቲኸ ድኣ? ብርግጽ ካብ ኣዳም ዝውለድ ኣዳም እዩ። ካብ ስጋ ዝውለድ ስጋ እዩ። እቲ ጉዳይ ናይ ወለዶ እምበር ናይ ውልቀሰብ ተግባር ኣይኮነን። ሰብ ካብ ኣዳም ብምውላዱ ጥራይ ተቓፋሊ ሓጥእ ባህርያቱ ይኸውን። ካብ ኣዳም ዝተወለደ ዘበለ ኩሉ ብዘይ ሓጢኣት ኣዳም ክኸውን ዝኽእል የሎን። ስለዚ ካብታ ትጠንሶ ድንግል እውን ንኣዳም ዘምስሎ ካብኣ ዝወስዶ ዝኾነ ይኹን ነገር ክህሉ የብሉን። ኣዳም ደረጃታት የብሉን። ኣዳም፡ ኣዳም እዩ። ስለዚ እቲ ግብሪ ዲያብሎስ ዘፈራርስ ህይወት ካብ ዓሌት ኣዳም ዝወርሶ ምንም ክህልዎ ኣይግባእን። ካብ ድንግል ጥራይ ይውለድ ስለዘሎ ካብ ኣዳም ዝወስዶ የብሉን። ካብ ማርያም ክውለድ እንተኾይኑኸ እቲ ኣዳማዊ መንነታ ከይተንከፎ ብኸመይ ክውለድ እዩ?

2.3 ህይወት ስጋ ኣብ ደምዩ

“ነፍሲ ሰጋ ኣብቲ ደም እዩ፡ ነታ ነፍሲ ዘተዓርቓ እቲ ደም እዩ” (ዘለ 17፡11)። ህይወት ናይ ስጋ ኣብ ደም እዩ። ነፍሲ ወይ ህይወት የሱስ ኣብ ደሙ እንድሕር ኮይኑ፡ ካብ ኣዳም ዝወስዶ ደም ባህሪ ኣዳም ስለዘሕልፈሉ ካብኡ ፈጺሙ ነጻ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ዘርኢ ካብ ሰብኣይ ስለዘይኮነ ካብ ሰብኣይ ዝሓልፎ ደም የሎን። ካብታ ብድንግልና ትጠንሶ ሰበይቲኸ? ኣብ ማህጸን እንከሎ ካብ ሰበይቲ ናብቲ ውላድ ዝሓልፍ ደም የሎን። እቲ ዘርኢ ወይ ድቂ ሙሉእ ሰብ እዩ። ንሱ ይዓቢ እምበር ኣብኡ ዝውሰኽ ወይ ካብኡ ዝንከ ግዳማዊ ባእታ የብሉን። ካብ ኣዲኡ ናብኡ ዝመጸ ደም የለን። ካብ ኣዲኡ ምግብን ኦክስጅንን ጥራይ ይመጸ። እዚ ድሮ ብመዲካል ሳይንስ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። ሓንቲ ናይ ኤች ኣይ ቪ ቫይረስ ተሸካሚት ዝኾነት ኣደ ጥዑይ ሕጻን ክትወልድ ዘኽእላ ምስጢርውን እዚ እዩ። ስለዚ የሱስ ምድራዊ ኣቦ ስለዘይብሉ ካብኡ ዝሓልፎ ዝኾነ ነገር የብሉን፡ ካብታ ዝጠነሰቶ ድንግልውን ኣብ ማህጸን እንከሎ ናብኡ ተሕልፈሉ ደም የሎን፡ እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣመጻጽኣ እቲ ድቂ እዩ ክኸውን። እቲ ድቂ ብኸመይ እዩ ካብቲ ኣዳማዊ ባህርይ ኩሉ ነጻ ዝኾነ ሰብ ኮይኑ ተጠኒሱ?

2.4 ቃል ስጋ ኾነ

“ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ እቲ ቓልውን ኣምላኽ ነበረ። ... እቲ ቓል ሲጋ ኾነ” (ዮሃ 1፡1,12)። እቲ ቓል ስጋ ኾነ። እቲ ቃል ንሱዩ ሰብ ኮይኑ። እቲ ድቂ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦ ዝመጸ ቃል እዩ። ቃል ሙሉእ እዩ። ፍርቂ ቃል ዝብሃል የሎን። ቃል ብርእሱ የሱስ እዩ። እቲ ሰብ ዝኾነውን ዘሎውን እቲ ቃል ዝነበረ የሱስ እዩ። ስለዚ ንእኡ ክንመቻቻሎ ኣይንኽእልን ኢና። ካብ እግዚኣብሄር ዝወረደ ቃል ዘርኢ ሰብኣይ ጥራይ እዩ ኔሩ ኢልና ከነኣእሶ ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ብገብሪኤል መልኣክ *“እንሆ ክትጠንሲ ውዲውን ክትወልዲ ሰሙ ኽኣ የሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ። ንሱ ዓብዪ ኪኾውን ወዲ ልዑልውን ኪብሃል እዩ” (ሉቃ 1።31-32)* ዝተባህለ ቃል ምሉእ ሰብ ምኻኑዩ ዘመልክት። እቲ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ወዲ ኣምላኽ ንምድሓን ዓሌት ኣዳም ኣብ ማህጸን ማርያም ከም ሰብ ኮይኑ ክጥነስ ፍቓድ ይሓትት ኣሎ እምበር ቀዲሙ ዘይነበረ ሕጂ ዝፍጠር ዘሎ ኣይኮነን። ኣብ ዕብራውያን እውን ስጋ ኣዳሎኻለይ ይብል። ከምዚ ክብል እንከሎ ነቲ ዘለኣለማዊ ቃል ኣብ ምድሪ ተልእኮኡ ክፍጽም ዘድልዮ ሰብኣዊ ስጋ ብዛዕባ ምልባሱ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። ኣምላኽ ሰብ ክኸውን ክሳብ ክንድኡ ክትሕት ፍቓደኛ ኮይኑ ኣብ ማህጸን ማርያም ይመጽእ ኣሎ። እቲ ኣምላኽነቱ ከምምንዛዕ ከይቆጸሮ ሰብ ክኸውን መረጹ (ፊል 2፡6-8)። እቲ ቃል ሰብ ክኸውን ይሓትት ኣሎ።

ከመይ ኢሉ ክጥነስ እዩ? እዚ እታ ንእኡ ዝተቐበለት ማርያም እውን ሓቲታቶ ዝነበረት ሕቶ እዩ። *ከመይ ኢሉ ይኸውን? “መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ሓይሊ ልዑልውን ኪጽልለኪ እዩ። ስለዚ ኽኣ እቲ ዚውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ኪብሃል እዩ።... ንኣምላኽ ዚሰኣኖ ሰለ ዘየልቦ...። ማርያም ከኣ እኔኹ ኣነ ባርያ እግዚኣብሄር ከምቲ ዘረኻኻ ይኹነለይ” (ሉቃ 1፡35-38)* በለት። ካብ ኣፍ እግዚኣብሄር ዝመጽእ ኩሉ፡ ክፍጸም እምነት ጥራይ የድልዮ። ማርያም፡ እግዚኣብሄር ነቲ ዝበሎ ክፍጽሞ ከምዝኽእል ምስ ተዛረባ ክትኣምን መረጸ። እቲ ቃል ብእምነት ማርያም ኣብ ማህጸና ተጠኒሱ። እቲ ቃል ብእምነት ምስተቐበለቶ መጀመርያ ኣብ መንፈሳ ተጠኒሱ፡ ብኡ ድማ ኣብ ማህጸና ድቂ ኮይኑ ተጋሂዱ፡ ኣብ ማህጸና ብግቡእ ዓበዩ ተወሊዱ። ማርያም እቲ ቃል ኣብ ማህጸና ሰብ ኮይኑ ክጥነስ ኣሚና። ብዘይ ዝኾነ ባህርያዊ መገዲ ነቲ ቃል ብምኣማን ጥራይ ሰብ ክውለድ ኣሚና። እዚ እምነትዚ ኣዝዩ ዓ ብዪ እዩ። በዚ እዩ ድማ ካብ ኩለን ኣንስቲ ብጽእቲ ዝተባህለት።

ናይ የሱስ ኣወላልዳ ልክዕ ከምቲ ካልእ እግዚኣብሄር ዝህበና በረኸት ኣብ ህይወትና ዝግሃደሉ መገዲ እዩ። ሰብ ብእግዚኣብሄር ኪፍወስ እንተኾይኑ ካብ ኣፍ እግዚኣብሄር ንዝሰምየ ዝተገልጸሉ ቃል ምስተቐበለ እቲ ቃል ኣብ መንፈሱ ይጥነስ፣ ስሚቡ እቲ ቃል ዝብሎ ብጉሁድ ኣብ ስጋኡ ይርኤ። ካብ እግዚኣብሄር ዝኸውን ኩሉ መንፈሳዊ እዩ። ማርያም ከኣ ነቲ ብዝኾነ ኣእምሮ ክእመን ይኹን ሳይንሳዊ መረጋገጺ ክርከቦ ዘይክኣል ብምእማና የሱስ ክርስቶስ ንምውላድ በቒዓ። ናይ እግዚኣብሄር ቃል ብዛዕባ ምጥናስ ሳራ ከምዚ ይብል፣ “ሳራ እኳ ጊዜኣ ምስ ሓለፈ ነቲ ተስፋ ዝሃባ እሙን ገይራ ስለ ዝረኣየቶ ዘርኢ ንምትካል ብእምነት ሓይሊ ረኸበት” (ዕብ 11፡11)። ማርያም ድማ ነቲ ዝተዋህባ ቃል ኣብ ማህጸና ንምትካል ብእምነት ሓይሊ ረኸበት። ስለዚ እቲ ደሙ፣ ሙሉእ ብሙሉእ ካብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዝወሰዶ ደም እዩ። ብእኡ እዩ ድማ እቲ ዝውለድ ***ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ*** ክብሃል እዩ ዝተባህለ። ኣብ መትንታቱ ዝዛወር ዝነበረ ደም ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ጽሩይ ደም እዩ።

2.5 ኣብ የሱስ ሞት ኣይነበረን

እቲ ብንጽህና ዝተወልደ የሱስ እቲ ምድራዊ ህይወቱ እንታይ ይምስክር? የሱስ ኣዝዩ ዘገርም ህይወት ከምዝነበሮ ኣርባዕቲኡ ወንጌል ይምስክር። የሱስ ካብቲ ውድቀት፣ ሕመኞ፣ ድኻም ዝተፍእ ናይ ኣዳም ደም ዘይለኸዮ ምንባሩ ንምድሪ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ትሕቲ እግሩ ገዚእዋ ከመላለስ ተራእዩ። የሱስ ንዝደልዮ ክገብር ዝኽእል ኔሩ። ብጥበብ ዝመልኡ፣ ኃኹሉ ዝተመሳቐለ ሕዱ ካብ ኣፍንጫኡ ዘይርሓቐ መልሲ ዝነበሮ፣ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዘየናውጾ ኣብ ማእከል ማዕበላት ዓሚቕ ድቃስ ዝድቅስ ኣደናቒ ሰብ እዩ ኔሩ።

ሞት ዓስቢ ሓጢኣት እዩ። ኣብ የሱስ ሓጢኣት ስለዘይነበረ ኣብኡ ሞት ኣይነበረን። ነዚ ከመልክት ባዕሉ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ከምዚ ኢሉ ተዛረቡ፣ *“ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ይመጽእ ኣሎ እም ኣባይ ሓንቲ እኳ የብሉን” (ዮሃ14፡30)*። ኣዳም መጸውቲ ጸላኢ ዝኾነ ኣብ ውድቀት ምስተረኽበ እዩ። ምስ ኣምላኹ ብጽድቂ ኣብ ዝመላለሰሉ ዝነበረ ጊዜ ዘይግዘኦ ኣይነበረን። እዚ ቃል ይብለና ከምዘሎውን ኣብ ልዕሊ ጽድቂ ዝልዕልን ዝመልኽን የሎን። ኣብቲ ሓጢኣት ዘይነበሮ የሱስ፣ ሰይጣን ግዝኣት ኣይነበሮን። ብእኡ እዩ ድማ ፈቐድኡ ንሰባት ኣሲሮም ዝነበሮ መናፍስቲ እከይ ብጥቕኦም ብምሕላፉ ጥራይ ካብኡ ዝሃድሙ ዝነብሩ። ብሓንቲ ካብ ኣፉ ትወጽእ ቃል ድማ ብፍርህን ራዕድን ዝግዝእዎ ዝነበሩ። ሰይጣን ኣብ ጸልማት እዩ ግዝኣት ዘለዎ። ኣብቲ ሓጢኣት ወይ ኣሰር ሓጢኣት ዘይብሉ ኣብኡ ምንም ግደ የብሉን።

የሱስ መሊሱ ከምዚ ይብል፡ *“ኣነ ንነፍሰይ ባዕለይ እየ በኻ ዘሕልፋ እምበር ካባይ ዚወስዳስ የልቦን” (ዮሃ 10፡18)።* የሱስ ክርስቶስ ንዝመጸ ተልእኾ ንምፍጻም ኢሉ ንህይወቱ በኻ ኩሉ ሰብ ከሕልፋ ስለዝመረጸ እንተዘይኮይኑ ኣብኡስ ሞት ኣይነበረን። ናይ የሱስ ህይወት እንተተዓዚብና ክሳብ ኣብ ጌተሰማኒ ኣክንዳና ኮይኑ መርገምና ክስከም ንርእሱ ኣሕሊፉ ምሃቡ፤ ክትንክፎ ዝኽእል ኣይነበረን። በቲ ዝምህሮ ዝነበረ ዘይተሓሳስሉ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ሰባት እንዳወደቡ ክሃርምዎን ከሰናብድዎን ብዙሕ ጊዜ እኳ እንተሓሰቡ ምንም ክገብርዎ ኣይክኣሉን። ካብ ፍቓዱ ወጻኢ መን ክትንክፍ! ሃሌሉያ!!! ነዚ ዘመልክት ይሁዳ ምስ ኣትሓዞ ዝተፈጸመ ኩነታት ምርኣዩ ኣገዳሲ እዩ። *“.... ንየሱሰ ሓዝዎ። እንሆ ካብቶም ምስ የሱስ ዝነበሩ ሓደ ኢዱ ዘርጊሑ ሰይፉ መልሔ፡ ንባርያ ሊቀ ኻህናት ወቒዑ ከኣ እዝኑ ቆረጸ። ሽዑ የሱስ በሎ ሰይፊ ዘልዕሉ ኹሎም ብሰይፊ ይጠፍኡ እዮም እሞ ንሰይፍካ ናብ ቤታ ምለሳ። <u>ነበይ ምልማኑ ዘይክኣለኒ ንሱ ኸኣ ካብ ዓሰርተው ክልተ ለጌዎን ዚበዝሑ መላእኽቲ ሕጂ ኺሰደለይ ዘይክእልዶ ይመስለካ ኣሎ?</u>” (ማቴ 26፡50-53) “ንሳቶም ከኣ ኣኣዳዎም ኣብኡ ዘርጊሖም ሓዝዎ። ካብቶም ኣብ ጥቓኡ ደው ዝበሉ ሓደ ግና ሰይፉ መሊሑ ነቲ ባርያ ሊቀ ኻህናት ወቒዑ እዝኑ ቆረጸ። የሱስ ድማ ከም ንኽታሪዶ ኣሰየፍን ኣባትርን ሒዝኩም ክትሕዙኒ መጻእኩም ኣብ ቤተ መቕደስ እናመሃርኩ ዕለት ዕለት ምሻትኩም እውዕል ነበርኩ እሞ ኣይሓዝኩምንን። <u>እዚ ግና እተን ጽሑፋት ምእንቲ ኺፍጸማ ይኸውን ኣሎ</u>” (ማር 14፡46-49)።* ንምድሓን ዘድሊ ዋጋ ንምኽፋል፡ ጽሑፍ ክፍጽም እንተዘይኮይኑ ኣብ ህይወቱ ስልጣን ዝነበሮ ኣይነበረን። ኣብ ኢዶም ዘውደቕ ምኽኣል ተሳኢንዎ ዘይኮነ ፍቓድ ኣቦ ክመልእ ጥራይ እዩ ኔሩ። ንየሱስ ክሳብ ክንድዚ ዘገርም ህይወት ኔርዎ። *“እቲ ቐዳማይ ሰብ ካብ ምድሪ ኾይኑ መሬታዊ እዩ፡ ኣቲ ኻልኣይ ሰብ ግና ካብ ሰማይ እዩ።” (1ቆሮ 15፡47)* እቲ ሓደ ንሰይጣን ክስዕር ዝኽኣለ ፍሉይ ሰብ!! ኣወላልድኡ ተልእኾኡ ንምፍጻም ወሳኒ እዩ። ካብ ኣቦ ዝመጸ እንተዘይነብር ካብ ሓጢኣት ነጻ ኮይኑ ኪመላለስ ኣይምኽኣለን። ካብ ኣቦ ስለዝተወልደ ግን ከም ፍቓድ ኣቦ ተመላሊሱ ኻኽብሪ ኣቦ ዝነብር ኮይኑ። ንሱ ሞት ዘይግብኦ፡ ኣብኡውን ሞት ዘይነበሮ እንተዘይነብር ኣክንዲቲ ዝሞተ ኣዳም ከም መስዋእቲ ክቕርብ ኣይምኽኣለን።

ስለዚ ደም የሱስ፡ ደም ወዲ ኣምላኽ እዩ። ምንም ሕዋስ ዘይብሉ ንጹህ ደም እዩ። ኻኹሉ ርስሓት ንምጽራይ፡ ንኣምላኽ ሙሉእ ምላሽ ንምሃብ፡ ከም መስዋእቲ ክቕርብ ዝኽእል ብቕዕ ደም እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዚፈስስ ዝነበረ ደም ድዓውል፡ ናይቲ ክመጽእ ዘሎዎ መስዋእቲ የሱስ ምሳሌን፡ ጽላሎትን እምበር ኣክንዲ ሰብ ሙሉእ ካሕሳን ምንጻህን ከምጽእ

ዚከኣሎ፡ መስዋእቲ ኣይነበረን። እቲ ዝቐርብ ዝነበረ መስዋእቲ፡ ብየሱስ ንዝግበር መስዋእቲ ዘመልክት ጥራይ እዩ።

3 ምፍሳስ ደም የሱስ

ኣብ መትንታት የሱስ፡ ደም ጻድቕ ይመላልስ ስለዝነበረ ኣብኡ እቲ ጸላኢ ምንም ግደ ከምዘይነበሮ ርኢና። ኣብኡ ሓጢኣት ስለዘይነበረ ንህይወቱ ባዕሉ ድኣ ኣክንዲ እቲ ሞይቱ ዝነበረ ኣዳም ኣሕሊፉ ክህብ እምበር ክመውት ዝግብኡ ከምዘይነበረውን ርኢና። እዚ ኣክንዲ እቲ ዝወደቐ ኣዳም በኻ ክሽውን ብኹሉ ኩነታቱ ብቐዕ ዝኾነ የሱስ ንምድሓን ኣዳም ዝበቕዕ መስዋእቲ ከመይ ጌሩ ከምዘቐረበ ስዒብና ክንርኢ ኢና።

ብመጀመርያ እግዚኣብሄር ንኣዳም ብህይወት ዝነብረሉ ናይ ጽድቂ ሕጊ ሂብዎ፡ ካብኡ ምስዝወጽእ ሞት ከምዝመውት ነጊርዎ (ዘፍ 2፡17)። እዚ ሞትዚ ምድራውን መንፈሳውን ሞት ክሽውን እንከሎ ኣብ ውሽጢ ሞት ዝርከብ ኩሉ መርገም ኣብ ዘዳግም 28 ብዝርዝር ተጠቒሱ ኣሎ። ብህይወት ክነብር ከምቲ ዝተኣዘዞ ንሕጊ ኣምላኽ ብዘይ ዝኾነ ጉድለት ኪመልእ ኔርዎ። ካብ ቃል ኣምላኽ ወጻኢ ኪርከብ ኣይነበሮን። ይኹን እምበር ኣንጻር ኣምላኽ ብምሻን ንሕጊ ኣምላኽ ኣፍሪሱ። ካብ ሕጊ ኣምላኽ ወጻኢ ድማ ኾይኑ። ወዲቑ። ሓጥእ ኾይኑ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ግዳይ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ምፍራስ ሕጊ ዝተኣወጀ መርገም ኮይኑ። እቲ መርገም ስጋውን (ምድራዊ) መንፈሳውን መልክዕ ኔርዎ። እቲ ስጋዊ ኣብዚ ምድሪዚ ብህይወት እንኮለኻ ጥራይ ዝግሃድ ከም ሕማም ድኽነት ጉስቅልና መኻንነት ሕስራን ዝኣመሰሉ ከጠቓልል እንከሎ እቲ መንፈሳዊ ድማ ኣብዚ ምድሪዚ ጀሚሩ ኣብ ገሃነም ዝቕጽል ካብ እግዚኣብሄር ብምፍላይ ዝግለጽ መንፈሳዊ ሞት እዩ። ስለዚ የሱስ ንምድሓንና ዘፍስሶ ደም ነዚ ዝተጠቕሰ ናይ መርገም ኩነታት ግቡእ ምላሽ ክህብ ኣሎዎ። ብመጀመርያ ነቲ ሕጊ ምፍራስና ኣክንዳና ሕጊ ክመልእ ኣሎዎ። ማዕረ ማዕርኡ ኾኣ ብሰንኪ ሕጊ ምፍራስና ንዝወረደና መርገም ኣክንዳና ኮይኑ ክሽከሞ ኣሎዎ። የሱስ ንምድሓንና ኣክንዳና ዝቕውም መንነኛ ክሽውን እቲ ብኣና ክፍጸም ዘይተኻእለ ኩሉ ክፍጽም ኣሎዎ።

3.1 ኣክንዳና ሕጊ ኣማሊኡ

ሕጊ ኣምላኽ ንዘይምምላእና ክመልእ የሱስ ክርስቶስ ኣብዚ ምድሪዚ መጺኡ ሙሉእ ብሙሉእ ሕጊ ኣምላኽ ክፍጽም ግድን ኔርዎ። ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ ክርከብ ኣይነበሮን። ነዚ ሓቂዚ ንምንጽብራቕ ባዕሉ ከምዚ ኢሉ፡- *“ወድሰ ኣቦኡ ኺገብሮ ዝረኣዮ እምበር ካብ ርእሱ ሓንቲ ነገር እኳ ኺገብር ኣይክኣሎን” (ዮሃ 5፡19)። “ካብ ርእሰይ ገለ ኽገብር ኣይክእልን። ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር ፍቓደይ ኣይደልን እየ” (ዮሃ 5፡30)።*

“ብልዔይሲ ፍቓድ እቲ ዘለኻኽኒ ኽገብር ዕዮኡውን ክፍጽም እዩ” (ዮሃ 4፡34)። ብምባል ናይ ህይወት መትከሉ ይገልጽ።

ዲያብሎስ የሱስ ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ኣስጋኢ ሰብ ምኻኑ ብምስትውዓል ገና ብሕጻኑ ከጥፍኦ ተላዒሉ ኣይሰለጠን። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ሰባት ኣንጻሩ ብምትንሳእ ብዳርባ እምኒ ክቐትልዎ ብዙሕ ጊዜ እኳ እንተሓለኑ ንርእሱ ባዕሉ ንሞት ኣሕሊፉ እንተዘይሂቡ ኣብኡ ስልጣን ዝነበሮ ስለዘይነበረ ምንም ክገብርዎ ኣይክኣሉን። ዲያብሎስ ንሰብ ኣብ ሓጢኣት እንድሕር ኣእትይዎ ኣብ ትሕቲ ስልጣኑ ከምዝኸውን ስለዝፈልጥ ንየሱስ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ካብ ቃል ኣምላኽ ወጻኢ ኪኸውን ንምፍታን ብዝለዓለ ደረጃ ተተሓሓዘ። እቲ ቀዳማይ ኣጋጣሚ ንፍጻሜ ተልእኾኡ ክዳሎ ንጸሎትን ጾምን ብመንፈስ ቅዱስ ንኣርብዓ መዓልቲ ናብ ምድረበዳ ምስወጸ ድሕሪ ኣርብዓ መዓልቲ ጠምዩ ምኻኑ ርእዩ ንኣዳም ምኽንያት ውድቀት ዝነበረ ፈተናታት ክፍትኖ ተረኺቡ (ሉቃ 4፡1-13)። ኣብቲ ፈተና ግን ንናይ ዲያብሉስ መንግስቲ ዘነቓንቕ መልሲ ተሰሚዑ። የሱስ ምስ ዲያብሉስ ኣብ ሙጉትን ዘተን ኣይኣተወን። ኻኹሉ ዝቐረበሉ ሕቶ “ጽሑፍ እዩ” ብዝብል ቃል ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ልዕሊ እቲ ፍትወትን፣ ክብረት ርእሶን፣ ምኽዕባት ሃብትን፣ ዘሎዎ ኣምላኻዊ መርገጺ ብንጹር ገሊጹ። ንድያብሎስ ብርኡይ ስዒሩ መንፈስ ቅዱስ ብሓይሊ መሊእዎ ካብቲ ምድረበዳ ናብ ገሊላ መጺኡ።

በድሕርዚ ጌተሰማኒ ኣብ ትብሃል ቦታ መጺኡ ዝተፈጸመ ኩነት ድማ ፍቓድ ኣቦ ንኽፍጽም ዝነበሮ መርገጺ ብፍሉይ ተራእዩ። *“ነፍሰይ ክሳዕ ሞት ትጉሂ ኣላ ... ኣባ ኣቦይ ኩሉ ይክኣለካ እዩ እዛ ጽዋእ እዚኣ ኻባይ ኣሕልፋ። ግናኸ ንሽኻ ከም እትደልዮ እምበር ኣነ ከምዝደልዮ ኣይኹን በለ” (ማር 14፡34-36)። “ርሃጽ ከኣ ከም ነጥቢ ደም ናብ ምድሪ ይነጥብ ነበረ” (ሉቃ 22፡44)።* ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣብ ቅድሚኡ ኣዝዩ በዳሂ ኩነታት ይጽበዮ ከምዘሎ ብምርኣይ ደም ክሳብ ዝርህጽ ክሳዕ ሞት ከምዝጉሃየ ተራእዩ። ክሳብ ክንድዚ ዓሚቕ ጓሂ ዝተሰሞየ ኣብ መስቀል ክሳዕ ዝስቀልን፣ ምስተሰቕለን ብዘጋጥሞ ጸርፍን ውርደትን መግረፍትን ሞትን ጥራይ ዘይኮነ ድሕሪ ስጋዊ ሞት፣ ሓጢኣት ኮይኑ ኣብ ኢድ ዲያብሎስ ኣሕሊፉ ዝውሃበሉ ጊዜ ይጽበዮ ከምዘሎ ብምርኣይ እዩ ብዙሕ ዝጉሃየ። ካብቲ ዘፍቅሮ ኣቦኡ ተፈልዩ መስሓቕ ዲያብሉስ ዝኾነሉ ጊዜ ይጽበዮ ከምዝነበረ ብምስትውዓል እዩ እምበኣር ልዕሊ ኩሉ ንምጽዋሩ ከቢድዎ ነቲ ጽዋእ እቲ ክእለየሉ ዝጸለየ። ይኹን እምበር ኣብዚ በዳሂ ጊዜ እዚውን ፍቓድ ኣቦኡ እምበር ፍቓዱ ከይከውን ጸልዩ። ኻኹሉ ካብ ኣቦ

ዝመጽእ ክቕበል ፍቓደኛ ኮይኑ ተረኺቡ። እዚ ብምባሉ ድማ ድያብሎስ ካልኣይ ጊዜ መንግስቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ።

ብድሕርዚ ብይሁዳ ተታሒዙ ኣብ ኢድ እቶም ዝሰቕልዎ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ኣትዩ። ኣብ ኢዶም ካብ ዝኣተወላ ጊዜ ጀሚሩ ድማ ካብ ፍቓድ ኣቦ ወጺኡ ባዕላዊ ስጉምቲ ክወስድ ኣብ ልዕሊኡ ዘይተፈጸም ግፍዒ ኣይነበረን። ኣንጻር እዚ ኩሉ ግፍዒ ግን ካብ ፍቓድ ኣቦ ወጻኢ ገለ ከይተረክቦ ኻኹሉ ናይ ጽድቂ ሕጊ ብምፍጻም ምእንቲ ጽድቂ ናይ ሓጢኣት መስዋእቲ ብምኻን ሕይወቱ ሓለፈት። *"የሱስ ከኣ... ተፈጸመ በለ" (ዮሃ 19፡30)።* ሕጊ ንምምላእ ዘድሊ መስዋእቲ ምስመልኡ ተፈጸመ በለ።

ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ዝወጸ ህይወት ከምዘይነበሮ ብዙሓት እዮም መስኪሮምሉ። ኣብ የማኑ ተሰቒሉ ዝነበረ ከምዚ ኢሉ መስኪሩሉ፡ *"ንሕናስ ብሓቂ ዝግብኣና ተፈዲና እዚ ግና ሓንቲ ኽፍእቲ እኳ ኣይገበረን" (ሉቃ 23፡41)።* እቲ ኣብ መንጽሩ ደው ኢሉ ዝነበረ ሓለቓ ሚእቲ ኸኣ *"እዚ ሰብኣይ እዚ ብሓቂ ጻድቕ ኔሩ በለ" (ሉቃ 23፡46)። "ጲላጦስ ድማ ንሊቃውንቲ ኻህናትን ነቶም ሰብን ኣብዚ ሰብኣይዚ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩን በሎም" (ሉቃ 23፡4)።* የሱስ ምድራዊ ተልእኩኡ እንዳፈጸመውን ንኣይሁድ ከምዚ ኢልዎም፡ *"ካብኻትኩም ብሓጢኣት ዚረትዓኒኽ መን ኣሎ" (ዮሃ 8፡46)።* ሃዋርያ ጵጥሮስ ኣብ 1ጴጥ 2፡22 ከምዚ ኢሉ ይምስክረሉ። *"ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ ተንኮልውን ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ"።* ኣብ 1ዮሃ 3፡5 እውን ከምዚ ነንብብ። *"ንሱ ንሓጢኣት ከርሕቕ ኢሉ ከምዝተገልጸ ትፈልጡ ኢኹም። ኣብኡውን ሓጢኣት የልቦን"።* ደጊምና ኣብ (ዕብ 4፡14) *"ንሱ ብዘይ ሓጢኣት ከምዚ ከማና ብኹሉ እተፈተነ"* ይብሎ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ብጽድቂ ምምልላሱ ብምጥቕላል ኣብ ፊልጲ ብኸምዚ ኣስፈርዎ ኣሎ። *"ርእሱ ክሳዕ ሞት ኣትሓተ ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ድኣ ተኣዘዘ" (ፊል 2፡8)።*

3.2 ኣክንዳና መርገም ኮይኑ

3.2.1 ስጋዊ (ምድራዊ) መርገም

"ጲላጦስ ንየሱስ ወሲዱ ገረፎ። እቶም ጭፍራ ኸኣ **ኣኽሊል እሾኽ** *ተኒጎም ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ፡ ቀይሕ ባርኖስውን ኸደንዎ። መመጺኦም ከኣ ዎ ንጉስ ኣይሁድ ከመይ ኢኻ ይብልዎ ገጹውን ይጸፍዕዎ ነበሩ። .. ... ኔው በሎ ኔው በሎ ሰቕሉ እናበሉ ጫውጫው በሎ። ... መስቀሉ ጴሩ ድማ ቀረንቀራ ናብ ትብሃል ሰፍራ ወጸ። ኣብኣ ሰቕልዎ። ...*

እቶም ዓቀይቲ ንየሱስ ምስሰቐልዎ ክዳውንቱ ኣልዒሎም ኣብ ኣርባዕተ መቐልዎ፡” (ዮሃ 19፡1-23) “ንቹዳውንቱ ኸኣ ዕጭ ኣውዲቖም ተማቐልዎ። እቲ ህዝቢ ደው ኢሉ ይርኢ ነበረ እቶም ዓበይቲውን ምሳታቶም ኮይኖም ንቑልኦት ኣድሒኑ ንሱ ክርስቶስ ናይ ኣምላኽ ሕሩይ እንተኾይኑስ ርእሱ የድሕን እናበሉ የላግጹሉ ነበሩ፡ ናብኡ ቐሪቦም ድማ ንሸኻ ንጉስ ኣይሁድ እንተኾንካስ ርእሸኻ ኣድሕን እናበሉ መጺጽ ኣምጽኡሉ። ... ካብ ጊዜ ሳድሰይቲ ሰዓት ኣቢሉ ኽሳዕ ታስዓቲ ሰዓት ከኣ ኣብ ኩላ እታ ምድሪ ጸልማት ኮነ። ጸሓይ ጸልመተት መጋረጃ መቕደስ ኣብ ክልተ ተተርተረ። የሱስ ብዓብዩ ድምጺ ኣቦይ ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኤማዕቁባ ኣለኹ ኢሉ ጨርሐ። እዚ ምስ በለ ነፍሱ ወጸት።” (ሉቃ 23፡34-46)

ሰይጣን በቲ ኣብ ትሕቲኡ ገዚእዎ ዝነበረ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ የሱስ ተንሲኡ። ንርእሱ ጸሊኡ ኻኹሉ ዝመጸሉ ዕላማ ከፍርስ ኣብ ሓሳብ ስጋ ኪወድቕ ኣብ ልዕሊኡ ዘይወረደ ጸርፍን ምቁንጻብን ምውራድን ምግራፍን ኣይነብረን። ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ መንጎ ንሰለስተ ሰዓታት ዚኣክል ምድሪ ጸልማት ምስኮነ ኣብ ልዕሊ የሱስ እቲ ክወርድ ዝግባእ መርገም ኩሉ ወረዱ። እቲ ዝወረደ ኩነታት ብሰንኪ እቲ ዝነበረ ጸልማት ናይ ሓድሽ ኪዳን ወንጌላውያን ርእዮም ኪምስክሩ እኳ እንተዘይክኣሉ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዝነብሩ እግዚኣብሄር ብራእይ ዘርኣዮም ብትንቢት ገሊጾሞ ኣሎዉ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዚነበሩ ነብያት ኣብዚ ጊዜዚ ኩሉቲ ምድራዊ መርገም፡ ሕማምን ድናሰን ድኻምን ስቓይን ኣሎ ዝብሃል ኩሉ ናይ ዲያብሎስ ማእሰርትን ኣብ ልዕሊ የሱስ ዝወረደሉ ጊዜ ከምዚነበረ ብመንፈስ ርእዮም መስኪሮም ኣሎዉ። ምናልባትውን እቲ ምጽልማት ናይ ምድሪ ኑቲ ዘስካሕክሕ ኩነታት ናይ የሱስ ዘንጸባርቕ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባዚ /ዝተባህለ ስዒቡ ኪቕርብ እዩ።

***“<u>መልክዕን ውቃበን ኣይነበሮን፡ ምስ ርኤናዮ ዘብህገና ትርኢት ኣይነበሮን</u>። <u>ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን እዩ፡ ብዓል ሲቓይ ብሕማም ልዱይ ከምቲ ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዚጉልብቡሉ ሰብ እተዋረደ እዩ</u>፡ ንሕናውን ገለ እኳ ኣየቕጸርናዮን። <u>ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጸሮ ንሲቓይና ኸኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፡</u> ንሕና ግና ከም እተወቕዔን ብእግዚኣብሄር ከም እተቕዝፈን ከም እተዋረደን ጌርና ኣቕጸርናዮ። ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቑሰለ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓወና።... እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቖ።” (ኢሳ 53፡2-6)* **እዚ ነቢ ኢሰይያስ፡ የሱስ ኣብ መስቀል ንዝኾኖ ኩነታት ዝርኣዮ ርእየት እዩ። የሱስ ኣብ መስቀል እንከሎ ከምቲ ኣብ ብዙሕ ኣሳእል ንርእዮ፡ ዝተተንከፈ ዘይመስል ውቁብን ሓያልን ጎበዝ ዘይኮነ ንሱስ ሰብ እዩ ኢልካ ዘይትኣምኖ ምስሊ ዝሓዘ ምስርኣዮ ገጽካ ተጎልብበሉ መልክዕ እዩ ኔርዎ። ንዝነበሮ**

ኣሰቃቒ ኩነታት ካሜራ ከተልዕሎ፣ ኢድ ሰብ ክትስእሎ ኣይክኣልን እዩ። እቲ ትርኢቱ ምስርኣኻ ኣብኡ ዘይተጻዕነ ሕማምን ማእሰርትን ከምዘይነበረ፣ ዘይወረደ ስቓይ ከምዘይነበረን ብምርዳእ፣ ብኣንክሮ ብሓቂ ንሱ ንሕማመይ ጼርዎ ንስቓየይ ኸኣ ኣብ ነፍሱ ጽዒንዎ እዩ፣ ኣነ ብስምብራቱ ሓውየ እየ ከብለካ ኣሎዎ። እዚ ክሳብ ዘይበልካ ኣብ ርእየት ነቢ ኢሰይያስ ኣይኣተኻን ክብሃል ይክኣል። ምኽንያቱ ነቢ ኢሰይያስ ነቲ ትርኢት የሱስ ምስርኣየ ብሓቂ ንሱ ንሕማመይ ጼሩለይ ንስቓየይ ወሲዱለይ፣ ኣነ ሕጂ ብስምብራቱ ሓውየ እየ ክብል እዩ ተሰሚዑ።

ዳዊት እውን የሱስ ኣብ መስቀል ኣብ ከመይ ኩነታት ከምዝነበረ ኣብ መዝሙር 22 ብመንፈስ ዝርኣዮ ርእየት ነዚ ይመስል፣ *“... ብዙሓት ኣረውሕ ከቢቦምኒ፣ ብርቱዓት ኣረውሕ ባሳን ኣማእኪሎምኒ። ከምቲ ዚዝረፍን ዚጓዝምን ኣንበሳ ጎረርኦም ይሸፍቱለይ ኣሎዉ። <u>ኣነ ኸም ማይ ፈሰስኩ ብዘሎ ኣዕጽምተይ ተፈላልዩ</u>፣ ልበይ ከም ሰምዒ ኾነ ኣብ ማእከል ኣምዑተይ ኸኣ መሽሽ። ሓይለይ ከም ገልዒ ነቒጹ፣ ልሳነይ ኣብ ትንሓገይ ጠቢቑ፣ ናብ መሬት ሞት ኣውዲቕካኒ። ኣኽላባት ከቢቦምኒ፣ ኣኬባ ገበርቲ እከይ ኣማእኪሎምኒ፣ ነእዳወይን ነእጋረይን ሸንኪሮምዎ እዮም እሞ፣ <u>ኻኹሉ ኣዕጽምተይ ክቑጽሮ እኽእል እየ።</u>”* *(መዝ 22፡ 12-17)* ኣብ ልዕሊኡ ብዝወረደ መርገም ምኽንያት ኣዕጽምቱ ሓደ ብሓደ ክቑጸር ክሳብ ዝክኣል ናብ ኣስካሬን ተለዊጡ ከምዝነበረ፣ ሰብ እዩ ኢልካ ክትኣምኖ ዘይክኣል ቅርጺ ኣብ ምሓዝ በጺሑ ከምዝነበረ እዩ እዚ ቃልዚ ዝምስክር ዘሎ።

“እግዚኣብሄር ግና ብመከራ ኺሕምሸሽ ፈተዎ”(ኢሳ 53፡10)። ብጽድቂ ካብ ሕጊ ኣምላኽ ከይወጸ ኻኹሉ ካብ ኣቦ ዝተባህሎ ብዘይ ኣበር ብምፍጻም በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ናይ መከራን ስቓይን ሓዊ ስጋኡ ተቓጸሉ ተሓምሺሹ ስጋዊ ሞት ብሙማት ናይ ጽድቂ መስዋእቲ ከፊሉ። ናይ ጽድቂ መስዋእቲ ሙሉእ ብሙሉእ ስለዝተኸፍለ ድማ መጋረጃ ቤት መቕደስ ተተርተረ፣ ናብ ቅድስተ ቅዱሳን ዘእቱ መገዲ ተኸፊቱ። ይኹን እምበር ሓጢኣት ኣብ ሲኦል ጉብኣ መቕጻዕቱ ኪወስድ ኔርዎ። ኣብ ሲኦል ወሪዱ ብዛዕባ ዝቕጽየ መቕጻዕቲ ስዒቡ ቀሪቡ ኣሎ።

3.2.2 መንፈሳዊ መርገም

“ነፍሰይ ክሳዕ ሞት ትጉሂ ኣላ ... ኣባ ኣቦይ ኩሉ ይክኣለካ እዩ እዛ ጽዋእ እዚኣ ኻባይ ኣሕልፋ። ግናኸ ንሸኻ ከም እትደልዮ እምበር ኣነ ከምዝደልዮ ኣይኹን በለ” (ማር 14፡34-36)። “ርሃጽ ከኣ ከም ንጥቢ ደም ናብ ምድሪ ይነጥብ ነበረ” (ሉቃ 22፡44)።

ኣቐዲምና ከምዝርኣናዮ የሱስ ኣብዚ ዝነሃዮ ጓሂ በቲ ብስጋ ዝሳቐዮን ዝሞቶን ጥራይ ዘይኮነ ካብኡ ዝገድድ እኳ ድኣ ካብ ኣቦኡ ዝፍለዮ ምፍላይ እዩ። ዋጋ ድሕነት ብስጋ ሙማት ጥራይ ዘይኮነ ዋጋ ናይ መንፈስ ሞት እውን ዚሓትት እዩ። ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ። ሰብ ኣብ ሓጢኣት እንከሎ እንተሞይቱ ዝጽበዮ ገሃነም እዩ። ዝኾነ ካብ ኣዳም ዝተወልደ ድማ ብሰንኪ እቲ ሓጥእ ባሕርዩ ድሕሪ ብስጋ ሙማቱ ናብ ገሃነም ምውራዱ ዘትሓታትት ኣይነበረን። የሱስ ነዚ መርገም እዚ ኮይኑ ካብኡ ከውጽኣና ኔርዎ። ነዚ ዘስካሕክሕ ኩነታትዚ እውን ኪሓልፎ ግድን ኔርዎ። እዚ እዩ እቲ ቐንዲ ክሳዕ ሞት ዘጨነቐ። ደም ክሳዕ ዚርሕጽ ዚገበሮ። ብርግጽ ዋጋ ድሕነት ኣዝዩ ኩቡር እዩ።

“ካብ ጊዜ ሳድሰይቲ ሰዓት ኣቢሉ ኽሳዕ ታስዓቲ ሰዓት ከኣ ኣብ ኩላ እታ ምድሪ ጸልማት ኮነ። ጸሓይ ጸልመተት መጋረጃ መቕደስ ኣብ ክልተ ተተርተረ። የሱስ ብዓብዩ ድምጺ ኣቦይ ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኤማዕቁባ ኣሎኹ ኢሉ ጨርሔ። እዚ ምስ በለ ነፍሱ ወጸት”(ሉቃ 23፡44-46)። “ካብ ሳድሰይቲ ሰዓት ጀሚሩ ኽሳዕ ታስዐይቲ ሰዓት ከኣ ብዘላ እታ ሃገር ጸልመተት። ብታስዐይቲ ሰዓት የሱስ ብዓብዩ ድምጺ ኤሎሄ ኤሎሄ ላም ሰበቕታኒ ኢሉ ጨርሔ። ትርጉሙ ኸኣ ኣምላኸይ ኣምላኸይ ንምንታይ ሓደግካኒ እዩ”(ማር 15፡33-34)።

እቲ ቀዳማይ ክሳዕ ናይ ስጋ ሞት ዘብጽሕ መስዋእቲ ሓጢኣት ምስተፈጸመ ቀጺሉ መንፈሳዊ ሞት እዩ ዝስዕብ። መንፈሳዊ ሞት ካብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዝተፈለኻ ምኻን እዩ። መንፈስካ ምህላዉ ኣየቋርጽን እዩ፣ ምስ እግዚኣብሄር ዚህልዎ ርክብ ግን የቋርጽ። ብዘይ ኣምላኽ ትኸውን። የሱስ ድማ ብቓሉ ነዚ ኩነታት ኪምስክር ተሰሚዑ። እቲ ብስጋ ክሳዕ ዘሎ ክፍጽሞ ዝነበሮ ጻድቕ ናብራ ምስፈጸመ እቲ ሰብኣዊ መንፈሱ ካብቲ ናይ ዘለኣለም ኣቦኡ ተፈልዩ መቕጸዕቲ ሓጢኣት ንምኽፋል ብርእሱ ሓጢኣት ኮይኑ ናብ ሲኣል ኪወርድ ንርእሱ ኣሕሊፉ ሃበ። “ንምንታይ ሓደግካኒ“ ድሕሪ ምባል ካብቲ ናይ ዘለኣለም ኣቡኡ ተፈልዩ ኣክንዲ ነፍስወከፍ ሰብ ሓጢኣት ብምኻን ኣክንዲ ነፍስወከፍ ሰብ ዝግባእ መቕጸዕቲ ሓጢኣት ክቕበል ናብ ሲኣል ኪወርድ ናብ እግዚኣብሄር ኣቡኡ ገዛእ መንፈሱ ኣማዕቀቡ።

“ኣቦይ ንነፍሰይ ናብ ኢድካ ኣማዕቁባ ኣሎኹ በለ።” ኣብዚ ኩነትዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከም ሊቀካህን ኮይኑ ክልተ ኢዱ ኣብ ርእሲ የሱስ ኣቑሚጡ ናይ ነፈስወከፍ ሰብ ሓጢኣት ኣብ ልዕሊኡ ጽዓኖ። ነዚ ኣሰቃቒ ኩነት ኮይኑ ንመቐጻዕቲ ናብ ሲኦል ኣምርሐ።

“ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓብዩ ዓሳ ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን ኪገብር እዩ። ከምኡ ኽኣ ወዲ ሰብ ኣብ ውሽጢ ምድሪ ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን ኪገብር እዩ” (ማቴ 12፡40)። የሱስ ልክዕ ከምቲ ዮናስ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓብዩ ዓሳ ዚጸንሔ ኣብ ውሽጢ ምድሪ ንሰለስተ መዓልትን ለይትን ከምዚጸንሕ ኣቑዲሙ ተዛሪቡ ኔሩ። ውሽጢ ምድሪ መቓብር ኣይኮነን። መንፈሱ ኣብ መቓብር ኪጸንሕ ኣይክእልን እዩ። ውሽጢ ምድሪ ኣብ ግዝኣት ጸልማት ዝርከብ ፍጡር ነቲ ናይ ዘለኣለም መቐጻዕቲ ተሓልዩ ዝጸንሕሉ ቦታ እዩ። ሲኦል እውን ይብሃል። የሱስ ኣብዚ እዩ ወሪዱ። ሹመኛ ናይዚ ቦታዚ ዝነበረ ድማ መርሆ ሞትን ሲኦልን ዚነበሮ ዲያብሎስ እዩ። ስለዚ የሱስ መቐጻዕቲ ነፈስወከፍና ንምክፋል ናይ ርእሱ ሓጢኣት ዘይነበሮ ክንሱ ኣብ ኣክንዳና ሓጢኣት ኮይኑ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ኢድ እቲ እኩይ ኣትዩ። ጸላኢ ሙሉእ ዓወት ዚረኸበ መሲልዎ፣ ወዲ ኣምላኽ ማሪኻ ኢሉ ንሳልስቲ ዓቢ ፈስታ ኣካይዱ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ከም በትሪ ኣሮን ኻኹሉ ሓጢኣት ንምውሓጥ ሓጢኣት ከምዝኾነ ነዚ ዓሚቕን ረቂቕን ጥበብዚ ብዘይ እቲ ኣሰር ኣሰሩ ዘይርከብ ኣምላኽ መን ፈሊጥዎ። ኣብዚ ህሞትዚ ዝነበረ ናይ ወዲ ኣምላኽ ኣሰቃቂ ኩነታት ንምርድኡ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። *“ናብ መሬት ሞት ኣውረኽካኒ። ኣኽላባት ከቢቦምኒ፣ ኣኼባ ገበርቲ እከይ ኣማእኪሎምኒ” (መዝ 22፡15)።* የሱስ ክርስቶስ ከም ሓጢኣት ኮይኑ ኣብ ሲኦል ዚጸንሐ ጊዜ ንሓጢኣት ዚግባእ መቐጻዕቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እኹል ኮይኑ ስለዝተረኽበ ካብ ሰማያት ብመንፈስ ቅዱስ ናይ ትንሳኤ ድምጺ ተሰሚዑ። ሰይጣን ንየሱስ ኪፍንዎ መርሆ ሞትን ሲኦልን ድማ ንየሱስ ከረክብ ብናይ ዓወት ድምጺ ዘየዳግም ትእዛዝ ተዋሂብዎ። ዓወት ጸላኢ ከም ሽምዓ መኺኹ። ጸላኢ ጨቢጥዎ ዝመሰሎ ዓወት ኣብ ኢድ ከምዝተዓምከ ማይ ኮይኑ። የሱስ ናይ ሞት ሓይሊ ኣጽኒዑ ክሕዞ ዘይክእል ሓያል ጅግና ኣጽዋር ጸላኢ ገፊፉ ነቶም ሰብ ተስፋ ወንጌል ብምስባኽ ዝሓዘ ሒዙ ተንሲኡ። የሱስ ክርስቶስ ካብቲ ምእንታና ዝተቐበሎ ናይ ዘለኣለም ሞት ድሕሪ ሰለስተ መዓልትን ለይትን ብዓወት ተንሲኡ ኣብቲ ናይ ወትሩ ናይ ክብሪ ቦታኡ ኣብ ሰማይ ኣብ የማን እግዚኣብሄር ኣቡኡ ተቐመጠ። በዚ ከኣ ንሰብ ኣብ ንቡር ዘምጽኦ ዘድሊ ኩሉ መስዋእቲ ከፊሉ።

ካ ል ኣ ይ

ክፋል

ብደም የሱስ

ዝተረኽቡ ጥቕምታት

ኣብዚ ክፋልዚ ብዋጋ ደም የሱስ፣

- **ምስ ኣምላኽና ከምዘተዓረቕናን፣ ብእኡ ኸኣ ናይ ጽሕፈት ዕዳና ከምዝተደምሰሰን ኣጽዋር ጸላኢ ተገፊፉ ኣብ ልዕሌና ምንም ዘይብሉ ከምዝኾነን**
- **ጽድቂ ኣምላኽ ስለዝኾና ኣብ ልዕሌና ሞት ከምዘየሎን ገዛኢ እዛ ዓለምውን ኣባና ዋላ ሓንቲ ከምዘይብሉን**
- **ምስ የሱስ ክርስቶስ ተንሲእና ኣብ ሰማያት ርሒቕና ልዕሊ ኩሉ ዝስመ ኣስማት ከምዘሎና**
- **የሱስ መሳልል ሰማይ ከምዝኾነን መላእኽቲ ኣምላኽ ንምግልጋልና ከከም ኣድላይነቱ በዚ መሳልልዚ ዓጋቲ ዘይብሉም ዝወርዱን ዝድይቡን ምኻኖምን**
- **ከምመጠቓለሊ ኸኣ የሱስ ኣብ ህይወት መታን ክንገዝእ ኣብ ሰማያት ጥቕላል ህያብ ከምዝተቐበለልናን ክንርኢ ኢና።**

4 ብደም የሱስ ዝተፈጸመ ዕርቂ

“በቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚርከብ በጃ ምሕላፍ ብኽምኡ ብጸጋኡ ይጸድቁ። ንእኡ ኽኣ ኑቲ ቐደም ብትዕግስቲ ኣምላኽ እተገብረ ሓጢኣት ይሕለፍ ስለዝሓደጉ፣ ኣምላኽ ጽድቁ ምእንቲ ኽርኢ፣ ብእምነት ብደሙ መተዓረቒ ገይሩ ኣቐሞ።” (ሮሜ 3፡24,25)

4.1 ምስ ኣምላኽና ተዓሪቕና

እግዚኣብሄር፣ ኣዳም ቅድሚ ምሕጥኡ ኾነ ድሕሪ ምሕጥኡ፣ ብቓሉ ንሓጢኣት ከምዝጸረሮን ከምዝጸልኦን ኣብ ርእሲ ምግላጹ፣ ኣብ ልዕሊ ምፍራስ ሕጊ ወይ ንቓል እግዚኣብሄር ዘይምእዛዝ መርገም ኣዊጁ። እዚ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትና ኣስፊሕና ርኢናዮ ኣሎና። ብፍላይ ኣብ ዘዳግም ምዕራፍ 28 ከምእንረኽቦ ነቶም ንቓል ሰሚያም ዚእዘዙ በረኸት ከምዝስዕቦም፣ ነቶም ንቓል ኣምላኽ ሰሚያም ዘይእዘዙ ድማ መርገም ከምዝስዕቦም ብንጹር ተጻሒፉ ኣሎ። ብመጀመርያ እምበኣር ኣዳም ነቲ ክእዘዞ ዝተዋህቦ ናይ በረኸት ቃል እግዚኣብሄር ረጊጹ ሰይጣን ንዝሓባበሎ ናይ ዘይምእዛዝ ቃል መሪጹ። በዚ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኹ ብምኽሓድ በዲሉ፣ ኣዳም ብቐጥታ ንእግዚኣብሄር ጥራይ በዲሉ። ሓጢኣት ብምፍጻሙ ኣብ ልዕሊ ልዕልናን ጽድቂ ኣምላኽን ብምዕማጹ ንኣምላኽ ክብሪ ከሊእዎ። ካብ ንፈጣሪኡ ንዝዓለወ ፍጡር ብምእማን ኣባል እታ ዝዓለወት ናይ ጸልማት መንግስቲ ኾይኑ። እቲ ንእግዚኣብሄር ምብዳሉ ብተዘዋዋሪ ንርእሱ ክብድል ጌርዎ። እዚ ማለት ካብቲ ናይ በረኸት ህይወት ኣብ ናይ መርገም ህይወት የእትይዎ። ካብቲ ህይወቱ ዚኾነ ኣምላኽ ወጺኡ ኣብ ሞት ኪነብር ጌርዎ። ኣዳምን ካብ ኣዳም ዝተወለደ ኩሉን ኣብ ትሕቲ መርገም ተረኺቡ። ኩሉ ሓጢኡ ክብሪ ኣምላኽ ስኢኑ (ሮሜ 3፡23)

እቲ ብሓጢኣት ዝተበደለ ኣምላኽ ጥራይ ስለዝኾነ ናይ ሓጢኣት ጉዳይ፣ ምስዚ ተበዳሊ ብዝግበር ዕርቂ ዚውዳእ ጉዳይ ይኸውን። ዓሌት ኣዳም ምስቲ ዝበደሎ ኣምላኽ ዕርቂ እንተ ዘይፈጺሙ ክረኽቦ ዚኽእል ምድሓን የሎን። ስለዚ ኣዳም ብርእሱ ክዕረቕ ዝሕተቶ ቅድመ ኩነት ከማልእ ስለዘይከኣለ፣ ካልእ መተዓረቒ ኣድልይዎ። የሱስ ክርስቶስ ነቲ ዘይምእዛዝ ኣዳም ብምእዛዝ ተኪኡ፣ ኩሉ ሕጊ ፈጺሙ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣዳም፣ ብሰንኪ ምፍራስ ሕጊ ተኣዊጁ ዝነበረ ስጋውን መንፈሳውን መርገምውን ኣክንድኡ ኾይኑ ጌርዎ። “ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ” (1ቆረ 5፡20)። በዚ ድማ ኣክንዳና በቲ ክቡር መስዋእቱ፣ ደሙ ሒዙ ኣብ ቅድሚ ዙፋን

እግዚኣብሄር ንምትዕራቕና ቀሪቡ። “ክርስቶስ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኪርኣየልና ናብ ሰማይ ኣተወ” (ዕብ 9፡24)። የሱስ ናብ እግዚኣብሄር ኣቦኡ ቐሪቡ፣ እንሆ ንደቂ ሰብ መተዓ ረቒ ኪኸውን ናይ መስዋእተይ ንጹህ ደም! ኢሉ። እግዚኣብሄር ኣቦ ድማ ነቲ ብወዱ ዝተፈጸመ ጉድለት ዘይብሉ ናይ ምእዛዝ መስዋእቲ ደም ብምርኣይ የሱስ ንምትዕራቕ ወዲ ኣዳም ብቑዕ ምኻኑ ኣዊጁ።

እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ክዕረቕ ዘድልዮ ዝነበረ ቅድመ ኩነት ብየሱስ ብምልኣት ተፈጺሙ። ደም የሱስ ኣክንዳና ንዕርቂ ዝፈሰሰ ብቑዕ ደም እዩ። ሕጂ ኣብ ደም የሱስ ብምእማንና ምስ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ፍጹም ዚኾነ ዕርቂ ክንፍጽም ኀኽእል ኢና። ንሱ ብደም የሱስ ከም ሕጉ ዚፈጸምና፣ ጻድቃን ይቕበለና። ዕርቂ ምስተፈጸመ እቲ ርክብ ኣብቲ ቅድሚ ባእሲ ዝነበሮ እዩ ዝምለስ። ብደሙ ዝተፈጸመ ዕርቂ ምስተቐበልናዮ ምስ ኣምላኽና ዝህልወና ርክብ ከም ኣቦ ምስ ውሉዱ ዝህልዎ ርክብ እዩ። “እምበኣርሲ ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ድኣ፣ ክንደይ ካብቲ ቕጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን” (ሮሜ 5፡9)። “ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኾይኑ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና” (ገላ 3፡15)

4.2 ጽሕፈት ዕዳና ተደምሲሱ

“ነቲ ብሕጋጋት ዚቃወመናን ዚበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ኸኣ ንእኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ኻብ ማእከል ኣርሓቖ።” (ቆሎ 2፡14)

እግዚኣብሄር ብደም የሱስ ምስ ተዓረቐና፣ ብሰንኪ ዘይምእዛዝና ኣብ ልዕሌና ተኣውጁ ዝነበረ መርገም ብወግዒ ደምሰሶ። ኻብ ማእከለና ኣርሓቖ። ብሰንኪ ባእሲ ዝኣተወ መርገም፣ ድሕሪ ዕርቂ ተደምሲሱ። እቲ ምስ ኣምላኽ ዝተባእሰ ሰብና ብየሱስ ክርስቶስ ሞይቱ፣ ከምብሓድሽ ብየሱስ ክርስቶስ ብጽድቂ ስለዝተንሳእና እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ጻድቕ ዝኣወጀ መርገም የሎን። ሕጂ ሳላ`ቲ ክቡር ደም የሱስ ካብ ሓጢኣትን ሳዕቤኑን ነጻ ኮይንና። ሓጢኣት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከይዱ ክዛረብ ዘይክእል ኮይኑ። ሓጢኣት ባዶ፣ ሓይሊ ዘይብሉ ኮይኑ። ነቲ ብደም ዝእመን ኣማኒ፣ ሓጢኣት ኣብ ልዕሊኡ ኀኽመጽእ ዚእውጅ መርገም ዜብሉ ኮይኑ። ስልጣኑ ተገፊፉ።

“ዎ! ሞት ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ? ኣታ ሲኣልከ ኣበይ ኣሎ ዓወትካ? ብልሒ ሞት ሓጢኣት እዩ፣ ሓይሊ ሓጢኣትውን ሕጊ እዩ” (1ቆረ 15፡55-56)። ንሓጢኣት ሓይሉ ሕጊ እዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት፣ ምፍራስ ሕጊ፣ መርገም ዚእውጅ ሕጊ እንተዘየቕውም

ሓጢኣት እንታይ ትርጉም ምሃለዎ? ንሓጢኣት ሸለል እንተዝብሎ ሓይሊ ሓጢኣት እንታይ ምኾነ? ኣይትስረቕ! ዝብል ሕጊ ሓያል ክኸውን ዝገብሮ ድሕሪ ምስራቕካ ዝውሰድ ስጉምቲ እዩ። ሰሪቕካ ከተብቅዕ ብሰንኪ ምስራቕካ ዝውሃበካ መቕጻዕቲ እንተዘየሎ፣ ኣይትስረቕ ዝብል ቃል እንታይ ሓይሊ ምሃለዎ? ባዶ! ስለዚ ንሓጢኣት ሓያል ዝገብሮ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ጽድቂ ብዘለዎ መርገጺ ነቲ ንጽድቂ ዚጻረር ምስኡ ሕብረት ክገብር ዘይደሊ ስለዝኾነ እዩ። እግዚኣብሄር ምስ ሓጢኣት ጽልኢ ስለዝኾነ ኣብ ልዕሊ ምፍራስ ሕጊ መርገም፣ ሓያል መቕጻዕቲ፣ ኣዊጁ። በዚ ድማ ሓጢኣት ሓያል ኔሩ። ሓይሊ ሓጢኣት ድማ ክሳብ ኣብ ሞትን ሲኦልን ዘብጽሕ ኔሩ። ብልሒ ሞት ሓጢኣት እዩ ኔሩ። ሕጂ ግን ሳላ ዝተገብረ ዕ ርቂ ሓጢኣት ብልሒ ኣልቦ ኮይኑ። ኣብ ሞንጎናን ኣምላኽን ዝነበረ ከልካሊ ቐጽሪ ስለዝፈረሰ ምስ ኣምላኽ ሰላም ኣሎና። ብደም የሱስ ናብ ሕቕፊ ኣቦና ተመሊስና። እግዚኣብሄር ከም ብሓድሽ ኣምላኽና፣ ኣቦና ኮይኑ።

ብደም የሱስ ስለዝተዓረቀና፣ እግዚኣብሄር ምሳና እዩ። ንሱ ምሳና እንድሕር ኮይኑ ድማ መን`ዩ ዚቃወመና? (ሮሜ 8፡31) መን እዩ ዚቃወመና? ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ምውዳቕ ዘስካሕክሕ እዩ። ነቲ ናይ ህላዌ ምንጪ ምቕዋም እንታይ ማለት እዩ? ነዚ ረቂቕ ዝኾነ ኣድማስ ብቓሉ ዝፈጠረ፣ እንተደልዩውን ብቓሉ ኣብ ሓደ ህሞት ከጥፍኡ ዝኽእል ኣምላኽ ምቕዋም እንታይ ማለት እዩ? እግዚኣብሄር ምሳኻ ማለት፣ እቲ መወዳእታ ዘይብሉ ሓይሊ፣ ጥበብ፣ ክእለት ምሳኻ ማለት እዩ። እግዚኣብሄር ተዓሪቑና። ንሱ ኣምላኽና ኾይኑ። ኣቦና ኾይኑ። ሕጂ ንሱ ኣክንዳና ዝቕውም ጸግዕና ኮይኑ። እግዚኣብሄር ፈታዊና ኮይኑ! ኣብ ህይወት ንዘድሊ ኹሉ ካብ እግዚኣብሄር ብደም የሱስ ብኽምኡ ክውሕዝ ናይ እግዚኣብሄር ዘበለ ናትና ክኸውን ንሱ ምሳና ኮይኑ። እግዚኣብሄር ሳላ እቲ ኩቡር ደም የሱስ ወገንና ኮይኑ።

4.3 ኣጽዋር ጸላኢ ተገፊፉ

“ሳላ እቲ ደም ገንሸል....ድማ ሰዓርዎ።”(ራእ 12፡11)

“ነቲ ብሕጋጋት ዚቃወመናን ዚበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ኸኣ ንእኡ ኣብ መስቀሉ ሸንኪሩ ኻብ ማእከል ኣርሓቖ። ነቶም ሕልቅነታትን ሰልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም።” (ቆሎ 2፡14-15)

ብሰንኪ እቲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ዘሎዎ ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ሕጊ ምፍራስ ዝተኣወጀ መርገም፣ ነፍስ ወከፍ ሰብ ሕጊ ኣብ ዘፍርሰሉ ግዜ መርገም ክስዕቦ ጽሑፍ ስለዝነበረ እዚ ኩነታትዚ ክፍጸም ዲያብሎስ ለይትን መዓልትን ኣብ ዙፋን ኣምላኽ እንዳኸደ ክሲ ዘቕርብ ደመኛ ጸላኢ ኔሩ። በዚ ከኣ ኣብቲ ናይ ሕጊ ዘመን ሰይጣን ኣደናጊሩ ዝመንዝየ ስልጣን ከምዝነበሮ ክንርዳእ ኻኽእል። እቲ ስልጣኑ ግን እቲ እግዚኣብሄር ዝኣወጀ ናይ መርገም ኣዋጅ ዝሃቦ ስልጣን ጥራይ እዩ።

የሱስ ክርስቶስ ክንፍጽሞ ዝነበረና ሕጊ መሊኡ ኣብ ልዕሌና ተኣዊጁ ዝነበረ ናይ ሞት መርገም ኣክንዳና ጼሩ፣ ብደሙ ፍጹም መተዓረቒ ኮይኑ ምስተረክበኸ እቲ ኩነታት ከመይ ክኸውን እዩ? እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ብደም የሱስ ፍጹም ዕርቂ ምስ ፈጸመ ነቲ ኣብ ልዕሊ ዘይምእዛዙ ኣዊጅዎ ዝነበረ ናይ መርገም ኣዋጅ ፈጺሙ ደምሲስዎ። ካብ ማእከሉ ድማ ኣርሒቕዎ። (ቆሎ 2፣14) እቲ ንሰይጣን ምስ ጭፍርኡ ናይ ስልጣኑ ምንጪ ዝነበረ ሕጊ ምፍራስ ብምእዛዝ የሱስ ካብ መልኤ፣ ናይ ሰይጣን ስልጣን ድኣ ሕጂ እንታይ`ዩ? እቲ ሓይሉ ዝነበረ ሕጊ ብደም የሱስ ስለዝመልኣ፣ እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ፍጹም ዕርቂ ፈጺሙ፣ ኣብ ጐድኒ ሰብ ኾይኑ። ኣምላኽ ምስቲ ብሰንኪ ሓጢኣት ጸላኢኡ ዝነበረ ሰብ ብደም የሱስ ፈታዊኡ ኾይኑ። ሕጂ ኣምላኽ ነቲ ብደም የሱስ ዚእመን ሰብ ኪርኢ እንከሎ ኣብኡ ጽድቂ፣ ምልኣት ሕጊ እዩ ዝርኢ። ኣብኡ ኩሉ በረኸት ኣብርሃም ጥራይ ይርኢ። “ክርስቶስ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኪርኣየልና ናብኣ ናብታ ሰማይ ኣተወ” (ዕብ 9፣24)። የሱስ ኣክንዲቲ ብእኡ ዝእመን ህዝቢ ኣብ ኣምላኽ ዝርኣየልና ሊቀ ካህን እዩ። እግዚኣብሄር ኣምላኽና ብየሱስ እዩ ዝርእየና። በቲ ብኹሉ መደያቱ ባህ ዘበለ ኣበር ኣልቦ ዝኾነ የሱስ ስለዝርእየና ኣባና ሓጢኣት የሎን። ኣባና የሱስ እዩ ዘሎ። ከም ግብርና ዘይኮነ ብየሱስ ስለንርኤ፣ ሰይጣን ኣብ ልዕሌና ስልጣን ዝህልዎ የሎን። የሱስ ስልጣኑ ፈጺሙ ገፊፍዎ እዩ።

እቲ ናይ ስልጣኑ ምንጪ ዝነበረ ሕጊ ብደም የሱስ ስለዝተማልኣ፣ እምበኣር፣ ሰይጣን ኣጽዋሩ ተገፊፉ፣ ምናምን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቐሪቡ ክኸስስ ዘይክእል ኮይኑ። ብምንታይ ክኸስስ? “እቲ ለይትን መዓልትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ዝኸሶም ዝነበረ ኸሳስ ኣሕዋትና ተደርበየ።... ሳላ ደም እቲ ገንሸል ስዓርዎ ”(ራእ 12፣10-11)። ሕጂ ሳላ እቲ ደም ገንሸል፣ ሰይጣን ብዛዕባ እቶም ምስ እግዚኣብሄር ዝተዓረቑ ምንም ክብል ኣይክእልን። ኣብ ልዕ ሊኦምውን ምንም ክገብር ኣይክእልን። ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም። ኣብ መስቀል ኣጽዋሮም ከምዝተገፈፉ ኣብ ብሉይ ኪዳን ካብ ዝተገልጹ ኣብነታትኡን ስዒብና ክንርኢ ኢና።

“... እግዚኣብሄር ከኣ ዚነዱ ኣትማን ናብ ህዝቢ ሰደደ። ነቲ ህዝቢ ድማ ኸሰዎ። ካብ እስራኤል ከኣ ብዙሕ ህዝቢ ሞተ። ሸዑ እቶም ህዝቢ ናብ ሙሴ መጺኦም ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄርን ኣብ ልዕሌኻን ብምዝራብና ሓጢኣት ገበርና ነዞም ኣትማን ኪርሕቐልና ንእግዚኣብሄር ለምነልና በሉ። ሙሴ ድማ ምእንቲ እቲ ህዝቢ ለመነ። እግዚኣብሀኢር ከኣ ንሙሴ ዚነድድ ተመን ንኣኻ ግበር ኣብ ባላ ድማ ሰቐሎ። ኪኸውን ከኣ እዩ እተነኽሰ ዘበለ ናብኡ እንተ ጠመተ ኪሓዊ እዩ። ሙሴ ከኣ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ ኣብ ባላውን ሰቐሎ። ኩነ ከኣ ገለ ተመን ንሰብ እንተ ነኽሰ ናብቲ ተመን ኣስራዚ ምስ ዚጥምት ይሓዊ ነበረ።” (ዘሁ 21፡6-9)

ተመን ኣስራዚ እንታይ የመልክት? ብዙሕ ትርጉም ክህልዎ ይክኣልዩ። ምስቲ ዝተጠቕሰ ጥቕሲ ክኸይድ ዝኽእል ሓደ ነጥቢ ግን፡ ኣብ መስቀል ዲያብሎስ ኣጽዋሩ ከምዝተገፈፈ ዘመልክት እዩ። ንዲያብሎስ ህይወት ሂብዎ ዝነበረ ሕጊ ጥራይ እዩ ኔሩ፡ እቲ ሕጊ ብየሱስ ክርስቶስ ምስ መልኣ ግን ኣብ ዲያብሎስ ዝነበረ ሓይሊ፡ መርዚ ተመዝሒቑ ስለዝወጸ ዲያብሎስ ኣብ መስቀል ከም ተመን ኣስራዚ ኮይኑ። የሱስ ክርስቶስ ኀኹሉ ዝቃወመና ዝነበረ ጽሕፈት ዕዳ ኣብ መስቀልዩ ካባና ዘርሓቖ፤ ብእኡ ድማ ንዲያብሎስ ክናኸስ ዘይክእል ናይ ኣስራዚ ተመን ጌርዎ። ኀኹሉ ዓለም ኀክገዝእ ኣኽኢልዎ ዝነበረ ርእሲ፡ ብሰንኪ ሓጢኣት ዝኣተወ ናይ መርገም ሕጊ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ጻድቃን ክንከውን ስለዝበቓዕ ና ተጨፍሊቑ። የሱስ ክርስቶስ ብሓቂ ርእሱ ጨፍሊቕዎ እዩ። ርእሲ ዝተጨፍለቐ ተመን እንታይ ኪገብር ይኽእል? ምንም!!!!!

እቲ ዝተነኽሰ፡ ነቲ ዝነኸሶ ተመን፡ ኣብ መስቀል፡ ከም ተመን ኣስራዚ ኮይኑ ከም ዘሎ ኪጥምት፡ ኪፈልጥ ምስከኣለ ፈጺሙ ይሓዊ ነበረ። ካብ ፍልጠት ንላዕሊ ካልእ ዘድሊ ነገር የሎን። የሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ዓውዲ ኩናት ብዓወት ወጺኡ ናይ ዓወት ዘንጊ ንዓና ሂቡና ኣሎ። ዝኾነ ካብ ሰይጣን መንከስቲ እንድሕር ኣሎና ኣጽዋሩ ከምዝተገፈፈ ሳላ እቲ ኩቡር መስዋእቲ የሱስ ሕጂ ከም ተመን ኣስራዚ ኮይኑ ከም ዘሎ ፈሊጥና ኣብ ልዕሊኡ ብሓይሊ ክንትንስእ ጥራይ የድልየና። ኣብቲ ፍልጠት ዘይብሉ ኣብኡ ከም ሓያል ተመን፡ ከም ሓያል ብዓል ስልጣን ኪርኤ ስለዝኽእል ምጥንቃቕ የድሊ እዩ። ስኣን ፍልጠት ንህቦ ሓይሊ ይኹን ስልጣን እንተዘይኮይኑ፡ ንሱስ፡ ከም ተመን ኣስራዚ፡ ዝናኸሰሉ ይኹን ዝምርዘሉ ሓይሊ ይኹን ስልጣን የብሉን። ንሱ ብየሱስ ክርስቶስ ኣጽዋሩ ተገፊፉ ምናምን እዩ።

“እግዚኣብሄር ንዘይረገሞ ከመይ ኢለ ክረግም እግዚኣብሄር ንዘይጽየፎ ከመይ ኢለ ኽጽየፍ። (ዘሁ 23፡8)

“ኣብ ያእቆብ ክፍኣት ኣይጠመተን፣ ኣብ እስራኤል ከኣ ሕሰም ኣይርኣየን እግዚኣብሄር ኣምላኹ ምስኡ እዩ።” (ዘሁ 23፡21)

“ኣብ ያእቆብ ኣስማት፣ ኣብ እስራኤል ከኣ ጥንቁልና የልቦን። (ዘሁ 23፡23)

“እግዚኣብሄር ምሳና ካብ ኾነ መን ዩ ዚቃወመና?” ሮሜ 8፡31

5 ብደም የሱስ ዝርከብ ጽድቂ

“እምበኣርሲ ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ድኣ፡ ክንደይ ካብቲ ቕጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን።” (ሮሜ 5፡9)

5.1 ጽድቂ ኣምላኽ ኢና

ነቲ ሕጊ ዘይምምላእና ብጎይታ የሱስ ክርስቶስ ስለዝመልአ ንሕና ብስሙ ጻድቃን ኮይንና። ካብቲ ብሰንኪ ኣብ ሓጢኣት ምእታውና ክስዕብ ዝነበሮ ቕጥዓ ምስ ኣምላኽና ብደም የሱስ ስለዝተዓረቕና ድሒንና። ንሕና ጽድቂ ኣምላኽ ክንከውን ጎይታ የሱስ ኣክንዳና ሓጢኣት ኮይኑ (2ቆሮ 5፡20)። ንሕና ጽድቂ ኣምላኽ ኢና። ሳላ እቲ ኩቡር ደም የሱስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብጽድቂ ክንቀውም ኀኽእል ኮይንና። ደም የሱስ ንምጽዳቕና ምንም መወሰኽታ ዘየድልዮ ሙሉእ መስዋእቲ እዩ። ጎዶሎ ኣልቦ መስዋእቲ። “ክርስቶስ ግና ነቶም ዚቕደሱ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጸሞም” (ዕብ 10፡14)። ካልኣይ ሳልሳይ መስዋእቲ ኣየድልን። ሓንቲ መስዋእቲ!!! ናይ የሱስ ክርስቶስ መስዋእቲ ጊዜ ዘየእርጎ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ነቕፋ ክትረኽበሉ ዘይክኣል ዘለኣለማዊ መስዋእቲ እዩ። ፍጹም፡ ሙሉእ፡ ኣበር ኣልቦ መስዋእቲ። ነቶም ዝቕደሱ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ መሉእ ብሙሉእ ክፍጽሞም ብቕዕ ዝኾነ ሓንቲ መስዋእቲ!! ብርግጽ ነቲ ረሳሕ ታሪኽና ፈጺሙ ለዊጥዎ።

5.2 ኣብ ጻድቕ ሞት የሎን

የሱስ ጻድቕ ህይወት ስለዝነበሮ ብዘይ እቲ ኣክንዳና ዝተሰከሞ ሕማምን፡ ድኻምን፡ ድኽነትን፡ ጉስቅልናን፡ መከራን እንተዘይኮይኑ ንሱስ ክሓምም፡ ብመንፈስ ክደክም፡ ክነሳቐል፡ ክደኪ ዝኽእል ኣይነበረን። እቲ ብሓሙሽተ ባኒ ንሓሙሽተ ሽሕ ሰባት ክምግብ ዝተኻእሎ የሱስ ከመይ ጌሩ ድኽነት ክቕርቦ? ጽድቂ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ዝመልኽ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። እቲ ንሕማም ፈቕድኡ ዝሃድኖ ዝነበረ የሱስ በየን መገዲ ክሓምም? ሕማም ናይ ውድቀት ምልክት እዩ። ባዕሉ ፈቂዱ እንተዘይኮይኑ እንታይ እዝግሄር ዝጸልኣሉ እዩ ኢዱ ኣብ ልዕሊ የሱስ ዝዝርግሕ? መንዩ ከከላብቶ ዝኽእል? ንጽድቂ ከከላብቶ ዝኽእል የሎን። እቲ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ምልኪ ዝነበሮ ዝመልኮ ኣይነበረን። የሱስ ብሓቂ ፍሉይ እዩ። ከምኡውን ንሕና ብደም የሱስ ብዘጥረናዮ ጽድቂ ሞት ኣብ ህይወትና ክገዝእ ኣይግባእን። *“ከምዚ ሓጢኣት ብሞት ዝገዝኤ ጸጋውን ከምኡ ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ንዘለኣለም ህይወት ኪገዝእ እዩ”*

(ሮሜ 5፡21)። እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዝተቐበልናዩ ናይ ኣምላኽ ህይወት፣ ዘለኣለማዊ ህይወት፣ ብጸጋ ኣምላኽ ዝመልኤ ኣዝዩ ብዙሕ ዝገዝእ ህይወት እዩ። እቲ ሰብኣዊ ህይወትና በቲ ዘለኣለማዊ ህይወት፣ ኣምላኻዊ ህይወት ስለዝቐየር ገዚእና ክንከይድ ጎኽእል ኢና። ዘለኣለማዊ ህይወት ናይ ኣምላኽ ህይወት እዩ። ናይ ኣምላኽ ህይወት ከኣ ኣብዝኾነ ይኹን ኩነት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ክገዝእ ዘጸግሞ የሎን። ንሕና ድማ በዚ ዝተቐበልናዮ ናይ ኣምላኽ ህይወት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ክንገዝእ ጎኽእል ኮይንና። ብዝኾነ ይኹን ነገራት ንግዛእ እንተሎና ግልጸት መንነትና የብልናን ክብሃል ይክኣል። ስኣን ፍልጠት ኑቲ ዘይንደልዮ ክንግዛእ ጎኽእል ኢና። የሱስ *“ኣነ ንነፍሰይ ባዕለይ እየ በጃ ዘሕልፋ እምበር ካባይ ዚወሰዳስ የልቦን” (ዮሃ 10፡18)* ክብል እንከሎ ኣብ ልዕሊ ህይወት ዝነበሮ ግዝኣት እዩ ዘርኢ። ከመይሲ ሞት ብሓጢኣት እዩ ዝገዝእ። ኣብቲ ሓጢኣት ዘይብሉ ባርነት የሎን።

5.3 ገዛኢዛ ዓለም ኣብ ጸድቕ ዋላ ሓንቲ የብሉን

ብሰንኪ እቲ ብየሱስ ዝርከብ ጽድቂ ኣባና ሓጢኣት ሰለዘየሎ፣ እቲ እኩይ ኣባና ዋላ ሓንቲ የብሉን። የሱስ ጸድቕ፣ ብዘይ ሓጢኣት ስለዝነበረ ብዛዕባ ርእሱ ከምዚ ይብል፣ *“ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ይመጽእ ኣሎ እም ኣባይ ሓንቲ እኳ የብሉን” (ዮሃ 14፡30)*። እዚ ኣብሃህላዚ ኑቲ ዝነብሮ ዝነበረ ህይወት ብምልኣት ዘንጸባርቕ እዩ። የሱስ ኣብ ምድሪ ክመላለስ እንከሎ መናፍስቲ እከይ ኣብ ህይወቱ ግዝኣቶም ከርእዩ ኣይኮነን ኣፉ ከይከፈተ ካብ ርሑቕ ንህላዊኡ ዝሰግዱ እዮም ኔሮም፤ ካብ ዝተባህሎም ንላዕሊ ክእዘዝዎ እምበር ክከራኸርዎውን ኣይተራእዩን። ዝኾነ ዓይነት ማዕርግ ኮነ ብዝሒ መናፍስቲ እከይ ካብቲ ኣሲሮሞ ዝነበሩ ሰብ ክወጹ ሓንቲ ቃል “ውጻእ” ካብ ምባል ንላዕሊ ዘድልዮ ቃልሲ ኾነ ጾምን ጸሎትን ኣይነበረን። ከም ሓያል ብዓል ስልጣን ተግበርቲ ትእዛዙ እምበር መኽራኽርቲ ወይ መቓልስቲ ኣይነበሩን። ኣብ ልዕሊ የሱስ ዋላ ሓንቲ ኣይነበሮምን። ሕጂውን ኣባና፣ ኣብቶም ብየሱስ ዝተወለድና ህይወቱን ስሙን ዘሎና ዋላ ሓንቲ ስልጣን የብሉን። ስልጣን ኣብ ጽድቂ እዩ ዘሎ። ዝመልኽ ጸድቕ ጥራይ እዩ።

“ኣነ ንነፍሰይ ባዕለይ እየ በጃ ዘሕልፋ እምበር ካባይ ዚወሰዳስ የልቦን” (ዮሃ 10፡18)። ኣብቲ ጸድቕ ባዕሉ ብዘይፍልጠት ወይ ብድኻም ዘፍቅዶ እንተዘይኮይኑ ኣብ ህይወቱ ክፍጸም ዝግብኦ ዋላሓንቲ ናይ ጸልማት ነገር የሎን። ናይ የሱስ ህይወት እንተተዓዚብና ክሳብ ድሕሪ ኣብ ጌተሰማኒ ኣክንዳና ኮይኑ መርገምና ክስከም ንርእሱ ኣሕሊፉ ምሃቡ፤ ክትንክፎ ዝኽእል ኣይነበረን።

5.4 ካብ መንግስቲ ጸልማት ናብ መንግስቲ ወዲ ኣምላኽ ሰጊርና

ዝወዳደር ዋላ እኮ ኣይኹን፡ ክልተ መንፈሳዊ መንግስቲ እዩ ዘሎ። እቲ ሓደ ናይ እግዚኣብሄር መንግስቲ ክኸውን እንከሎ እቲ ሓደ ከኣ ናይ ጸልማት መንግስቲ እዩ። ክልቲኡ ፍሉይ መንግስታዊ ውዳቤ ኣሎዎ። ናይ እግዚኣብሄር መንግስቲ ንናይ ሰባት ምድሓንን ፍጹም ሓርነትን ዝሰርሕ መንግስቲ ክኸውን እንከሎ ናይ ሰይጣን መንግስቲ ኸኣ ሰባት ንምጥፋእን ባሮት ዝተፈላለየ ፍትወታትን ምግባር እዩ። ብኣዳም ምስ እግዚኣብሄር ጽልኢ ኣብ ዝነበርናሉ ጊዜ ይረዳኣና ኣይረዳኣና ኣባል እቲ ናይ ጸልማት መንግስቲ ኔርና። ስለዝነብርና ከኣ ብብዙሕ ዝዓይነቱ መቕሕ እሱራት ኔርና። ሞት ኣብ ህይወትና ኣዝዩ ገዚኡ ኔሩ።

ሳላ እቲ ዝፈሰሰ ደም የሱስ ምስ ኣምላኽና ምስተዓረቐና ካብ መንግስቲ ጸልማት ናብ መንግስቲ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ሰጊርና (ቆሎ 1፡13)። ካብ መንግስቲ ጸልማት ናብ መንግስቲ ብርሃን ሰጊርና። ካብ ግዝኣት ናይ ጸልማት ሓይልታት ናብ ግዝኣት ኣምላኽናን ኣቦናን ሰጊርና። በዚ ከኣ ፍጹም ናይ መንነት ምስግጋር ይፍጸም። ከምቲ ኣብ ጸልማት ብርሃን ዘየሎ፡ ኣብ ብርሃን ከኣ ጸልማት የሎን። ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ምስ ሰገርና ኣብ ልዕሌና ዝሀሉ ጸልማት የሎን። ከምቲ ካብ ሓደ ሃገር ናብ ሓደ ሃገር እንተሰጊርካ፡ በቲ ናይ ሃገራት ናይ ልኡላዊነት ሕጊ፡ እታ ዝነበርከያ ሃገር ደድሕሬኻ መጺኣ ክትትንክፈካውን ዘይትኽእል ከምኡ ኸኣ ናይ ጸልማት ሓይሊ ናብቲ ሰጊርካዮ ዘሎኻ መንግስቲ እግዚኣብሄር ስዒቡ ክገብረካ ዝከኣሎ የሎን። እቲ ዶብ ብደም የሱስ ዝተሓንጸጸ እዩ። ኑቲ ናይ ደም መስመር ረጊጹ መን ክሰግር? ዘይሕሰብ እዩ። ይኹን እምበር ነዚ ሓቂዚ ካብ ዘይምፍላጥ፡ ዲያብሎስ ንርእሱ ካብ እግዚኣብሄር ንላዕሊ ኣምሲሉ ብዘርእዮ ተምሳላት፡ ፍርሃቱን ራዕዱን ሓዲሩካ ኣብ ትሕቲ እቲ ካብ ሲኦል ዝዝርጋሕ ግዝኣቱ ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ። ካብ ዘይምፍላጥ ዝዓቢ ነቦ የሎን። ኣብቲ ዘሎኻዮ መንግስቲ ኣትዩ ዘይኮነ ኣብቲ ዘሎዎ ኮይኑ ኣብ ልዕሌኻ በቲ ናይ ወትሩ ናይ ሓሶት ውዲቱ፡ ኣብ ኩሉ ዝነብር ኩሉ ክገብር ዝኽእል ክመስል ይኽእል እዩ። እቲ ሓቂ ግን ንሱ ኣጽዋሩ ዝተገፈፈ ባዶ እዩ። ልዕሊዚ ዝውሃብ ቅጽል ስም ምስ ቃል እግዚኣብሄር ስለዝጻረር ሓሶት እዩ። ስለዚ ንሕና እቶም ናይ ጎይታ ካብ ስልጣን ጸልማት ናብ መንግስቲ ፍቕር ወዲ ኣምላኽ ፈጺምና ስለዝሰገርና ኣብ ልዕሌና ዝህልዎ ዝኾነ ይኹን ስልጣን የሎን። ካብ ግዝኣቱ፡ ምልኩ፡ ጽልውኡ ፈጺምና ሓራ ወጺእና ኢና። ብሓርነት መታን ክንነብር ብጎይታ የሱስ ፈጺምና ሓራ ወጺእና ኢና (ገላ 5፡1)።

“ኣነ ናይ ሓቂ ጉንዲ ወይኒ እየ፣ ተኻሊኡ ኸኣ ኣቦይ እዩ።... ጨናፍር ከኣ ንሰኻትኩም ኢኹም” (ዮሃ 15፡1-5)። ወሎዶና ተለዊጡ እዩ። ኣብቲ ናይ ኣምላኽ ናይ ደም ሓረግ ኣቲና። ኣብቲ ኣቦ ዝመቦቆሉ ኣምላኻዊ ዓሌት ኣቲና። ሓደ ዓሌት ኦም፣ ጉንዱ ካልእ ጨንፈሩ ኸኣ ካልእ ዓሌት ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እቲ ጨንፈር ብኹሉ መዳዩ ህይወት ናይቲ ኦም እዩ ዘሎዎ። ናይ ኣራንሺ ኦም ምስ ጨንፈሩ ኩሉ ኣራንሺ ይብሃል። እቲ ኦም ወይኒ እቲ ጨንፈር ከኣ ለሚን ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ከምኡ ኸኣ ንሕና ብደም የሱስ ውሉድ ኣምላኽ ስለዝኾንና ተኻፈልቲ መለኮታዊ ባህርዩ ኢና (2ጴጥ 1፡3)። እዚ ናይ ኣምላኽ ዓሌት ብደረጅኡ ዝለዓለ ዓሌት እዩ። ኩሉ ፍጥረት ኣብ ትሕቲኡ ይግዛእ። ኩሉ ፍጥረት ነዚ ልዑል ዓሌት የኽብሮ።

5.5 ሓደስቲ ፍጥረት ኢና

“ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተኣልዩ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ። እቲ ብሉይ ሓሊፉ እንሆ ኩሉ ሓድሽ ኮይኑ። እዚ ኩሉውን ካብቲ ባዕሉ ብክርስቶስ እተዓርቐና... ኣምላኽ እዩ።” (2ቆሮ 5፡17-18)

እግዚኣብሄር ኣምላኽና ብደም የሱስ ምስተዓርቀና ኣብ ልዕሌና ተኣዊጁ ዝነበረ መርገም ኣብ መስቀል ምስደምሰሶ፣ ሓደስቲ ፍጥረት ኮይንና። ካብቲ ብኣዳም ዝኣተወ ኩሉ ሕማም ብደም የሱስ ስለዝተሓጸብና ፍጹም ንልወጥ፣ ሓደስቲ ፍጥረት፣ ካብቲ ናይ ቀደም ኣሰር እኳ ዘይብልና ኾኸውን። እቲ ብሉይ ኣዳማዊ ታሪኽና ፍጹም ሓሊፉ፣ ብምልኣት ሓደስቲ ኮይንና። ደም የሱስ ፍጹም ምንጻህ ስለዘካየደልና፣ ዝተርፍ ኣዳማዊ ርስሓት የብልናን። መንነትና ተለዊጡ ገጽ እግዚኣብሄር ክንርኢ ጎኽእል ቅዱሳን ኮይንና።

ድሕሪ ጎይታ ምቕባልና ገለገለ ባህርያት ናይ ኣዳም ከነንጸባርቕ ምርኣይና ኣበይ ኣሎ ድኣ እቲ ሓድሽ ምኳነይ፣ እቲ ቅዱስን ጻድቕን ምኳነይ ንብል ኾኸውን? እቲ ሓቂ ግን እቲ ብደም የሱስ እግዚኣብሄር ናብ ንቡር ቦታና ዝመለሶ ምምላስ ምስ ተግባራትና ዝተኣሳሰር ኣይኮነን። ብደም የሱስ ሓጢኣትናን ብሰንኪ ሓጢኣት ኣብ ልዕሌና ዝወረደ መርገምን ተሰሪዙ እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ደም ክሳብ ዝተኣመንካ ብዝኾነ ይኹን ኩነታት ዘይጠፍእ ኪዳን እዩ። ንጎይታ ምስተቐበልካ ኣብቲ ናይ ደም ዘለኣለማዊ ኪዳን ኣቲኻ ኢኻ። *“... እቶም ጽዉዓት ነታ ተስፋ ናይ ዘለኣለም ርስቲ ምእንቲ ኺረክቡ ኢሉ ንሱ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳን እዩ” (ዕብ 9፡15)*። ነዚ ኪዳንዚ ዝድምስሶ ሓይሊ የሎን፣ ዘለኣለማዊ እዩ። *“ውህበት ጸጋ*

ኣምላኽን ጸውዓኡን ዘይጠዓሰሉ እዩ" (ሮሜ 11፡29)። ስለዚ እቲ ሓቀኛ ኩነታትና እቲ ብደም የሱስ ኮይኑ ዘሎ እዩ፡ ይኹን እምበር እቲ ንዘመናት ተለማሚድናዮ ዝጸናሕና ኣዳማዊ ህይወት ደጋዊ ጸኞጢ ካብ ምግባር ስለዘይዓርፍ - ብደገፍ ናይ ጸልማት ሓይሊ - ባህ ኢሉና ዘይኮነ ግዱድ ሓጢኣት ንገብረሉ ጊዜ ኣሎ። እዚ ግና ነቲ ሓድሽ መንነትና ዝኞይሮ ኣይኮነን።

"... ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ፡... ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና ንሓጢኣትና ይኞረ ኺብለልና ካብ ኩሉ ዓመጻውን ከንጽሃና እሙንን ጻድኞን እዩ።" (1ዮሃ 1፡7-9) እዚ ቃልዚ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ንርእስና ኣብ ሓጢኣት ኣብ ንረኽበላ ጊዜ ናብቲ ንቡር ቦታና ንምለሰሉ እግዚኣብሄር ዝሃበና ናይ ምንጻህ ኪዳን እዩ። ንሓጢኣት ባዶ ዝገብሮ ደም የሱስ ጥራይ እዩ። ደም የሱስ ኣብ ህይወትካ ዘድሊ ምንጻህ ከካይድ ድማ ምንሳሕ የድሊ። ድሕሪ ምንሳሕና ብሰንኪ ሓጢኣት ኣባና ዝነበረ ኩሉ እኩይ ሓሳብ፡ ቁጻር ምጻር፡ ሕማም... ይነጽህ፡ ናብቲ ቅድሚ ምፍጻም እቲ ሓጢኣት ኣብ ዝነበረናዮ ኩነት ከኣ ንመጽእ። ፍጹም ተሓድሶ ይካየደልና። ድሕሪ ዕርቂ፡ ምንጻህ እዩ ዚካየድ። "ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፡ ንሸኻትኩም ንህያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ክንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ።" (ዕብ 9፡14) *"እቶም መሰዋእቲ ዘቕርቡ ሓንሳእ ካብ ዚነጽሁ፡ ኣብ ሕሊናኦምውን ደጊም ሓጢኣት የብሎምን"* (ዕብ 10፡2)።

6 ብደም የሱስ ኣብ ሰማያት ተቐሚጥና

“ከምቲ ንሱ ዘለዎ፣ ከምኡውን ንሕና፣ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኢና ዘሎና” *(1ዮሃ 4፣17)*

6.1 ምስ የሱስ ተንሲእና ኢና

ሰብ ብዘይምእዛዙ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበረ ዝዓበየን ኣሰቃቕን ፍርዲ፣ ፍርዲ ዘለኣለማዊ ሞት እዩ። ሰብ ካብ ኣምላኽ ብምፍላዩ ዝመጸ ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ሓለቓ ጸልማት ኮንካ ዝውሰድ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ገሃነማዊ ስቓይ፣ ዘለኣለማዊ መቕሕ እዩ። ሰብ ካብዚ መቕጻዕቲዚ ክድሕን የሱስ ክርስቶስ ሓጢኣት ኮይኑ መቕጻዕቲ ሓጢኣት ንምኽፋል ናብ ሲኦል ወሪዱ ዋጋ ናይ ዘለኣለም ሞት ክኸፍል ግድን ኔርዎ። እዚ ኣብ ሳልሳይ ምዕራፍ ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ። የሱስ ነዚ ኣሰቃቕ መቕጻዕቲ ኣክንዳና ክቕጻዕ ፍቓደኛ ኮይኑ ምስተረክበ ንሰብ ኣብ ሕቑፊ ኣምላኹ ናይ ምምላስ ኣፍደገ ተኸፊቱ። ካብ ናይ ዘለኣለም ሞት ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ናይ ምስግጋር ዕድል ተኸፊቱሉ።

“እግዚኣብሄር በለኒ፣ **ንሸኻ ወደይ ኢኻ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ**”። (መዝ 2፣7) ኣበይናይ ጊዜ ዝተፈጸመ ምውላድ እዩ ዝዛረብ ዘሎ? ነቲ ኣብ መብልዒ ማል ኪውለድ እንከሎ ዘመልክትዶ ይኸውን? “ኣምላኽ ግና ካብ ምውታት ኣተንስኦ። ነቶም ካብ ገሊላ ናብ የሩሳሌም ምስኡ ዝደየቡ ሕጂ ኸኣ ኣብዚ ህዝቢ እዚ ምስክሩ ኾይኖም ዘለዉ ብዙሕ መዓልቲ ተራእዮም። ከምቲ ኣብ ካልኣይ መዝሙር **ንሸኻ ወደይ ኢኻ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ**ዐ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ ኣምላኽ ንየሱስ ኣተንሲኡ እቲ ነቦታትና እተዋህበ ተስፋ ንኣና ንደቆም ከም ዝፈጸሞ ንሕና ድማ ነበስረኩም ኣሎና። ከም ብሓድሽ ናብ ጥፍኣት ከይምለስ ከኣ ካብ ምዉታት ኣተንሲእዎ እዩ እሞ እቲ ቅዱስን እሙንን በረኸት ዳዊት ክህበኩም እየ በለ።” (ግብ 13፣30-34) እዚ ጥቕሲዚ ከምዘብርሆ እቲ “ንሸኻ ወደይ ኢኻ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ” ዝብል ቃል ነቲ ኣብ መብልዒ ማል ምውላዱ ዘይኮነ ካብ ሞት ንምትንሳኡ ዘመልክት እዩ። ብርግጽ እንታይ ክብል እዩ ደልዩ? ነዚውን ኣብ ዕብ 1፣4-5 ተመሊሱ ንርእዮ፣ “ካብቶም መላእኽቲ ብዙሕ ዚበልጽ ስም ብዝወረሰ መጠን ክሳዕ ክንድዚ ኻባታቶም በለጸ። እስኪ ካብ መላእኽቲኸ ንመኖም እዩ፣ **ንሸኻ ወደይ ኢኻ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ** ከም ብሓድሽ ድማ **ኣነ ኣቦ እኾኖ ንሱውን ውሉድ እኾነኒ**፣ ዝበሎ?” የሱስ ሓጢኣት ኮይኑ ኣብ ሲኦል ወሪዱ ዋጋ ሓጢኣት ከፊሉ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ብመንፈስ ቅዱስ ምስተንስኤ ከም ብሓድሽ ካብ ኣምላኽ ንምውላዱ ከመልክት “ከም ብሓድሽ ኣነ ኣቦ እኾኖ ንሱውን ውሉድ እኾነኒ” ብምባል ካብ

ጽሓይ ብዝበርህ መገዲ ገሊጽዎ እኖሆ። የሱስ ከምብሓድሽ ካብ ኣቡኡ ብምውላድ ንኹሉ ዓለት ሰብ ካብ ናይ ዘለኣለም ሞት፣ መንፈሳዊ ሞት፣ ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክሰጋገር ዘኽእል ሓቂን፣ መገድን፣ ህይወትን ኮይኑ። ነፍስወከፍ ሰብ ካብ ዘሎዎ መንፈሳዊ ሞት ከም ብሓድሽ ብምውላድ ውሉድ ሰመያዊ ኣምላኹ ክኸውን፣ የሱስ ቦኽሪ ውሉድ ኮይኑ። “ነቶም ቀደም ዝፈለጦም ንሱ ንብዙሓት ኣሕዋትሲ በኹሮም ምእንቲ ኪኸውን ንምስሊ ወዱ ኺመስሉ ቀደም መደቦም” (ሮሜ 8፣29)። “እቲ ዚቕድስን እቶም ዚቕደሱን ኩላቶም ካብ ሓደ እዮም። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ስምካ ነሕዋተይ ክነግሮም ኣብ ማእከል ማሕበርውን ክዝምረልካ እየ ኢሉ ኣሕዋተይ ንምባለሎም ኣይሓፍርን እዩ። ደጊሙ ኸኣ ኣነ ኣብኡ ኽውከል እየ ከም ብሓድሽውን እኔኹ፣ ኣነን እቶም ኣምላኽ ዝሃበኒ ውሉድን ይብል” (ዕብ 2፣11-13)።

6.2 ኣብ ሰማያት ልዕሊ ኩሉ ስልጣናት ተቐሚጥና ኣሎና

“ኣምላኽ ንክርስቶስ ካብ ምዉታት ኣተንሲኡ ኣብ የማኑ ኣብ ሰማያት ምስ ኣቐመጦ፣ ኣብታ እትመጽእውን እምበር፣ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ጥራይ ዘይኮነ ርሒቕ-ልዕሊ (Far above) ኩሉ ሽመትን ስልጣንን ሓይልን ጎይትነትን ዚሰመ ዘበለ ስምን ምስ ኣርኣሶ፣ <u>ነቲ ሕልፊ ዘለዎ ዓ ብዩ ሓይሊ ኣባና እንኣምን ዘሎና ኸም ስልጣን ሓይሉ ኣብ ክርስቶስ ዝገበሮ ግብሪ</u> ንሰኻትኩም እንታይ ምኻኑ ኽትፈልጥዎ እጽልየልኩም ኣሎኹ” (ኤፌ 1፣19-21)። ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ንክርስቶስ ካብ ሞት ዘተንስኦ ሕልፊ ዘለዎ ዓብዩ ሓይሊ ኣምላኽ ዘይንፈልጥ ከይኸኸውን ጸልዩ። በዚ ሓይሊዚ ደናቕር ኣይኸኩን? ይብል። የሱስ ክርስቶስ ካብቲ ኣብ ሲኦል ኣብትሕቲ ጸልማት ዝነበሮ ክትንስእ ክሳብ ክንደይ ኣሎ ዝብሃል ሓይሊ ብምትእኽኻብ ከፍኸሎ ተዓጢቕ ኔሩ ይኸውን? ኩሎም ሕልቅነታትን፣ ስልጣናትን፣ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን፣ መናፍስቲ እከይን፣ ተወዳዲቦም ኣብቲ ዝነበሮ ስፍራ ምዉታት ከትርፍዎ እሞ ኩሉ ተልእኾ ድሕነት ከፍኸሉ ዘሎዎም ሓይሊ ተጠቒሞም። እቲ ሓቂ ንሱ ስለዝነበረ እግዚኣብሄር በቲ ሕልፊ ዘሎዎ ዓብዩ ሓይሉ ከምዘተንስኦን፣ ኣብ ሰማያት ኣብ የማኑ ኣቐሚጡ ርሒቕ ልዕሊ ኩሉ ሕልቅነታትን ስልጣናትን ዝስመ ኩሉ ስምን ከምዝገበሮ ክንርዳእ ከምዘሎና ቃል እግዚኣብሄር ይዛረብ። የሱስ ክርስቶስ ብዓቢ ሓይሊ ካብ ሞት ተንሲኡ፣ ብኣዝዩ ዓብዩ ሓይሊ ከኣ ኣብ የማን እግዚኣብሄር ተቐሚጡ። ልዕሊ ኩሉ ዝስመ ስም ክኸውን ክሳብ ክንደይ ዓብዩ ሓይሊ ክህልዎ ከድሊ እዩ? ልዕሊ ኩሉ ዝስመ ስም ክኸውን ሕልፊ ዘለዎ ዓ ብዩ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ እዩ ኣድልይዎ።

“ነቲ ሕልፊ ዘለዎ ዓብዪ ሓይሊ ኣባና እንኣምን ዘሎና ኸም ስልጣን ሓይሉ ኣብ ክርስቶስ ዝገበሮ ግብሪ”፣ ዝብል ምስ ቀጺሉ ኣብ ምዕራፍ ክልተ ዘሎ ኣትሓሒዝና እንተርኢናዮ ካልእ ዓቢ ሓቂ ንዕዘብ። ***“ንኣና፣ ብበደልና ምዉታት ከሎና፣ .... ምስኡውን ኣተንሰኣና፣ .... ኣብ ሰማያት ብክርስቶስ የሱስ ምስኡ ኣቐመጠና”*** *(ኤፌ 2፡5-7)*። እዚ ቃልዚ ከምዘብርሆ ንሕና ገና ብመንፈስ ምዉታት እንከለና የሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ክትንስእ እንኮሎ ምስኡ ኣተንሲኡና፣ ምስኡ ከኣ ኣብ ሰማያት ኣቐሚጡና። ብዓይኒ ኣምላኽ ነፍስወከፍ ሰብ የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመት ካብ ሞት ክትንስእ እንከሎ በቲ ሕልፊ ዘሎዎ ዓብዪ ሓይሊ ኣምላኽ ምስኡ ከምዝተንስኤን ኣብ ሰማያት ምስኡ ተቐሚጡ ከምዘሎን እዚ ቃልዚ የነጽሮ ኣሎ። ስለዚ ንሕና እንኣምን ነቲ ብኣዝዩ ዓብዪ ሓይሊ ምስ ክርስቶስ ምትንሳእናን ኣብ ሰማያት ልዕሊ ኩሉ ኣስማት ምቕማጥናን ደናቕር ከይኸውን ሃዋርያ ጳውሎስ ጸልዩ። ብኣዝዩ ዓብዪ ሓይሊ ምስ የሱስ ምስተንሳእና በቲ ሓይሊቲ ርሒቕና ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሕልቅነታትን ስልጣናትን ዝስመ ኩሉ ኣስማትን ምስ የሱስ ተቐሚጥና ኣሎና። ናይ የሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ምትንሳእ ንኣና እምበር ንሱስ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ጎይታ ኩሉ ዝነበረ ወዲ ኣምላኽ እዩ። ዝኾነ ይኹን ዝገበሮ ኣክንዳና ኸይኑ ዝገብሮ፣ ንኣና ኢሉ ዝገበሮ እዩ።

“ከምቲ ሲጋ ሓደ ኽነሱስ፣ ብዙሕ ኣካላት ዘለዎ፣ ብዘሎ እቲ ኣካላት ሲጋ ኽኣ፣ ብዙሕ ክነሱስ፣ ሓደ ሲጋ ዝኾነ፣ ክርስቶስ ከኣ ከምኡ እዩ። ኣይሁድ ወይስ ጽርኣውያን፣ ባሮት ወይስ ጭዋታት እንተኾንና፣ ንሕና ኹላትና ሓደ ሲጋ ምእንቲ ኽንከውንሲ፣ ብሓደ መንፈስ ተጠሚቐና ኢና እሞ፣ ሓደ መንፈስ ሰቲና። እቲ ሲጋ ከኣ ብዙሕ እምበር ሓደ ኣካል ኣይኮነን” (1ቆረ 12፡12-14)። “እምበኣርከ ንስኻትኩም ሲጋ ክርስቶስ ኢኹም፣ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ በብኽፍሉ ኣካላቱ ኢኹም” (1ቆረ 12፡27)። “እቲ ምስ ጎይታ ዚለግብ ምስኡ ሓደ መንፈስ እዩ” (1ቆረ 6፡17)። ክርስቶስ ርእሲ ማሕበሩ እዩ ንሕና ከኣ ኣካላቱ ኢና (ኤፌ 5፡22-23)። ከምቲ ሲጋ ሓደ ክነሱስ ብዙሕ ኣካላት ዘለዎ፣ እቲ ኣካላት ሲጋ ከኣ ብዙሕ ክነሱስ ሓደ ሲጋ ዝኾነ፣ ከምኡ ኸኣ ንሕና እቶም ኣካላት ክርስቶስ፣ ብዙሕ ክነስና ሓደ ክርስቶስ ኢና። ርእሲ ካብ ኣካል ፈሊኻ ክትርእዮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብቲ ርእሲ ዘሎዎ፣ እቲ ኣካል ኣሎ። ርእሲ ብዘይ ኣካል፣ ኣካል ከኣ ብዘይ ርእሲ ህላዌ የብሉምን። በበይኖም ዝርከቡሉ ጊዜ የሎን። ርእሲ ስለዘሎ ኢኻ ብዛዕባ ኣካል ትዛረብ፣ ከምኡውን ኣካል ስለዘሎ ኢኻ ብዛዕባ ርእሲ ትዛረብ። በዚ ሓቂዚ እምበኣር የሱስ ክርስቶስ ከም ርእሲ ማሕበሩ ካብ ሞት ክትንስእ ኣንከሎ ከምኡ ኸኣ ማሕበሩ ከም ኣካሉ ምስኡ ተንሲኣ እያ። ከምቲ ንሱ

ኣብ የማን ኣቡኡ ልዕሊ ኩሉ ስልጣናትን ሕልቅነታትን ዝስመ ዘበለ ስምን ዘሎ፣ ከምኡውን ማሕበሩ ምስ የሱስ ኣብ ሰማያት ተቐሚጣ እያ ዘላ። እቲ ንርእሲ ዝተባህለ ንኣካሉውን ዝተባህለ እዩ። ብእኡ እዩ ኽኣ ሃዋርያ ዮሃንስ ከምቲ ሕጂ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ሰምያት ዘለዎ ከምኡ ልክዕ ኣብዚ ምድሪ ኣሎና ዝበሎ (1 ዮሃ 4፣17)። ስለዚ እቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝጸለዮ ጸሎት ከምቲ ኣብ ክርስቶስ ኣባና እንኣምን ካብ ሞት ተንሲእና ኣብ ሰማያት ምስ ክርስቶስ ብምቐማጥና ኣብ ልዕሌና ዝተቐመጠ ሕሉፍ ዓቢ ሓይሊ ምስትውዓሉ ክህልወና እዩ። ብክርስቶስ የሱስ ርሒቕና ልዕሊ ኩሉ ሽመትን ስልጣንን ሓይልን ጎይትነትን ዚስመ ዘበለ ስምን ኢና ዘሎና። *“ግናኸ እቲ ማእሊያ ዘብሉ ሓይሊ ኻብ ኣምላኽ እምበር ካባና ምእንቲ ኽይከውን እዚ መዝገብ እዚ ኣብ ኣቕሓ መሬት እዩ ዘሎና” (2ቆሮ 4፣7)።*

6.3 ንብዘሎ ኣብ ትሕቲ ኣእጋርና ኣግዝኡ

“ንብዘሎ ኽኣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኣግዝኡ፣ ኣብ ልዕሊ ኹሉሰ ርእሲ ምእንቲ ኪኸውን ድማ ነታ ማሕበር ወፈዮ። ንሳ ኽኣ ሲጋኡ ናይቲ ኹሉ ኣብ ኩሎም ዚመልእ ምልኣቱ እያ” (ኤፌ 1፣22-23)።

የሱስ ካብ ሞት ምስተንስኤ ንሕና ምስኡ ከም ኣካሉ ከምዝተንሳእና፣ ኣብ ሰማያት ምስ ኣቡኡ ምስተቐመጠ ኽኣ ብእኡ ምስኡ ምስ ኣቦ ተቐሚጥና ከምዘሎና ብሰፊሑ ርኢናዮ። እግዚኣብሄር ንየሱስ ኣብ ሰማያት ምስ ኣቐመጠ ልዕሊ ኩሉ ዝስመ ኣስማት ምስገበሮ ንብዘሎ ፍጥረት ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኣግዝኡ። እታ ሲጋኡ ዝኾነት ማሕበሩ ናይቲ ኩሉ ኣብ ኩሎም ዚመልእ ምልኣቱ እያ። ንሱ ርእሲ ከም ምሻኒ መጠን ዝተረፈ ኣካላቱ ኩሉ ንማሕበሩ ዘመልክት እዩ። ስለዚ ንጸላኢ ብማሕበሩ እዩ ዝገዝኡ። እግሩ ማሕበሩ እያ።

እግሪ እቲ ዝተሓተ ክፍሊ ኣካሉ እዩ። ካብዚ ክንርድኦ ከምንኽእል ከኣ ኣብ ማሕበሩ እቲ ዝተሓተ ደረጃ ክብሃል ዝክኣል ኣማኒ በቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዝረኸቦ ቦታ ልዕሊ ኩሉ ዝስመ ኣስማት ተቐሚጡ ስለዘሎ ኩሉ ናይ ጸላኢ ሓይሊ ኣብ ትሕቲኡ ግዙእ እዩ። ስለዚ ንሕና ርሒቕና ልዕሊ ኩሉ፡-

- ዘሸግር ዝተፈላለየ ጉድለታትን ኣመላትን ጠባያትን ባህልታትን
- ስልጣናትን ሓይልታትን ዝተፈላለዩ ክስመዩ ዝኽእሉ ዓይነት መናፍስትን፣
- ቀለልቲ ኾነ ከበድቲ ሕማማት፣ ስዓል፣ ቲቢ፣ ካንሰር፣ ኤች ኣይ ቪ፣ ሕማም ከብዲ፣ ኩሊት፣ ማህጸን፣ ርእሲ፣ ሕቐ፣ ምዓንጣ ካልኦትን

- ኣብ ቤት፣ ስድራቤት፣ ዓሌት፣ ጎረቤት፣ ከባቢ፣ ዓዲ፣ ሃገር ዘጋጥሙ ዝተፈላለዩ ባህላዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ምምሕዳራዊ ፓለቲካዊ ጸገማት፣

ልዒልና ኢና ዘሎና።

ኩሉ ሓጢኣት፣ ሕማም፣ ድኽነት፣ ጉስቅልና ኩሉ ጸራትን ማእሰርትታትን ናይ ጸልማት ሓይልታትን ካልእ ክስመ ዝክኣል ኣስማትን ኣብ ትሕቴና ክግዝኡ ተመዲብሎም እዩ። ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ክንከውን ዘድሊ ዝኾነ ቅድመ ኩነት የሎን። እቲ ብደሙ ምእማንና ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሰማያት ምቕማጥና ዘምጽኣልና ኩነት እምበር ብምምላላስና ወይ ብዝኾነ መንፈሳዊ ልምምድ ነምጽኦ ኣይኮነን። ከም ኣካል ጎይታ የሱስ ልዕሊ ኩሉ ስልጣናት ስለዝኾንና ኩሉ ኣብ ትሕቲ ኣእጋርና ግዙእ እዩ።

“ኣምላኽ ሰላም ከኣ ንሰይጣን ቀልጢፉ ኣብ ትሕቲ እግርኹም ኪቕጥቅጦ እዩ።” (ሮሜ 16፡20) እግዚኣብሄር ብምኽንያት ወዱ ዝተፈጸመ ዕዉት መስዋእቲ ንድያብሎስ ኣብ ትሕት እግርና ኣቕሚጥዎ። ኣብ ትሕቲ እግርኻ ዘሎ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ግዝኣትካ ዘሎ እዩ። ንትብሎ ሙሉእ ብሙሉእ ከኽብር ዘሎዎ እዩ። እወ! እግዚኣብሄር ንዲያብሎስ ኣብ ትሕቲ እግርና ከምዘሎ ጥራይ እዩ ዚፈልጥ። ንሰኻ ትብሎ ክእዘዝ እምበር፣ ንሱ ዝበለካ ክትብል ግበር ዝበለካ ክትገብር ስልጣንካ ምስሓት መንነትካ ምጥፋእ እዩ። ኣብ ልዕሌኻ ወይ ጎድንኻ ኣመዓራረኻ ከተቕምጠ ጽሑፍ ኣይኮነን። ናይ ስልጣን ዘመኑ ሳላ እቲ ኩቡር ደም የሱስ ኣብቂዑ እዩ። እግዚኣብሄር ንዲያብሎስ ዚቕጥቅጠሉ ቦታ ኣብ ትሕቲ እግርኻ ጥራይ እዩ። እግዚኣብሄር ከም ቃሉ እዩ ዚሰርሕ። ኣብ ርእሰኻ ሰቒልካዮ እንኮለኻ ዝገብሮ የብሉን። ብመጀመርያ እግዚኣብሄር ኣብ ዘቕመጠ ኣቕምጦ። ብድሕሪኡ ኣብኡ ኪቕጥቅጦ እዩ። ንደቂ እግዚኣብሄር ኪትንክፈሉ ዝኽእል ዝኾነ ስልጣን የብሉን። መሰል የብሉን። “እቲ ኻብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ..... እቲ እኩይውን ኣይትንክዮን እዩ” (1ዮሃ 5፡18)።

እቲ ናይ ዓወት መገዲ ንነገራት እግዚኣብሄር ከምዝርእዮ ምርኣይ ጥራይ እዩ። ሓሳባትካ ወይ ስምዒትካ ከም ዝበሎ ክትርኢ እንተኾንካ ሞት እዩ (ሮሜ 8፡7)። ናይ እግዚኣብሄር ቃል ሳይንሳዊ ብዝኾነ መገዲ ከተረጋግጸ ምፍታን ድኻም እዩ። ሳይንስ ንጉዝፍ ነገራት እንተዘይኮይኑ ንረቂቕ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዚካየድ ናይ ዲያብሎስ ኣሰራርሓ ኣብ ላባራቶሪ መርሚሩ ሓቅነቱ ክነግረካ ኣይክእልን እዩ። ሰለዚ ብመጀመርያ ዕሽነት ዋላ ይምሰል እግዚኣብሄር ካብ ኩሉ ዓይነት ሰብ ከም ዝልብም ፈሊጥካ ንቓሉ ከተኽብር ምውሳን ናይ

መጀመርያ ጥበብ ምኻኑ ምፍላጥ ወሳኒ እዩ። ምክንያቱ “ቃል መስቀል ነቶም ዝጠፍኡ ዕ ሽነት እዩ፣ ንኣና ንንኣምን ግን ሓይሊ ኣምላኽ እዩ። (1ቆረ 1፡19)

7 ብደም የሱስ ዝተረኽበ ኣገልግሎት መላእኽቲ

“ንሸኻትኩም ግና ናብ ከረን ጽዮንን ናብታ ኽተማ ህያው ኣምላኽ ሰማያዊት የሩሳሌምን ናብቶም ኣእላፋት መላእኽትን ኢኹም ዝበጻሕኩም፣ ናብ ጉባኤ ኹሉ ናብ ማሕበር እቶም ኣብ ሰማያት ተጻሒፎም ዘሎዉ ቀኹራት ናብ ኣምላኽ ፈራድ ኩሉ ናብ መናፍስቲ እቶም ፍጹማት ጻድቃንን ናብ የሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳንን ናብቲ ኻብ ደም ኣቤል ዝሓሸ ዚዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣሎኹም” (ዕብ 12፡22-24)።

ጎይታ ምስተቐበልና ናብቲ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ግዝኣት ዘሎዎ መንግስቲ ኣምላኽ ንኣቱ፣ ናብቶም ቀዲሞምና ኣብቲ መንግስቲ ኣትዮም ዝነበሩ፣ ካልኣይ ዝተወልዱ፣ ጎይታ የሱስ ዝቐጻማዮም ቦኽራት ንጽንበር። ናይቲ ብደም ዝርከብ ጥቕምታት ተጠቀምቲ ንኸውን። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ናብ ሓለዋ ኣእላፋት መላእኽቲ ንኣቱ። “ኩላቶምዶ (መላእኽቲ) ነገልግሎት እቶም ምድሓን ኪወርሱ ዘለዎም ዚለኣኹ መናፍስቲ ኣገልግሎት ኣይኮኑን?” (ዕብ 1፡14)

ወንጌል ናይ ምድሓን ሓይሊ ኣምላኽ እዩ (ሮሜ 1፡16)። ምድሓን ዝብል ቃል ካብ ዘለኣለማዊ ሞት ንምድሓንና ጥራይ ዘመልክት ኣይኮነን። ምድሓን ኻኹሉ ብሓጢኣት ካብ ዝኣተወ ሳዕቤናት ኩሉ ሓራ ምውጻእ ዘመልክት እዩ። ፈውሲ፣ ብልጽግና፣ ካብ ዝኾነ ዓይነት ማእሰር ምፍታሕ ብደም የሱስ ዝተዓደጉ ክፋላት ምድሓን እዮም። መላእኽቲ ከኣ ብኹሉ መዳይ ህይወትና ሙሉእ ድሕነት ክንረክብ ዝተላእክዎ ኣገልግሎት ይህቡና።

7.1 የሱስ ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ዝቕመ መሳልል እዩ

“ካብ ሕጂ ሰማይ ተኸፊቱ መላእኽቲ ኣምላኽውን ናብ ልዕሊ ወዲ ሰብ ኪድይቡን ኪወርዱን ከም እትርእዩ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ” (ዮሃ 1፡51)።

ሰማይ ሳላ ደም የሱስ ተኸፊቱ። ብሓጢኣት ዕጹው ዝነበረ ሕጂ ሳላ ደም የሱስ ክርስቶስ ሓንሳብ ንንሓዋሩ ተኸፊቱ። “ያእቆብ ... ሓለመ ኸኣ፣ እሞ እንሆ መሳልል ኣብ ምድሪ ደው ኢሉ ርእሱ ድማ ሰማይ ጠንቀሩ እንሆ ኸኣ መላእኽቲ ኣምላኽ ይድይቡሉን ይወርዱሉን” (ዘፍ 28፡10-12)። የሱስ ናይ ሰማይን ምድርን መትዓረቒ እዩ። ናብ ሰማይ ዘእቱ እንኮ

መሳልል የሱስ እዩ። የሱስ ኣብ ሞንጎናን ኣብ መንጎ ኣምላኽናን ዝነበረ ከልካሊ ቐጽሪ ዘፍረሰ ሰላምና እዩ (ኤፌ 2፡14)። የሱስ ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ዝርከብ መሳልል እዩ። በዚ መሳልልዚ ብምውራድን ብምድያብን ድማ መላእኽቲ እግዚኣብሄር ነቶም ምድሓን ዝወርሱ ፍሉይ ኣገልግሎት ይህቡ።

ቅድሚ ብደም የሱስ ሰማይ ምኽፋቱ መላእኽቲ ሓሊፉ ሓሊፉ ኣገልግሎት ይህቡ ምንባሮም ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዙሕ ኣብነታት ክጥቀስ ይክኣል እዩ። ዓለም ኣብ ትሕቲ እቲ እኩይ ከላ ክህብዎ ዝኽእሉ ዝነበረ ኣገልግሎት ድሩት እዩ። “በለኒ ድማ፡ ዳንኤለይ ካብታ ልብኻ ናብ ምስትውዓል ዘቕናዕካላ ርእሸኻውን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽካ ዘትሓትካላ ቐዳመይቲ መዓልቲ ጀሚረን ቃላትካ ተሰሚዔን እየን እሞ ኣይትሸበር ምእንቲ እዘን ቃላትካ ኸኣ መጺኤ እኔኹ። እቲ መስፍን መንግስቲ ፋርስ ግና ዕስራን ሓደን መዓልቲ ተቓወመኒ” (ዳን 10፡12-13)። ኣብዚ ጸሎትዚ ዳንኤል ኣብታ ልቡ ዘቕንዓላ ቀዳመይቲ መዓልቲ እኳ እንተተሰምዔ መናፍስቲ እከይ ተቓዊሞም ን21 መዓልታት ከምዘደናጎይዎ ንርኢ። ምኽንያቱ ኣብቲ ጊዜቲ፡ ኣምላኽዛ ዓለም፡ ሓለቓ ስልጣን ኣየር፡ ዝነበረሉ ጊዜ ስለዝነበረ ዳኒኤል ብስም የሱስ ካብ ዕዮኡም ደው ከብሎም ስልጣን ኣይነበሮን። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ግን ከምዚ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። “ጎይታይ ኢጋንንቲ ድማ ብስምካ ይግዝኡና ኣለዉ እናባሉ ብሓጎስ ተመልሱ። በሎም ሰይጣን ከም መብረቕ ካብ ሰማይ ኪወድቕ ከሎ ርኤኽዎ” (ሉቃ 10።17-18)። እቲ ስልጣን ሰማይን ምድርን ናይ የሱስዩ። ብስም የሱስ ከኣ ንኣና ንደቂ እግዚኣብሄር ተዋሂቡ። ኣብዚ ምድሪዚ ሰበስልጣን ንሕና ደቂ እግዚኣብሄር ኢና። እዚ ምስ ኮነ ሰይጣን ምስ ኩሉ ጭፍርኡ ካብቲ ዝነበሮ ናይ ስልጣን ልዑል ስፍራ ካብ ሰማይ ከም መብረቕ ወዲቑ እዩ። ኣብ ሰማይ ኮይኑ ካብ ዙፋን እግዚኣብሄር ንዝልኣኽ መልእኽቲ ኩተዓ ናቕፍ ኣይክእልን እዩ። በዚ ኸኣ መላእኽቲ ብደም የሱስ ሰማያት ሰለዝጸረየሎም ክወርዱን ክድይቡን ዝተላእክዎ ስራሕ ክሰርሑ ዘደናጉዮም የሎን። እቲ ኣብ ሰማይ ዝነበረ መንግስቲ ሎሚ ኣብ ልብና ኣብ ምድሪ ወሪዱ እዩ። ነዚ ኣብ ልቢ ሰባት ተተኺሉ ዘሎ መንግስቲ እግዚኣብሄር ዓጀብቱ ኸኣ መላእኽቲ እግዚኣብሄር እዮም። የሱስ መሳልል ሰማይን ምድርን እዩ።

7.2 መላእኽቲ ኣብ ከባቢና ከም ቀጽሪ ሓዊ እዮም

ጎይታ ምስተቐበልና እግዚኣብሄር ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልብና ይሓድር። ዙፋን ኣምላኽ ኣብ ልብና ስለዝመጸ ኸኣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መላእኽቲ ኣብ ከባቢና ከም ቀጽርና ኮይኖም ኣብ

ኩሉ መገድና ከሰንዩና ይምደቡ። ኣብ ካልኣይ ነገስት ከምንረኽቦ መላእኽቲ ብመልክዕ ናይ ሓዊ ኣፍራስን ሰረገለታትን ኣብ ከባቢና ከምዝቐጽሩና ንርኢ። *“እቲ ጊልያ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣንጊሁ ተንሲኡ ምስ ወጸ ከኣ እንሆ ሰራዊት ምስ ኣፍራስን ሰርገላታትን ነታ ኩተማ ከቢብዋ ነበረ። እቲ ጊልያኡ ድማ ኣየ ጎይታይ እንታይ ክንገብር ኢና? በሎ። ንሱ ኸኣ ካብቶም ምሳታቶም ዘለዉስ ምሳና ዘለዉ ይበዝሑ እዮም እሞ ኣይትፍራሕ በለ። ኤልሳእ ድማ ዎ እግዚኣብሄር እልምነካ ኣሎኹ ኪርእስ ኣዒንቱ ክፈት ኢሉ ጸለየ። እግዚኣብሄር ከኣ ኣዒንቲ እቲ መንእሰይ ከፈተ እሞ ረኣየ እንሆ ድማ* <u>*ኣብ ዙርያ ኤልሳእ እቲ ከረን ናይ ሓዊ ኣፍራስን ሰረገላታትን መሊእዎ ነበረ*</u> *(2ነገ 6፡15-17)። “ብዛዕባ መላእኽቲ ከኣ መላእኽቱ* <u>*ንፋሳት*</u> *ኣገልገልቱውን* <u>*ሃልሃልታ ሓዊ ዝገብር*</u> *ይብል” (ዕብ 1፡6)። “መልኣኽ እግዚኣብሄር ኣብ ዙርያ እቶም ዚፈርህዎ ይሰፍር የናግፎም ከኣ” (መዝ 34፡7)።*

ከምቲ ኣብ ዙርያ ኤልሳእ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ስለዝኾነ መላእኽቲ ብናይ ሓዊ ኣፍራስን ሰረገላታትን መሊኦሞ ዝነበሩ ኣብ ዙርያናውን ከም ሃልሃልታ ሓውን፡ ብናይ ሓዊ ኣፍራስን ሰረገላታትን መሊኦም ይነብሩ። ካብ ሲኦል ንዝልኣኽ ዝኾነ ፍላጻ ንምጥፋእ ኣብ ከባቢና ቀጽሪ ሓዊ እዮም። ከይተረድኣናውን ኣብ ከባቢና ከም ጸጎነ እከይ ከይጠብቀና መላእኽቲ እግዚኣብሄር ኣብ ከባቢና ሃልሃልታ ሓዊ እዮም። ከም ደቂ ንጉስ ኮይንና ክንመላለስ መንግስቲ እግዚኣብሄር ምስ ኩሉ ሰራዊቱ ከቢቡ ምሳና ይነብር። ኣብ ከባቢና እንታይ ንርኢ? ኣዝዩ ዘሕዝን ካባና ኣዝዮም ርሒቐም ካብ ሲኦል ኣብ ኣእምሮና ንምፍታን ጥራይ ስልጣን ንዘሎዎም መናፍስቲ ብፈቐድኡ ከቢቦምና ከምዘለዉ ዝመስለና፡ ብእኡ ኸኣ ኣብ ፍርሃቶምን ራዕዶምን ንነብር ንህሉ። እቲ ሓቂ ንሱ ኣይኮነን። ንሕና ከም ደቂ ንጉስ መላእኽቲ ዝተወጥሕዎም ናይ ሓዊ ኣፍራስን ሰረገላታትን ተኸቢብና ዘሎና ኢና። ነዚ ንርኤ። ኣብ ፍልጠቱን ምርኣዩን እንተዘይኣቲና ከም ገሓዚ ቦቲ ብዓይንና ዝርኤ ናይ ጸላኢ ምግቡዕባዕ ክንርዕድ ንኽእል ኢና። እቲ ፈውሱ ነቲ ብደም የሱስ ዝተዓደገልና ክብሪ ምርዳእ ጥራይ እዩ።

7.3 ንኹሉ ዘድልየና ረድኤት ንምሃብ ምዱባት እዮም

“ነይታይ ንሰኻ መዕቆብይይ ኢኻ ኢልካ ኢኻ እሞ ንልዑልሲ መጸግዒኻ ሰለ ዝገበርካዮ፡ እከይ ዘበለ ኣይኪረኽበካን ሰቓይውን ኣብ ድንኳንካ ኣይኪቐርብን እዩ። ኣብ ኩሉ መገድኻ ኺሕልዉኻ፡ ንመላእኽቱ ኺእዝዘልካ እዩ እሞ፡ እግሮኻ ብእምኒ ኽይትዕንቀፍሲ ኣብ ልዕሊ ኣእዳዎም ኪጸሩኻ እዮም” (መዝ 91፡10-12)።

ወዲ ጎይታ ስለዝኾንካ እከይ ዘበለ ከይረኽበካ፡ ኣብ ኣካላትካ፡ ቤትካ ዝኾነ ስቓይ ዘምጽእ ከየጋጥመካ ንሓለዋኻ መላእኽቲ ይምደቡልካ። ምዱባት መላእኽቲ ኣሎዉና። ክንሓስቦ ብዘይንኽእል ብዝሒ ዘለዎም መላእኽቲ ዝተኸበብና ኢና። ብእምኒ ከይንዕንቀፍ እኳ ኣብ ልዕሊ ኣእዳዎም ኪጸሩና ክሳብ ክንድዚ ኣብ ናእሽቱ ጉዳያትና ኣትዮም ብሕንቃቔ ህይወትና ክንመርሕ ብዝሕጉዙና መላእኽቲ ዝተኸበብና ኢና። ንፍሉይ ሓለውኦም ሓደ ሓደ ኣብነታት ክጥቀስ ይክኣል እዩ።

“ንሲድራቕን ሚሳቕን ዓብድኔጎን ኪኣስርዎም እሞ ናብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ኺድርብይዎም ካብቲ ሰራዊት ሓያላት ሰባት ኣዘዘ። ... ናብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ከኣ ተደርበዩ። ... እቲ ሃልሃልታ ሓዊ ነቶም ንሲድራቕን ሚሳቕን ዓብድኔጎን ዝደርበይዎም ሰባት ቀተሎም። ... እንሆ ኣነ ኣርባዕተ ፍቱሓት ሰባት ገለ እኳ ኸይተጎድኡ ኣብ ማእከል ሓዊ ኺመላለሱ እርኢ ኣሎኹ ትርኢት እቲ ራብዓይ ድማ ወዲ ኣምላኽ ይመስል። ... <u>እቲ ሓዊ ኣብ ስጋኡም ገለ ሓይሊ ኸም ዘይነበሮ ረኣዩ። ጸጉሪ ርእሶም ኣይቃረየን ክዳውንቶም ኣይተለወጠን ኤረ ጨና ሓዊ እኳ ኣይሓለፎምን</u>” (ዳኒ 3።20-27)። እዚ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኣገልግሎት መላእኽቲ ብትኽክል ዘንጸባርቕ ትእምርቲ እዩ። ነቶም ሰለስተ መንእሰያት ክበልዕ ባህርያዊ ሓዊ ተዳልዩ፡ ኣብኡ ተደርብዮም ኪንየውቲ ኣብ ዙርያኦም ዝነበረ ሃልሃልታ ሓዊ መላእኽቲ ሓሊፉ ክንድኦም ኣይክኣለን። እኳ ድኣ እቲ ናይ መላእኽቲ ሃልሃልታ ሓዊ ነቶም ነዞም መንእሰያት ከጥፍኡ ዝመጹ ሓያላት ክበልያም ተራእዩ። ኣብዚ ክንርድኦ ክምንኽእልውን ብሓዊ ክምሰል ዝኽእል ኩነታት ኣብ ንሓልፈሉ ጊዜ እግዚኣብሄር ብመላእኽቱ ነቲ ኣጓዲ ሓዊ ኣጥፊኡ እቲ ሓዊ ብናይ መላእኽቲ ሓዊ ተዋሒጡ ጨንኡ ዘይብልና ፍጹም ሓራ ንምኳን ዘድሊ ረድኤት ይገብረልና። ኣብ ከባቢና እንታይ ዓይነት ሓለዋ ከምዘሎና ምፍላጥ የድሊ እምበር ዘተኣማምን ናይ ጸጥታ ሓለዋ እዩ ዘሎና። ኣብ ልዕሊ እዞም መንእሰያት ዝተኣጉደ ሓዊ ጨናኡ እኳ ክሓልፎም ኣይተራእየን። ሙሉእ ሓለዋ። ኣብ ምድሪ ንነገስታትን ኣገደስቲ መራሕትን ዝግበር ረቂቕ ሓለዋ ብዙሕ ጎደሎን ምንኣስ ዓቕምን ስለዘጋጥሞ ኣብ ናይ ጸላእቲ ስውር መጥቃዕቲ ኪወድቁ ይርኣዩ። ብየሱስ ክርስቶስ ዝውደብ ብዝርጋሔ መላእኽቲ ዝካየድ ንደቂ እግዚኣብሄር ንምሕላው ዝግበር ረቂቕ ናይ ሓለዋ ኣገባብ ጎደሎ ኣልቦ እዩ። ምንም ነቕፋ ዘይብሉ ፍጹም ናይ ጸጥታ ሓለዋ።

“ሽዑ እቲ ንጉስ ኣዘዘ። ንዳንኤል ከኣ ኣምጽእዎ ናብ ጉድጓድ ኣናብስውን ደርበይዎ።... ሓደ እምኒ ኣምጺኦም ነቲ ኣፍ ጉድጓድ ዓጸውዎ። ... ንጽብሒቱ እቲ ንጉስ ኣንጊሁ ተንስኤ ቀልጢፉ ኸኣ ናብቲ ጉድጓድ ኣናብስ ከደ ናብቲ ጉድጓድ ምስ ቀረበ ንዳንኤል

እናሕነቕነቕ ጸውዖ። እቲ ንጉስ ከኣ ኣታ ዳንኤል ባርያ ህያው ኣምላኽ እቲ ኹሉ ጊዜ እተገልግሎ ኣምላኽካስ ካብ ኣናብስ ኬናግፈካዶ ከኣለ? ኢሉ ንዳንኤል ተዛረቦ። ሽዑ ዳንኤል ንንጉስ ዎ ንጉስ ንዘለኣለም ህያው ኩን። ዎ ንጉስ ኣብ ቅድሚኡ ንጹህ ኮይነ ተረኺበ እየ፡ ኣብ ቅድሜኻ ከኣ ኣይበደልኩን እሞ **<u>ኣምላኸይ መልኣኹ ልኢኹ ኣፍ ኣናብስ ዓጸወ ኩቶውን ኣይጎድኡንን</u>** ኢሉ መለሰሉ (ዳን 6፡16-22)። እዚውን ዘገርም ኣገልግሎት መላእኽቲ እዩ። ከም ኣፍ ኣንበሳ ክምሰል ዝከኣል ኩነታት ክውሕጠና ከመጽእ እንኮሎ ኣፉ ዓጽዮም ንትእምርትን ትኣምራትን ክንከውን ዝረድኡና ምዱባት መላእኽቲ ኣሎዉና። ናይ ኣናብስ ኣፍ ኣይኮነን ናይ ዝኾነ ካልእ ሓያል ኣሎ ዝብሃል እንተሎ ክዓጽዉ ዝኽእሉ ሓያላትን ስልጡናትን ምኻኖም ኣብ መዝ 103፡20 ንረክብ። ብተወሳኺ ኣብ 2ጴጥ 2፡11፡ “መላእኽቲ እኳ ብሓይልን ብስልጣንን ዝበልጹ ክንሶምስ” ይብል። ኣብ ግብ 12፡5-11 ተገሊጹ ዘሎ ታሪኽ ንሃዋርያ ጴጥሮስ ንኽልቲኡ ኣእዳዉ ኣሲርዎ ዝነበረ መቕሕ ብዘይ ምንም ቅልስ ፈቲሑም፡ ነቲ ናብ ኩተማ ዘእቱ ማዕጾ ሓጺን ብኽምኡ ከፊቶም ካብ ቤት ማእሰርቲ ከውጽእዎ ምኽኣሎም ንዘለዎም ሓይሊ ክእምት ይኽእል እዩ። ኣብዚ ምድርዚ ክጋጥም ካብ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ማሕለኻታት ከናግፉኻ ዘጸግሞም ከምዘየለ ከኣ ጽቡቕ ኣብነት እዩ። ምስቲ ረቀቕቲ ፍጥረት ምኻኖምን ኣብ ምድሪ ዝግበር ኩሉ ዝፈልጡ ምኻኖምን (2ሳሙ 14፡20) ካብ ብዙሕ ስዉር ውዲታት ክሕልዉና ኣዝዮም ሓጊዙቲ እዮም። ስለዝኾኑ ኽኣ ከምቲ ኣብ ጌተሰማነ እንከሎ ዝጸለዮ ኣብ ዘድለየካ ጊዜ ዘድልዩ ቁጽሪ መላእኽቲ ተላኢኾም ዘድሊ ሓገዝ ክህቡኻ ንኣቦ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ***<u>ነቦይ ምልማኑ ዘይከኣለኒ ንሱ ኽኣ ካብ ዓሰርተው ክልተ ለጌዎን ዚበዝሑ መላእኽቲ ሕጂ ኺሰደለይ ዘይኽእልዶ ይመስለካ ኣሎ?</u>”*** *(ማቴ 26፡53)*። ናይ ሮማ ሌግዎን ሽዱሽተ ሽሕ ወትሃደራት የጠቓልል ከምዝነበረ ይፍለጥ። በዚ እንተሓሲብና 12 ለጌዎን 72,000 መላእኽቲ የጠቓልል። ስለዚ ሓገዝ ሓቲትካ ክንድዚኦም ዝኽኣሉ መላእኽቲ ንምግልጋልካ ክልኣኹ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ግብረ ሃዋርያት ምዕራፍ 28 ከምንረኽቦ ሓደ ስሉብ ኢትዮጵያዊ ኣብ መገዲ ጋዛ ኣብ ሰረገልኡ ኮይኑ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ትንቢት ኢሰይያስ የንብብ ከምዝነበረ ነንብብ። ኣብቲ ጊዜቲ ከኣ ሃዋርያ ፊልጶስ ኣብ ሰማርያ ተላዒሉ ንዝነበረ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ ካብ ዝመርሑ ኔሩ። ብሃንደበት ከኣ መልኣኻ እግዚኣብሄር ብመንፈስ ቅዱስ ተላኢኹ ንምድሓን እዚ ሓደ ስሉብ ኢትዮጵያዊ ንዘሎዎ ቦታ ዘድሊ ሙሉእ ሓበሬታ ሂቡ ክኸይድ ክሕብሮ ንርኢ። ካብቲ ዝነበሮ ናብቲ ቦታ ክኸይድ ይኹን ክምለስ መላእኽቲ ብሰረገላ ንፋሳት ተመንዚዑ ከምዝተመላለሰ ክንርዳእ ንኽእል። ነቲ መንፈስ ቅዱስ ብውሽጥና ዝመርሓና

መሪሕነት ብደጌ ዘድሊ ተወሳኺ ግብራዊ መሰነይታ ወይ ሓበሬታ ከድሊ እንከሎ መላእኽቲ ክምደቡ ይክኣል።

(ናይ መላእኽቲ ኣገልግሎት ምስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣገልግሎት ከደናግረና የብሉን። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ክባቢና ዘይኮነ ኣብ ውሽጥና ዝነብር እዩ። መላእኽቲ ግና ኣብ ክባቢና ዝነብሩ እዮም። ካብ መላእኽቲ ንረኽቦ ምጽንናዕ፡ ሓገዝ፡ ሓለዋ ቦቲ ባህርያዊ መገዲ እዩ። ንሳቶም ብሓጢኣትና ዝረትዑና፡ ውንጌል ዝምህሩና፡ ናብ ፍልጠት ሓቂ ዘምጹና ኣይኮኑን። እዚ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ብንጹር ስራሕ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ዮሃ 14፡26 ከምኡውን ዮሃ 16፡13 ተገሊጹ ኣሎ። ኣብ ኣዝዩ ጽንኩር ኩነታት ኣብ ንርከበሉ መላእኽቲ ክመርሑና እኳ ዝኽእሉ እንተኾነ ብፍሉይ ግን ናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ እዩ። "እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዝምርሑ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም" (ሮሜ 8፡14) እምበር እቶም ብመላእኽቲ ዝምርሑ ውሉድ ኣምላኽ እዮም ኣይብልን።)

7.4 ስልጣን ምእሳርን ምፍታሕን ኣብ ዕዮ መላእኽቲ

"መርሆታት መንግስተ ሰማያት ክህበካ እየ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኹሉ ኣብ ሰማይ እሱር ክኸውን እዩ ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኹሉ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ" (ማቴ 16፡19)።

መላእኽቲ ኣምላኽ ሰመያዊ ህይወት ክንነብር ዘድሊ ሓገዝ ክገብሩልና ከም ቀጽሪ ሓዊ ከቢቦምና ዝነብሩ እኳ እንተኾኑ ካብ ፍቓድና ወጻኢ ክኸዱ ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ህይወት ብዛዕባ ዘድሊ ክንኣስርን ክንፈትሕን ስልጣን ናትና እዩ። እቲ ኣብ ሰማይ ፍቑድ ዝኾነ ክንፈትሕ ፍቑድ ዘይኮነ ኸኣ ክንኣስር ናትና ስልጣን እዩ። ክንየው ልሳንና፡ ፍቓድና፡ እምነትና ሓሊፎም ኣብ ህይወትና ዝኾነ ስራሕ ክሰርሑ ስልጣን ስለዘይብሎም ካባና ምትሕብባር የድልዮም። ነቶም ንደገፍካን ሓለዋኻን ዝተመደቡ መላእኽቲ ምንም ዘይትጥቀመሎም፡ ከምዘየለዉ ክትገብሮም ዝክኣል እዩ። ኣብ ሰማያት ፍቱሕ (ጽድቂ፡ ጥዕና፡ ብልጽግና) ትኣስር እንተኾንካ፡ ንሳቶም ድማ ኣብ ክባቢኻ ከምዘየለዉ እሱራት ይኾኑ። እቲ ኣብ ሰማይ እሱር (ሓጢኣት፡ ድኽነት፡ ሕማም፡ ጉስቅልና) ትፈትሕ እንተኾንካ ኣብዚውን ኣብ ክባቢኻ ከምዘየለዉ እሱራት ይኾኑ። ኣክንዳኻ ክዓዩ እቲ ክፍታሕ ዘለዎ ክትፈትሕ ክእሰር ዘለዎ ኸኣ ክትኣስር ይግብኣካ። *"ብዘረባኻ ኢኻ እትጸድቕ፡ ብዘረባኻውን ኢኻ እትኾነን" (ማቴ 12፡37)። "ሰብ ዚዛረብዎ ዘበለ ዘይጠቅም ኩሉ ቓል ... ጸብጻብ ኪህቡሉ እዮም" (ማቴ 12፡37)።* ነፍስወከፍ ካብ ኣፍካ ንዝወጽእ ንምትግባር ኣብ ክባቢኻ ንዘለዉ መላእኽቲ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኣይትግበሮም። ንሳቶም ምስ ቃል ዝሰማማዕ ክትዛረብ እሞ

ዘድሊ ኩሉ ክገብሩ ከቢቦምኻ ኣሎዉ። ካብ ቃል ውጻኢ እንዳተዛረብካ ንመላእኽቲ እግዚኣብሄር ኣሲርካ ንሓይልታት ሲኦል ኣይትፍታሕ።

“ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዚእመነኒ ኹሉ ወዲሰብ ድማ ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ ኣምላኽ ኪእመኖ እዩ። እቲ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዚክሕደኒ ግና ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ ኣምላኽ ኪክሓድ እዩ እብለኩም ኣሎኹ” (ሉቃ 12፡8-9)። ወዲሰብ ክብል እንከሎ ኣብዚ ንየሱስ እዩ ዘመልክት። የሱስ ከኣ ቃል ምኻኑ ኣብ ዮሃ 1፡1 ጠቒስዎ ኣሎ። መላእኽቲ ብሕጊ ቃል እግዚኣብሄር እዮም ዝኾዱ። ናቶም መገዲ የብሎምን። ቃል እግዚኣብሄር ካብ ዝብሎ ሓንቲ ስጉምቲ ክኾዱ ኣይክእሉን እዮም። ስለዝኾኑ ከምቲ ኣብ ሉቃ 12፡8-9 ዝተጠቕሰ መላእኽቲ ካብ ኣፍና ንዝወጽእ ቃል እዮም ዝጽበዩ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ንቃል እግዚኣብሄር ንእመን እንተኾይንና፣ መላእኽቲ ድማ ኣብ ቅድሚ ሰብ ይእመኑና። ኣብ ቅድሚ ሰብ ንቃሉ ዘይንእመን እንተኾይንና ድማ እንዳሰምዑ ኣብ ቅድሚ ሰብ ይኽሕዱና። ስለዚ ኣብ ዘድልየና ስራሕ ክዋፈሩ ካብ ኣፍና ክወጽእ ዘለዎ ቃል፣ ቃል እግዚኣብሄር ክኸውን ኣሎዎ። መላእኽቲ ካብ ኣፍና ንዝወጹ ቃላት ኣክንዳና ዓበይቲ ስርሓት ክሰርሑ ብኣምላኽ ዝተመደቡልና እዮም። ኣብዚ ምድሪዚ ስልጣን ናይቲ ጉዙፍ ኣካል ዘለዎ ሰብ ጥራይ ስለዝኾነ፣ መላእኽቲ ከም ድላዮም ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም። ንሕና ደቂ ሰባት ኢና ስልጣን ዘሎና። ስለዚ እዞም ንምውራስ ድሕነት ከገልግሉ ዝተመደቡልና መላእኽቲ ኣክንዳና ክሰርሑ ክንፈትሖም ሕጋዊ ስልጣን ኣሎና፣ ይኹን እምበር ብቓላትና እንተኣሲርናዮም ክሰርሕዎ ዝነበሮም ከይሰርሑ ይትሓዙ። ክንረክቦ ዝነበረና ኣገልግሎት ከኣ ንስእኖ። ተጠቀምቲ ኣገልግሎቶም ክንከውን ሙሉእ ምትሕብባር ከነርኢ ኣሎና።

8 ብደም የሱስ እቲ ሸብዓተ ማሕተም ተፈቲሑ

“ንሳቶም ከኣ ተሓሪድካስ ብደምካ ኻብ ብዘለሎ ዓሌትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዚኾኑ ሰባት ዓዲግካሉ ኢኻ፣ ንኣምላኽና ዚኾኑ መንግስትን ካህናትን ገቢርካዮም ኣብ ምድሪ ድማ ኪነግሱ እዮም እሞ፣ ንሸኻ ነቲ መጽሓፍ ኪትወስዶ፣ ነቲ መሓትሙውን ክትፈትሖ ብቕዕ ኢኻ፣ እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ።

ርኤኹ ድማ፣ ኣብ ዙርያ እቲ ዙፋንን እቶም ኣርባዕተ እንስሳን እቶም ሽማግሌታትን ከኣ ድምጺ ብዙሓት መላእኽቲ ሰማዕኩ....ዓው ብዝበለ ድምጺ ኻኣ እቲ እተሓርደ ገንሸል ንሱ ስልጣንን፣ ሃብትን፣ ጥበብን፣ ሓይልን፣ ክብርን፣ ግርማን፣ ምርቓን (ውዳሴን) ኪወስድ ብቕዕ እዩ በሉ።” **(ራእ 5፡9-12)**

የሱስ ክርስቶስ ገንሸል ፋሲካ ኮይኑ ዝተሓርደ ነቲ ብኣዳም ዝጠፍኤ ዘበለ ኩሉ ንምምላስ፣ ኣክንዳና ኣብ ህይወት ክንገዝእ ዘድልየና ኹሉ ንምቕባል እዩ። የሱስ ክርስቶስ ንርእሱ ኢሉ ክቕበሎ ዘድልዮ ምንም ስለዘይነበረ፣ እቲ ብዋጋ ደሙ ዝቕበሎ (ዝወስዶ) ኩሉ ንዓና ኢሉ ዝቕበሎ እዩ። ንሱ ኣክንዳና ዝተበጀወ ገንሸል እዩ። ንሱ ሳላ ዝፈሰሰ ደሙ ኣክንዳና ስልጣንን፣ ሃብትን ጥበብን፣ ሓይልን፣ ክብርን፣ ግርማን በረኸትን ኪወስድ (ካብ ዙፋን ኣምላኽ) ብቕዕ ኮይኑ ተረኺቡ። እቲ ብቕዓቱ፣ ንሕና ብስሙ ክንቅበል ብቕዓት ይገብረና። ንሱ ኣክንዳና ብቕዕ ኮይኑ ካብ ተረኽበ፣ ንሕና ድማ ብስሙ ነቲ ኣክንዳና ዝወስዶ፣ ክንወስድ ብቕዓት ኢና። ደም የሱስ ብሓቂ ኩቡር ደም እዩ።

8.1 ስልጣን ተቐቢሉልና

ንሱ ንሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ልዕሊ ኩሉ ስልጣናት ስለዝኾነ ካብ ኣቡኡ ኪወስዶ ዘድልዮ ስልጣን ኣይነበረንን። እቲ ሓቂ ግን ናብ ምድሪ ብመልክዕ ሰብ ምምጽኡ እንኮ ዕላማ ንሰብ ኣብ ንቡር ቦታኡ ምምላስ ስለዝነበረ፣ የሱስ ብቕዕ መስዋእቲ ብምኽፋል ነቲ ጠፊኡ ዝነበረ ስልጣን መሊስዎ። ነገስታትን ካህናትን ዚገብረና ስልጣን ተቐቢሉልና። እንሆ እምብኣር እቲ ቀደም ዘፍርሃና ዝነበረ ኩሉ ኣብ ትሕቴና ተረጊጹ። ብስም የሱስ፣ መቓምጠና ኣብ ሰማይ ምስ የሱስ ክርስቶስ ኮይኑ። ናብ ኣቦና ተመሊስና። ኣብ ዙፋኑ፣ ኣብቲ ሰፈር ጽድቂ፣ ኣብኡ ኾይኑ ምቕማጥና። *“ኣብ ሰማያት ብክርስቶስ የሱስ ምስኡ ኣቕመጠና።”(ኤፌ 2፡7)* ኣብቲ ቅድሚ ምስራት ዓለም ተመዲቡልና ዝነበረ ናይ ክብሪ ቦታና ተመሊስና። ኣብ ህይወት ንዘጋጥሙና ዝተፈላለዩ ኣስማት ብስም የሱስ ኣብ ትሕቲ እግርና ክግዝኡ ስልጣን

ተዋሂቡና። ኩሉ ስልጣን ሰማይን ምድርን ናይ የሱስ እዩ። እዚ ምእንታና ዝተቐበሎ ስልጣን ነቲ ምድራዊ ህይወቱ ወዲኡ ክሰናበት እንከሎ ኣክንድኡ ኮይና ብስሙ ብስልጣን፣ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ፍጥረት ክግሃድ ክንገብር ኣዚዙና። ስልጣን ተቐቢልና ጥራይ ዘይኮነ ብስልጣን ክንመላለስ ትእዛዝ እዩ።

8.2 ሃብቲ ተቐቢሉልና

ሓጢኣት ካብ ዘምጽኦ ኩፉእ ነገር ሓደ ድኽነት እዩ። ትበልየ፣ ትሰትዮ፣ ትድቅሰሉ ምስኣን! ናይ ምድሪ ነገስታት ክንከውን ተፈጢርና ነዛ መዓልታዊ ተድልየና እንጀራ ኣብ ምስኣን በጺሕና። ኣብ መዓልቲ ሓንቲ ባኒ ስኢኑ ጸሙ ዉዒሉ ዚሓድር፣ ኣብ ሙማትውን ዝበጽሕ ብዙሕዩ። ስእነት ሕሱም እዩ። እቲ ናይ ይሁዳ ኣንበሳ ዚኾነ የሱስ ንባዕሉ ዘድልዮ ኣይነበረን። *“ብሩር ናተይ እዩ ወርቂ ሽኣ ናተይ እዩ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት” (ሃጌ 2፡8)።* የግዳስ “ንድኻታት ከበስሮም ስለ ዝቐብኣኒ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕለይ እዩ” (ሉቃ 4፡18) ይብል። ንድኻታት ዚብሰር ብስራት እንታይ ኪኸውን ኣሎዎ ትብል? ንሃብታማት ዘይኮነ ንድኻታት ብፍላይ ዘድሊ ብስራት “ካብ ሕጂ ንድሓር ስእነት የብልኩምን“!! ዚብል ድምጺ ጥራይዩ ብስራት ኪብሃል ዚክኣል። የሱስ ነቶም ኣብ ስእነት ዚርከቡ ርካብ ኮይኑ እንተዘይመጾም እቲ ወንጌል ሙሉእ ክብሃል ኣይምተኻእለን። የሱስ ብርግጽ ኣክንዳና ብደሙ ሃብቲ ተቐቢሉልና። ሎሚ ብደም የሱስ ብህይወት ክትነብር ዘድልየካ ኩሉ ከይትረክብ ዓጽዩ ዚነበረ ናይ ድኽነት መሳኹቲ ከምዝተኸፍተ መቐሕ ድኽነት ከምዝተሰብረ ምርኣይ የድልየካ። እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ክወጹ እንከሎዉ፣ ብደም ብዝረኽብዎ ሓይሊ ኣብ ትሕቲ ጸላእቶም ዚነበረ ዘሪፎም ኪኸዱ ንርእዮም። ዘመኖም ሙሉእ ብብርቱዕ ናይ ባርነት መንፈስ ኩለንትነኦም ገዚእዎም ካብ ዝነበረ ጸላኢ ብደም የሱስ ኪመልስዎ ንርኢ። ሕጂ ድማ ብደም የሱስ ብጸላኢ ዝተመንዝዔና ኩሉ ምርኮ ኪምለስ ጊዚኡ ኣኺሉ እዩ። ደም የሱስ ርስትና፣ ሃብትና መሊሱልና እዩ። ኣብ ደሙ ብምእማን ካብ ኢድ የሱስ ሃብትና ኪንቅበል ንኽእል ኢና።

8.3 ጥበብ ተቐቢሉልና

“እቲ ብርሃን ወንጌል ናይ ክብሪ ክርስቶስ ንሱ ኽኣ ምስሊ ኣምላኽ፣ ምእንቲ ኽየብርሃሎምሲ፣ ኣምላኽ እዛ ዓለም እዚኣ ንሓሳብ እቶም ዘይኣምኑ ኣያሮ።” (2ቆሮ 4፡4) “...ኣብ ጸልማት

ይመላለስ፣ ጸልማት ነዲንቱ ስለዘዕውሮ ድማ ናበይ ከም ዚኸይድ ኣይፈልጥን እዩ።" (1ዮሃ 2፡11)

እቲ ዘይኣምን፣ ብርሃን ወንጌል ስለዘይተቐበለ፣ ሓሳቡ ዕዉር እዩ። ብትክክል ሓቂ ካብ ዘይሓቂ ፈልዩ ኪፈልጥ ኣይክእልን። ይኸይድ ሃሰው ይብል፣ ብትክክል ናበይ ከምዝኸይድ ግን ኣይፈልጥን እዩ። ናይ ህይወት ጥበብ ናይ ናብራ ጥበብ የብሉን፣ ስለዝኾነ እዩ ንየሱስ ወዲ ኣምላኽ ዘይቅበል። ንዓና ንንኣምን ግና ብደሙ ጥበብ ተቐቢሉልና። ጥዑይ ኣእምሮ ተቐቢሉልና። ጥዑይ ዚሓስብ ኣእምሮ ተቐቢሉልና። ናብ ኃኽዶ ክንፈልጥ፣ ኣብ ነፍስ ወከፍ ጊዜ ንዘጋጥመና ብድሆታት እንታይ ክንገብር ዝሕግዘና ጥበብ ተቐቢሉልና። ፈርኦን ምስ ኩሉ ሰራዊቱ ደድሕሪ እቲ ካብ ባርነት ግብጺ ዝወጽእ ዝነበረ ህዝቢ ኣምላኽ ምስ ሰዓበ፣ ኣብ ቅድሚኡ መስገሪ ዘይበሉ ባሕሪ (ቀይሕ ባሕሪ) ገጽ ንገጽ ምስ ገጠሞ ኣብዚ ኩነት`ዚ ካብ ብድሕሬኻ ይኹን ቅድሜኻ ዘሎ ሓያል ጸላኢ ከውጽእ ዚኽእል ጥበብ ካብ ሰማይ ተቐቢሉ። *"ካብ ሰብሲ ዕሽነት ኣምላኽ ይጠብብ" (1ቆረ 1፡25)።* እቲ ንሰማይን ምድርን ብዘይ ኣዕኑድ ብጥበቡ ደው ዘበለ ኣምላኽ፣ ሓደ ጥበብ ልኢኹሎም። በቲ ጥበብቲ ድማ ነቲ ባሕሪ ብዘይ ቢንቶ ኪሰግርዎ ተራእዮም። ንዕርዲ ያሪኮ ሚሳይልን ካልእ ኣጽዋርን ከይተጠቐምካ ብቐሊሉ ተፍርሰሉ፣ ምንም ክሳራ ዘይነበሮ ሰመያዊ ጥበብ መን ክሓስቦ ይኽእል ኔሩ? ነቲ ዕርዲ ያሪኮ ሽዱሽተ ጊዜ ከየውክፁ ኣብ ሻውዓይ ጊዜኡም ድማ ብሓባር ብምውካዕ ሃደሽ ደሽ ክብል እንታይ ዓይነት ምስጢርዩ? *"ምኽርን ምሰላጥን ናተይ (ጥበብ) እዩ" (ምሳ 8፡14) "ጥበብ ግና ንምሰላጥ ይጠቅም "(መክ 10፡10)።* ብደም የሱስ ካብቲ ዝነበረና ናይ ኣእምሮ ዑረት ሓራ ወጺእና ኢና። ኣብ ህይወት ንዘጋጥመካ ዝኾነ ዓይነት ብድሆ የሱስ ብዝህበካ ጥበብ ብቐሊሉ ክትሰግሮ ትኽእል ኢኻ። ቃል ኣምላኽ ናይ እግዚኣብሄር ጥበብ እዩ። ሰማይን ምድርን በዚ ጥበብዚ እዩ ጸኒዑ ዘሎ።

8.4 ሓይሊ ተቐቢሉልና

"ንሱ ንድኻምና ወሰደ፣ ንሕማምና ድማ ጸሮ" (ማቴ 8፡16)። ብጥዕና ዘመላልስ፣ ብብርትዔ ዘስርሕ ሓይሊ እንተ ዘይብልካ ህይወት ክጥዕመካ ኾነ፣ ኣብቲ መንግስቲ ኣምላኽ ዘስልጥ ክትከውን ኣጸጋሚ እዩ። ሕሙምን፣ ድኑስን ብምኻን ዝግለጽ ክብሪ ኣምላኽ የሎን። ሓጢኣት ምስ ኣተወ እዩ ሕማም፣ ድናሰ ይኹን ድኻም ዝኣተወ። የሱስ እምብኣር ነዚ ኣብ መደብ ኣምላኽ ዘይነበረ ስንክልና፣ ጐደሎ ናብራ ንምምላእ ብደሙ ኣክንዳና ሓይሊ ክቐበለልና ብቑዕ ኾይኑ ተረኺቡ። ስለዚ ብየሱስ ናይ ጥዕና ሓይሊ ኣሎና። ልክዕ ከምቲ ንሱ ብዝኾነ

ዓይነት ሕማም ክልከፍ ዘየኽእሎ ዝነበረ ኣምላኻዊ ሓይሊ፡ ስለዝተዋህበና ኣብ ልዕሊ ኩሉ ዓ ይነት ሕማም ይኹን ማእሰርቲታት ደው ከንብል ዘኽእል ጸጋ ኣሎና። ስለዚ ብጥዕና ምንባር ዝጠልቦ ዋጋ ብደም የሱስ ዝተኸፍለዩ።

8.5 ክብሪ ተቐቢሉልና

“ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን እዩ” (ኢሳ 53፡3)። ንሕና ዘጥፋእናዮ ክብሪ ክምለሰልና ንሱ ሕስራንና ወሲድዎ። ሓጢኣት ካብ ዘምጽኦ ሓደ ካብቶም ዝኸፍኡ ኩነታት ሕስራን እዩ። ሎሚ ሰብ ኣብ ዓይኒ ሰብ ዘኽብሮ ገንዘቡ፡ መልክዑ፡ ወይ ስልጣኑ እንተዘይኮይኑ፡ ከም ሰብ ክህልዎ ዝነበሮ ክብሪ ብሰንኪ ሓጢኣት ስኢንዎ። ሰብ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዝግበር ዘሎ ምጭንቕቓን ብቓላት ኪግለጽ ኣይክኣልን እዩ። እቲ መልክዕ ኣምላኽ ዘሎዎ፡ ንጉስ ምድሪ ኪኸውን ዚተፈጥረ ሰብ ትሕቲ እንስሳ ኪቐጸር ተራእዩ። እዚ ኹሉ ኣብ ዓለም ዝርኤ መቐዘፍቲ፡ መግረፍቲ፡ ማእሰርቲ .... ኣዝዩ ዘስካሕክሕ እዩ። ሰብ ብሰብ ይኹን ብፍጥረት ኩሉ ክውሃቦ ዚነበሮ ክብሪ ጥራይ ኣይኮነን ስኢንዎ። ንርእሱውን ከም ክቡር ስለ ዘይፈልጣ፡ ኣብ ዘይኣትዎ ሕሱር ነገራትን ቦታታትን የሎን። እዚ ኩቡር ንጉስ ኣብ ክንደይ ሕሱር ተግባራት ዘይርከብ።

የሱስ ነዚውን ፈውሲ ተቐቢሉ። ብደሙ ክብሪ ተቐቢሉልና። ንርእስና ኩቡር መንነት ከም ዘሎና ብቐዳምነት ፈሊጥና፡ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ሰብ ኾነ ፍጥረት ሞገስ ዘሎና ክንከውን ዘኽእለና ክብሪ ተቐቢሉልና። ኣብ ዓይኒ ኩሉ ሞጐስ ዘሎና ክንከውን የሱስ ነቲ ናይ ሕስራንን ውርደትን ልብሲ ብደሙ ቀንጢጡልና። ነቲ ሕሱር ከም ሕሱር፡ ነቲ ኩቡር ድማ ከም ኩቡር ክንርኢ ዘኽእለና ጸጋ ተቐቢልና። ብኽብሪ፡ ምንም ዘይጐድለና ኮይንና ካብ ርእሰ ምትሓት ወጺእና ክንነብር ዘኽእለና ጸጋ ተቐቢልና። *“ነቶም ቕደም ዚመደቦም፡ ንኣታቶም ከኣ ጸውዖም። ነቶም ዚጸውዖም ንኣታቶም ድማ ኣጽደቖም። ነቶም ዘጽደቖም ንኣታቶምውን ኣኽበሮም።” (ሮሜ 8፡30)*

8.6 ግርማ ተቐቢሉልና

“መልክዕን ውቃበን ኣይነበሮን” (ኢሳ 53፡2)። ብሓጢኣት ዘጥፋእናዮ መልክዕን ውቃበን ክምለሰልና የሱስ መልክዕን ውቃበን ኣይነበሮን። የሱስ ግርማና መሊስዎ። ምጨዋት፡ ውቁባት ምስኣም ምኻን ዘየሰልችዉ ጌሩና። ብደሙ ዝተዓደገ ውቃበ ኣሎካ። ግርማ ኣሎካ። እዚ ፍልጠት እዚ ካብ ኩሉ ዘሎካ ማእሰርቲ ከድሕነካ እዩ። ማዕረ ማዕርኡ ድማ ናይ ደም

ምልክት ስለዘሎካ፡ ነዚ ምልክትዚ ደፊሩ ዝርእዮ ጸላኢ የሎን። ጸላኢ ንስዕረቱ፡ ፍሽለቱ ኪርኢ ኣይደልን እዩ። ስለዚ መሬት መሬት ካብ ምጥማት ዝተኸፍለልካ ዋጋ ብምግንዛብ ቅርንካ ሓፍ ከተብል ኣሎካ። ደም የሱስ መደምደምታ ኩሉ ሕስራን እዩ።

8.7 ውዳሴ ተቐቢሉልና

“ካብ ምድሪ ህያዋን ከም እተቖርጸ ካብቶም ወለዶኡ መን ሓሰቦ” (ኢሳ 53፡8)። የሱስ ምእንታና ናይ ርእሱ መንነት ከምዘይነበሮ ዓይነት ኮይኑ። ማንም ሰብ ዘይሓስቦ ካብ ምድሪ ህያዋን ከምዝተቖርጸ ማንም ዘየቋጽሮ ከም ርጉም ኮይኑ። ንሕና ምሩኻት ክንከውን መርገምና ወሲድዎ። ዝውደስ ህይወት ብሩኽ ህይወት ክንነብር ንሱ ምረትና ወሲድዎ። ሰብ ብሓጢኣት ህይወቱ ኩሉ ናይ መረረ ህይወት ኮይኑ። ዝሰርሐ ኩሉ፡ ዝረገጸ ኩሉ ኣክንዲ ናብ ኣድናቖትን ምስጋናን ናብ መረረን ምጉርምራምን ዝወስዶ ኮይኑ። ካብ ኣፍ ሰብ ምስጋና ጠፊኡ። ውዳሴ ጠፊኡ። ካብ ኣፉ ዝወጽእ መርገም ጥራይ ኮይኑ። ሕጂ ግና የሱስ ናብ ምረት ዝወስደና መርገም ስለዝወሰዶ ምረትና ተቐንጢጡ። ናይ ምውዳስን ምስጋናን ህይወትና ተመሊሱ።

የሱስ ክርስቶስ እምበኣር ነዚ ሃንፍ ኪመልእ መጺኡ። ብሩኻት ክንከውን የድልየና ኔሩ። ህይወትና ብሩኽ፡ ዕዮ ኢድና ብሩኽ፡ ቆፎና ብሩኽ፡ ምእታውና ምውጻእና ብሩኽ ክኸውን ኣዝዩ ኣድላዪ ኔሩ። በዚ ድማ የሱስ ኣክንዳና በረኸት ወይ ምርቓ ተቐቢሉልና። እግዚኣብሄር ሳላ ደም የሱስ ባሪኹና። ክልተ ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊ ርእስና ጌሩ ኩሉ ዝሰለጠና ክኸውን መሪቑና። “ምርቓ ምእንቲ ክትወርሱ ነዚ ጽዉዓት ኢኹም” (1ጴጥ 3፡9)። እግዚኣብሄር ምስ መረቐ ድማ ዚረግሞ የሎን።(ዘሁ 23፡20)

እዚኣቶም የሱስ ክርስቶስ ከም ገንሸል ተሓረዱ ኣብ ህይወት ኣዚና ብዙሕ ክንገዝእ ካብ ዙፋን ጸጋኡ ብደሙ ዝዓደገልና በረኸት እዮም። “ሞት ብኣበሳ እቲ ሓደ በቲ ሓደ ኻብ ገዛኤ እቶም ትርፊ ጸጋን ውህበት ጽድቅን እተቐበሉ ኸኣ በቲ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ብዙሕ ኪገዝኡ እዮም” (ሮሜ 5፡17)።

ሳ ል ሳ ይ

ክፋል

ብደም የሱስ
ንዝተረኽቡ ጥቕምታት
ኣብ ተግባር ምውዓል

ኣብዚ ክፋልዚ ብመጀመርያ ሳላ እቲ ክቡር ደም የሱስ ዝተቐበልናዮ ዓ ብይን ልዑልን ስም ከመይ ምኻኑ ምስ ርኤና፣ በዚ ናይ ስልጣን ስምዚ ነቲ ብደም የሱስ ዝተዋህበና ኩሉ ጥቕምታት ኣብ ህይወትና መታን ክግሃድ ንገብሮ ናይ እምነት ግድል ክንርኢ ኢና። ንኽብሪ ምዱባት ብምኻንና ኣብ ቅድሜና ዘጋጥም ፈተናታት ናብቲ ናይ ክብሪ ቦታና ከም መሳልል ዘገልግሉና ምኻኖም ምስ ርኤና ናይ ህይወትና ዓወት ዝውስኖ ምስ መንፈስ ቅዱስ ብዝህልወና ሕብረት እምበር ብኽእለትን ሓይልን ከምዘይኮነ ክንርኢ ኢና። ንዝኾነ ዓይነት ናይ ጸላኢ ፍላጻ ኣፍደገ ከይከፈትና ብምልኣት ክንከይድ ዘኽእለና ኣጽዋር ኣምላኽ ብምግላጽ ከኣ ይድምደም።

9 ዓብይን ልዑልን ናይ ስልጣን ስም

9.1 ልዕልና ስም የሱስ

ሰባት ብሰለስተ መገዲ ዓቢ ስም ክህልዎም ከምዝኽእሉ ኬኖን ዝብሃል ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ይገልጽ። ገለ ናይ ንግስትነት ሓረግ ስለዘለዎም ካብ ትውልዶም ዝርክብዎ ዓቢ ስም ክህልዎም ይኽእል። ገለ ኣብ ህይወት ካብ ዝገበርዎ ዕዉት ስራሕ ዓቢ ስም ክውንኑ ይኽእሉ። ገለ ኸኣ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝውሃቦም ክኸውን ይኽእል። የሱስ ክርስቶስ ስሙ ልዕሊ ኩሉ ስም ክኸውን ዝገበሮ በዞም ሰለስተ ዝተጠቕሱ ምኽንያታት ከምዝኾነ ኣብ ቃል ኣምላኽ ንረክቦም።

9.1.1 ብዝወረሶ

“ንሱ ናይ ክብሪ ነጸብራቕን ቅርጺ ባህርይን ከሎ ኩሉውን ብሓይሉ ቃሉ ጼርዎ ከሎ ምንጻህ ሓጢኣትና ምስ ገበረ ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ተቐመጠ። ካብቶም መላእኽቲ ብዙሕ ዝበልጽ ስም ብዝወረሶ መጠን ክሳብ ክንድዚ ካባታቶም በለጸ። እስኪ ካብ መላእኽቲኸ ንመኖም እዩ ንሸኻ ወደይ ኢኻ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ ከም ብሓድሽ ድማ ኣነ ኣቦ እኾኖ ንሱውን ውሉድ ይኾነኒ ዝበሎ?” (ዕብ 1፡3-6)

ካብዚ ዝተጠቕሰ ቃል የሱስ ካብቶም መላእኽቲ ብዙሕ ዝበልጽ ስም ዝወረሶ ካብ ምንታይ እዩ ዝብል ዘሎ? ኣብ ምድሪ ቅድሚ ምምጻኡ ኣብ ሰማይ ብዝነበሮ ናይ ንግስነት ሓረግ ዶ ይኸውን? ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ኣካል ቅድስቲ ስላሴ ዝኾነ የሱስ ክወርሶ ዘድልዮ ዓቢ ስም የሎን። ንሱ መወዳድርቲ መላእኽቲ ዘይኮነ ኀኩሉ ኣብ ህላዌ ክመጽእ ዝገበረ ህያው ቃል እዩ። ብዘይ ብእኡ ዝተፈጥረ ከምዘየሎ ኣብ ዮሃ 1፡3 ንረክቦ። ኣብዚ ምድሪዚ ክውለድ እንከሎውን ኩሉ ሰመያዊ ክብሩ ቀንጢጡ ንኣምላኽነቱ ከም ምምንዛዕ ከይቆጸረ ከም ተራ ሰብ ኮይኑ ከምዝተወልደ ኣብ ፊል 2፡6-10 ንረክቦ። ካበይ ዝወረሶ ድኣ እዩ? ... ምንጻህ ሓጢኣትና ምስ ገበረ ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ተቐመጠ። ምስ በለ ካብ መላእኽቲ ዝበለጸ ስም ከምዝወረሰ ምዝራቡ እቲ ምውራስ ምስ ምንጻህ ሓጢኣት ጌሩ ካብ ሞት ተንሲኡ ኣብ ሰማያት ኣብ የማን ኣቡኡ ምቕማጡ ከምዝተኣሳሰር ክንርዳእ ኀኽእል። ብተወሳኺውን ዝበለጸ ስም ከምዝወረሰ ድሕሪ ምግላጹ፣ - እስኪ ካብ መላእኽቲኸ ንመኖም እዩ ንሸኻ ወደይ ኢኻ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ ከም ብሓድሽ ድማ ኣነ ኣቦ እኾኖ ንሱውን ውሉድ

ይኾነኒ ዝበሎ? - ምባሉ እቲ ዓቢ ስም ድሕሪ ካብ ሞት ተንሲኡ ከም ብሓድሽ ምውላዱ ኣብቲ ሰመያዊ ሓረግ ብምእታዉ ዝረኽቦ ዘሎ ስም ምኻኑ ክንርዳእ ንኽእል። ኣብ ሲኦል ዘድሊ ናይ ሓጢኣት መቐጻዕቲ ድሕሪ ምፍጻም ብመንፈስ ቅዱስ ካልኣይ ንጽድቂ ከምዝተንስኤ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ኣስፊሕና ርኢናዮ ኣሎና። ከምብሓድሽ ኣብቲ ናይ ንግስነት ኣምላኻዊ ሓረግ ብምእታዉ እምብኣር ዓቢ ስም ወሪሱ።

9.1.2 ብዝተዋህቦ

“ስለዚ ኽኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኹሉ ብርኪ ብስም የሱስ ምእንቲ ኺምብረከኽ ልሳን ዘበለውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ጎይታ ምኻኑ ኺእመን እዩ ኣምላኽ ናብ ልዕሊ ኹሉ ልዕል ዘበሎ ካብ ኹሉ ሰም ልዕል ዝበለ ስምውን <u>ዝሃቦ</u>” (ፊል 2፡9-11)።

እግዚኣብሄር ልዕሊ ኹሉ ልዕል ዝበለ ስም ሃቦ። ኬኖን ከም ዝብሎ፡ ኣብ ሰማይ ጥራይ ዝፍለጥ ስም ኔሩ። እዚ ስምዚ እቲ ዝግብኡ ሰብ ክሳብ ዝመጽእ ብምስጢር ተታሒዙ ኔሩ። እቲ ነዚ ልዑል ስምዚ ዝግብኡ ሰብ ምስ መጸ እቲ ኣብ ሰማያት ጥራይ ብምስጢር ተታሒዙ ዝነበረ ስም ኣብ ኩሉ ብወግዒ ተዘርግሑ። እዚ ኣብ ኩሉ ክፍለጥ ብእግዚኣብሄር ኣቦ ዝተረቐሐ ስም፡ የሱስ ይብሃል። ነዚ ስምዚ ኣብ ሰማይ፡ ምድሪ፡ ትሕቲ ምድሪ ዘሎ ኩሉ ዝስመ ዘበለ ስም ይእዘዞ። ኩሉ ብርኪ ይምብርከኽ። ኩሉ ልሳን ከኣ የሱስ ጎይታ ምኻኑ ይእመን።

9.1.3 ብዝተዓወቶ

“ኣብ ልዕሊ ኹሉ ሽመትን ሰልጣንን ሓይልን ጎይትነትን ዚሰመ ዘበለ ሰምን ምስ ኣርኣሶ” (ኤፌ 1፡20-21)፡ “ነቶም ሕልቅነታትን ሰልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም” ቆሎ 2፡15።

ነዞም ክልተ ጥቕሲታት እንተኣተኣሳሲርናዮም የሱስ እቲ ልዕሊ ኩሉ ዝኾነ ስሙ ነቶም ሕልቅነታትን ሰልጣናትን ጎይትነትን ዚሰመ ዘበለ ስምን ኣጽዋሮም ገፊፉ ባዶ ክገብሮም ስለዝኸኣለ እዩ። ስሙ ብዓወቱ ዝተረኽበ ስም እዩ። እቶም የሱስ ባዶ ዝገበሮም ኣስማት ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ኤፌ 6፡12 ገሊጽዎም ዘሎ ሰልጣናት እዮም። “እቲ ቕልስና ምስ ሕልቅነትን ሰልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ

ሰማያት እዩ እምበር ምስ ስጋን ደምን ኣይኮነን"። እቶም ንሕና ንቃሎሶም ስልጣናትን ሕልቅነታትን የሱስ ኣጽዋሮም ገፊፉ ባዶ ዝገብሮም እዩ። ኣብዚ ስምዚ ኩሉ የሱስ ዝተዓወቶ ዓወት ኣብ ልዕሊ ድኽነት፣ ሕማም፣ ሓጢኣት፣ መናፍስቲ ተጠቕሊሉ ኣሎ። ስም የሱስ ናይ ዓወት ስም እዩ። ነቲ ብደም ዝተፈጸመ ዓወት ዘጠቓልል ስም እዩ። እዚ ስምዚ ከኣ ንኣና ተዋሂቡ።

9.2 ኩሉ ስልጣን ሰማይን ምድርን ናይ የሱሱዩ

"ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኩሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ። ስለዚ ኺዱ ... *(ማቴ 28፣18-19)። "ነቶም ዚኣምኑውን እዚ ትኣምራትዚ ኪሰዕቦም እዩ፣ ብሰመይ ኣጋንንቲ ኼውጽኡ ብሓድሽ ልሳን ክኣ ኪዛረቡ፣ ኣትማን ኪሕዙ እዮም፣ ዚቕትል እንተ ሰተዩ ኽኣ ክዮ ኣይኪጎድኦምን እዩ፣ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኼንብሩ ንሳቶምውን ኪሓውዩ እዮም" (ማር 16፣17-18)።***

እቲ ዝወረሶ፣ ዝተቐበሎ፣ ብዓወቱ ዘምጽኦ ዓቢ ስም ንኣና ንኣካሉ ምኻኑ ኣብ ዝሓለፈ ብሰፊሑ ርኢናዮ ኣሎና። ንእኡ ዘድልዮ ዓቢ ስም ኣይነበረን። ንሱ ብባህርዩ ናይ ኩሉ ዕ ብየት ምንጪ እዩ። ብርግጽ ነቲ ኩሉ ናይ ዕብየት መገዲ ክጉዓዝ እንከሎ ንሱ ከም ርእሲ፣ ማሕበሩ ኽኣ ከም ኣካሉ ምስኡ ተንሲኣ፣ ኣብ ስማያትውን ልዕሊ ኩሉ ዝስመ ኣስማት ምስኡ እያ ኣብ የማን ኣቡኡ ተቐሚጣ። ቦትኣ ምስ ኣስተኻኽለ ከኣ እቲ ምእንትኣ ዝወነኖ ዓቢ ናይ ስልጣን ስም ንእኣ ሃባ። ከምዚ ብምባል ከኣ መዘዛ፡- ኩሉ ስልጣን ሰማይን ምድርን ተዋሂቡኒ እዩሞ ኣነ ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ኣከንዳይ ኮንኩም ከማይ ኣብዚ ምድሪ ክትዓዩ ስመይ እህበኩም ኣለ'ኹ። ብስመይ ሙሉእ ውክልና ስለዘለኩም ኺዱ ኀኩሉ ዓለም ወንጌል ስበኹ። ብስመይ፣ እቲ ንኣይ ዝተዋህበ ኩሉ ስልጣን ንኣኻትኩም ከምዝተዋህበ ሓሲብኩም ኣጋንንቲ ኣውጽኡ ሕሙማት ፈውሱ ዝጎድኣኩም ከኣ ዋላ ሓንቲ የሎን።

"ጴጥሮስ ከኣ ወርቅን ብሩርን የብለይን፣ <u>እቲ ዘሎኒ</u> ግና እህበካ፣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኺድ በሎ" (ግብ 3፣6)። ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣሎኒ ዝበሎ ወርቅን ብሩርን ኣይኮነን፣ ስም የሱስ እዩ። ስም የሱስ ከም ዋኒኑ ስለዝርኣዮ ኽኣ ኣብ ዘድሊ ጊዜ በቲ ዓብይን ልዑሉን ናይ ስልጣን ስም ተጠቒሙ ነቲ ካብ ከርሲ ኣዲኡ ሒዙ ኣእጋሩ ዝሞተ ሰብኣይ ክትንስእ ጌርዎ። እቲ ስም ናይ ምድሓን፣ ፈውሲ፣ ሓርነት፣ ምፍታሕ፣ ትንሳኤ፣ ህይወት ስም እዩ። ስም የሱስ ኻኹሉ ናይ ጸላኢ ዕርድታት ዘፈራረሰ ዓብዪን

ስልጡንን ስም እዩ። እዚ ስም የሱስ ከምቲ ሃዋርያ ጴጥሮስ ዝበሎ ብሙሉእ ውክልና ክንውንኖ፣ ከም ናይ ስልጣን ስምና ሓሲብና ክንጥቀመሉ ተዋሂቡና እዩ።

9.3 ኩሉ ስም ንስም የሱስ ይግዛእ

"ስለዚ ኽኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኹሉ ብርኪ ብስም የሱስ ምእንቲ ኺንብርከኽ ልሳን ዘበለውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ጎይታ ምኻኑ ኺእመን እዩ ኣምላኽ ናብ ልዕሊ ኹሉ ልዕል ዘበሎ ካብ ኩሉ ሰም ልዕል ዝበለ ስምውን ዝሃቦ" (ፊል 2፡9-11)።

ኩሉ ስም ንስም የሱስ ይግዛእ፣

ኩሉ ብርኪ ንስም የሱስ ይምብርከኽ፣

ልሳን ዘበለውን የሱስ ክርስቶስ ጎይታ ምኻኑ ኺእመን እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ብደም የሱስ ምስ ኣቦ ስለዝተዓረቕና ናይ ጽሕፈት ዕዳና ከምዝተደምሰሰ፣ ብሰንኪ ዘይምእዛዝ ኣብ ልዕሌና ተኣዊጁ ዝነበረ መርገም ከምዝተደምሰሰ፣ በዚ ምኽንያት ከኣ ናይ ጸላኢ ናይ ሓይሉ ምንጪ ዝነበረ ሕጊ ባዶ ስለዝኾነ ኣጽዋሩ ሙሉእ ብሙሉእ ከምዝተገፈፈ፣ ጥራዩ ከምዝወጸ ርኢና። እግዚኣብሄር መርገምና ስለዘልዓሎ ክረግመና ዝኽእል ከምዘየሎ፣ ኣምላኽ ምሳና ስለዝኾነ ክቃወመና ዝኽእል ከምዘየሎ ርኢና። ብተወሳኺ ብደም የሱስ ጻድቃን ስለዝኾንና እቲ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ዝተኣወ- ሞት ኣብ ህይወትና ምንም ሓይሊ ከምዘይብሉ፣ ኣብ ጻድቕ ሞት ከምዘየሎ፣ ገዛኢ እዛ ዓለም ዝነበረውን ኣብ ጻድቕ ምንም ግደ ከምዘይብሉ ርኢና። ኣብ ርእሲኡውን ምስ የሱስ ተንሲእና ኣብ ሰማያት ምስኡ ስለዝተቐመጥና ርሒቕና ልዕሊ (Far above) ኩሉ ስልጣናትን ዝስመ ዘበለ ስምን ከምዘሎና ብእኡ ከኣ ኩሉ ኣብ ትሕቲ እግርና ከምዝተገዝኤ ርኢና ኔርና። እቲ ብደም የሱስ ዝኾነልና ኩነታት እንተተገሊጹልና ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኣስማት ብስም የሱስ ክንገዝእ ኣሸጋሪ ዝገብሮ የሎን። ጸላኢ ከይግዛእ ዝህልዎ ኣማራጺ የሎን። ድሮ ብደም የሱስ ንምግዛእ ዘድሊ ኩሉ ምድላዋት ተፈጺሙ እዩ። ብስም የሱስ ኩሉ ስም ክግዛእ፣ ኩሉ ብርኪ ኽኣ ክምብርከኽ ግድን ኣለዎ። ንብዓል ስልጣን ዘይግዛእ የሎን። እቲ ብዓል ስልጣን ከም ብዓል ስልጣን ክገዝእ እንተኺኢሉ እቲ ግዙእ ቦትኡ ስለዝፈልጥ ክግዛእ ግድን እዩ። *"ሓንቲ ቃል ጥራይ ድኣ ተዛረብ፣ ወደይ ድማ ኺሓዊ እዩ። ኣነውን ኣብ*

ትሕቲ ስልጣን ዝሓደርኩ ሰብ እየ፣ ኣብ ትሕተይ ድማ ወተሃደራት ኣለዉኒ፣ ነዚ ኪድ እብሎ፣ ይኸይድ፣ ነቲ ኻልእ ንዓ እብሎ፣ ንሱ ድማ ይገብር” (ማቴ 8፡8-9)። እዚ ዓይነት ናይ ብዓል ስልጣን መረዳእታ ይሃልወና።

ስልጣን ናይ ምግዛእ ሓይሊ እዩ። ስልጣን ኣንተኣሎካ ትገዝኣሉ ሓይሊ ኣሎካ። ክትጽዕር ኣየድልየካን፣ ኣብ ዝኣዘዝካዮ ቃል ከም ኣዛዚ ደው ምባል ጥራይ የድልየካ። እቲ ስልጣን ኣብቲ ስም እዩ ዘሎ። እቲ ሓይሊ ኣብቲ ስም እዩ ዘሎ። ከምቲ ሓደ ዘርኢ፣ ፍረ ካብ ገዛእ ርእሱ እምበር ካብ ምድሩ ዘይወጽእ ከምኡውን ስም የሱስ ዝተባህሎ ከስልጥ ምድርና፣ ልብና፣ እምነትና ዘይኮነ ኣብ ገዛእ ርእሱ ዘሎ ስልጣንን ሓይልን እዩ ክፍጸም ዝገብሮ። ልብና ወይ እምነትና እቲ ኣብኡ ዘሎ ዘግዝኦ ሓይሊ ክወጽእ፣ ክፍኖ (Released) እዩ ዝገብሮ። ስለዚ ኣብቲ ዘርኢ እምበር ኣብ እምነትና ኣይኮንናን ክንጥምት ዘሎና። ኣብቲ ዘርኢ ማለት ኣብቲ ቃል ወይ ስም ኢና ክንኣምን ዘሎና። እቲ ቃል ወይ ስም የሱስ ከም ዝተባህሎ ከይፈጸመ ናብኻ ኣይምለስን እዩ። እዚ ስምዚ ኣብ ኩሉ ፍሉጥ እዩ፣ ኣብ ሰማይ፣ ኣብ ምድሪ፣ ኣብ ሲኦል። ዕቤቱ ዘይፍለጠሉ ቦታ የለን። ከምቲ ኣብ ካልእ ኣብኻ ፍልጠት ናይቲ ኣብ ስም ዘሎ ስልጣንን ሓይልን ይሃሉኻ። ኩሉ ስም ንየሱስ ክግዛእ ከምዘሎዎ ርግጽ ፍልጠት እንተሎካ፣ “ብስም የሱስ ከምዚ ወይ ከምቲ ይኹን” ኢልካ ክትጽሊ እንኮሎኻ ከይኮነ ከይተርፍ ዘጠራጥረካ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ክህሉ ኣይግባእን። ኩሉ ንስም የሱስ ክግዛእ ጽሑፍ እዩ። ኣብ ፍልጠት ዘይብሉ ቃልሲ ይበዝሕ፣ ሃተምተም ይበዝሕ፣ ዘረባ ምብዛሕ ይበዝሕ፣ ጻዕሪ ይበዝሕ።

ንስም የሱስ እግዚኣብሄር ምስ ኩሉ ኣእላፋት መላእኽቱ ዝትንስኣሉ ስም እዩ። እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ነጥቢ ግን እቲ ስም የሱስ ዝጥቀም ኣማኒ ከም ዓቢ ብዓል ስልጣን ኮይኑ ዝጥቀመሉ ክኸውን ኣሎዎ። ቁሊሕ ምሊሕ እንዳበለ ዝእዝዝ ክኸውን የብሉን። ኣብቲ ስም ሙሉእ እምነት ገሩ ክእዝዝ ኣሎዎ። ኣብ ገዛእ ርእሱ ዘይኮነ ኣብቲ ስም ሙሉእ እምነት ክህልዎ ኣሎዎ። ኣስተውዕል! እቲ ዘድሊ ኣብ ገዛእ ርእሽካ ምእማን ዘይኮነ ኣብቲ ስም ምእማን እዩ። ጸላኢ ኣብቲ ስም ተኸዚኑ ዘሎ ስልጣን ይፈልጥ እዩ። ኣቀባጢሩ ክግዝኦ ኸኣ ይግደድ እዩ፣ ይኹን እምበር ንርእሽካ፣ ንእምነትካ ሓሲብካ ኣብቲ ስም ሉሕሉሕ ኣትሓሕዛ ኣንተኣሎካ እቲ ዝግዛእ ንበዓል ስልጣን ጥራይ እዩ ዝግዛእ። ነቲ “ኣነ ዝተሓትኩ ኣካል ቤተክርስትያን እየ” ዝብል እንተሎውን እግዚኣብሄር ሳላ ደም የሱስ ኻኹሉ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ትሕቲ እግሩ ኣግዚእዎ እዩ። ስለዚ ንዘሎናዮ ቦታን ዝተዋህበና ስልጣንን ጽቡቕ ግልጸት ሃልዩና ነቲ ስም ክንጥቀመሉ ጥራይ የድሊ።

10 ናይ እምነት ገድሊ ምግዳል

ብደም የሱስ ኣብ ሰማያት ከም ዝተቐመጥና፣ ርሒቕና ልዕሊ ኩሉ ዝስመ ስም ከምዘሎና፣ እግዚኣብሄር ንኹሉ (ሕማም፣ ድኽነት፣ ሓጢኣት፣ ዲያብሎስ ምስ ኩሉ ሓይልታቱ) ኣብ ትሕቴና ከም ዘግዝኡ ኣቐዲምና ርኢናዮ ኣሎና። ኣዝዮም ትሒቶም ኣብ ትሕቲ እግርና ተቐሚጦም ምስዘሎዉ ሕልቅነታትን ስልጣናትን ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን መናፍስቲ እክይን ዝህሉ ቅልስ ከመይ ዓይነት ክኸውን ኣሎዎ?

10.1 ብእምነት ምጽናዕ

“ዲያብሎስ እቲ መጻርርትኹም ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዚገዝዞም ኣንበሳ ኾይኑ ይዘውር ኣሎ እም ተጠንቀቑ ንቐሑ። እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ነቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ኣሕዋትኩም ይበጽሖም ከምዘሎ እናፈለጥኩም <u>ብእምነት ጸኒዕኩም ተቓውምዎ</u>” (1ጴጥ 5፡8-9)። ዲያብሎስ ኣንበሳ ኣይኮነን፣ ኸም ዝገዝዞም ኣንበሳ እዩ። ትፈርሕ እንተኾንካ ብፍርሒ ክገዝኣካ ናይ ሓሶት ምጉብዕባዕ ዚገብር ኣንበሳ ዘይኮነ ንርእሱ ከም ኣንበሳ ዘምስል እዩ። ሓቀኛ ኣንበሳ ብጎይታ የሱስ ንሸኻ እምበር ንሱ ከምዘይኮነ እንተፈሊጥካ ግን ኣብ ከባቢኻውን ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ገለ ናይ እግዚኣብሄር ሰባትውን ብእሱር ከልቢ ይምስልዎ። ኣዘንጊዑ ው..ኡ..ሕሕሕ ምስ በለ ሰንቢድካ ትሃድም፣ ንድሕሪት እንተዘይርኢኻውን ብፍርሑ ክትእሰር ትኽእል ኢኻ። ግልጽ ኢልካ እቲ ዝህድድ ዘሎ እሱር ከልቢ ምኳኑ እንተፈሊጥካ ግን ምንም ዋጋ ከምዘይትህቦ ርግጽ እዩ። ናይዚ ኣጽዋሩ ብደም የሱስ ፈጺሙ ዝተገፈ ጸላኢውን ከምኡ እዩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ከም ዝገዝዞም ኣንበሳ ኮይኑ ከምዝዘውር ምስ ገለጸ *“ተጠንቀቑ ንቐሑ”* ይብል። እዚ ማለት ዘይኮኖ ከምስል ዝኽእል መደናገሪ ስለዝኾነ ክንነቐሓሉ እዩ ዘዘኻኽረና። እግሪ እግርና ከምዝስዕብ፣ ብዙሕ ከምዘሸግረና፣ ብዙሕ ነገራት ከምዘዕነወልና፣ ሓደገዐ ከምዝኾነ እንዳተዛረብና ልዕሌና ክንሰቐሎ ንውዕል እንተኾንና ንሱ ኸኣ ካብ ንግህኡ ፈታው ስልጣን ስለዝኾነ ኣብቲ ዘፍቀድካሉ ልዑል ናይ ስልጣን ቦታ ተቐሚጡ ከሸግረካ ክጽዕር እዩ። ኣብ ትሕቲ እግርኻ ኣትሒቱ ዝተቐመጠ ብኸመይ እዩ እሸጋሪ ክኸውን? ርሒቑ ኣብ

ትሕቲኻ ዘሎ ብኽመይ መገዲ ኣብ ጎድጎኻ ከም መኽራኽርትኻ፡ ወይውን ኣብ ልዕሊኻ ከም ረጋጺኻ መዕነዊ ነገራትካ ኮይኑ ተረኺቡ? ከም ሓደገኛን ዘሳጉገካን ዘሸግረካን ጌርካ ምግላጽ ካበይ ዝተመሃርካዮ ሓቂ እዩ። ናይ እግዚኣብሄር ቃል “ኣብ ጥቓኻ ኽሕ ኣብ የማንካውን እልፊ ኺወድቁ እዮም። ኣቦኻ ግና ኣይክበጽሕን እዩ ... እከይ ዘበለ ኣይክረኽበካን፡ ስቓይውን ኣብ ዱንካንካ ኣይክቐርብን እዩ” (መዝ 91፡7-10) ይብል። እቲ ቅልስ እምብኣር እዚ እዩ፡ ንሱ ገዛእ ርእሱ ልዕሊ ኣምላኽ ከምዝኾነ ከርእየካ ክፍትን እንከሎ ንሰኻኽ ከምንታይ ትርእዮ እዩ?። ነዚ ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣስዒቡ ከምዚ ብምባል መሊስዎ ኣሎ። **“ብእምነት ጸኒዕኩም ተቓወምዎ”።** እወ! በቲ ሓቂ እምበር በቲ ዘይኮኖ ከምዝኾነ ኣምሲሉ ዝርኣዮ ከይንርእዮ እዩ ዘትሓሳስበና። ልክዕ እቲ ብደም የሱስ ዝኾኖ እምበር ካብኡ ንላዕሊ ስልጣን ከይሃብና ብእምነት ክንቃወሞ፡ ከይወሰኽና ከይነከና ኣብ ልክዕ ቦትኡ ከነቐምጠ ኣሎና። እቲ ቅልስ ከኣ ንሱ እዩ። ከም ዝስማዕናዮ፡ ዝርኣናዮ፡ ዝተሰማዓና፡ ዘይኮነ ከም ቃል እግዚኣብሄር ንነገራት ምላሽ ኣብ ምሃብ ምጽናዕ እዩ እቲ ቃልሲ። ናይ እምነት ቃልሲ። የሱስ ተዋጊኡ ንዝስዓሮ ጸላኢ ደጊምና ክንዋግኡ ኣየድልየናን እዩ። ነቲ ዓወትና ኣርጊጽናን ኣጽኒዕናን ኣብ ምሓዝ ጥራይ ኢና ብእምነት ንቃለስ። ቃልሲ ኣንጻር ሓሶት ምርኢታት፡ ስምዒታት።

10.2 ንኣምላኽ ተገዚእካ ንዲያብሎስ ተጻረሮ

“ንኣምላኽ ተገዝእዎ ንዲያብሎስ ግና ተጻረርዎ እሞ ንሱ ኻብኻትኩም ኪሃድም እዩ” (ያዕ 4፡7)። ኣብ ዝኾነ ይኹን ጊዜ ንዝኾነ ዘጋጥመካ ጉዳይ እግዚኣብሄር ብዛዕብኡ እንታይ ከምዝብል ፍለጥ። እቲ ብደም ዝተዓደገልካ ሓቂ ምስፈለጥካ፡ ብእኡ ምስ ኣምላኽ ተሰማማዕ። በቲ ሓቂ ዝኾነ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ብእኡ ተገዛእ። ብእኡ ኽኣ ንዲያብሎስ ተቓወሞ። በቲ ሓቂ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ጌርካ ኽኣ፡- ንሰኻ መን ይብሉኻ? በየሱስ ስም ኣፍካ፡ ኢድካ ሓዝ፡ ካብ ህይወተይ ካብ ከባብየይ ፈጺምካ ጥፋእ፡ ደጊመውን ከይርእየካ!!!!!!!! ዝዓ ይነቱ ብምባል ኣብቲ ቃል ደው ኢልካ ዲያብሎስ ካብቲ ኢዱ ኣንበቢሩሉ ዝነበረ ቦታ ክለቅቕ በየሱስ ስም ትእዝዞ። ኣብ ከውሒ ምስራትካ እንተርእዩ ከምዘየዋጽኦ ስለዝፈልጥ ክግዛእ መንፈሳዊ ሒጊ የገድዶ እዩ። ብዓይንኻ ስለዘይርኣየካ እንተዘይኮይኑ፡ ካብታ ንቓል ተገዚእካ ብስም የሱስ ዝሰጎግካዮ ጊዜ እግረይ ኣውጺእኒ ኢሉ ብፍርሕን ራዕድን ከምዝሃደመ በዚ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ክትኣምን ትኽእል ኢኻ። ንቓል ተገዚእካ ምስተጻረርካዮ “ክሃድም እዩ” ይብል ናይ እግዚኣብሄር ቃል። ቃል እግዚኣብሄር ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ዝኸውን ይነግረና። ንሕና ኽኣ ከምቲ እግዚኣብሄር ክንርእዮ ዝደልየና ክንርኢ ኣሎና። ምስ ዝሃደመ ክትቐየቕ ዘድልየካ የብሉን። ውጻእ ክትብል ክትቅኒ ወይ ክትውርሕ ኣየድልየካን እዩ።

ከምቲ ኣብ ቃል ዘሎ ርእየት ክትርኢ ኣሎካ። ከም ዝወጸ፣ እኳ ድኣ ከምዝሃደመ፣ ንቕል ከምዝተገዝኤ፣ ብቕል ኣብ ትሒት እግርኻ ግዙእ ከምዝኾነ ጌርካ ርኤ፣ ብእኡ እንዳሓሰብካ ብናይ ዓወት ቃል፣ ብመዝሙር ክትሰራሰር ክትጅምር ኣሎካ። ኩሉ እቲ ዝነበሮ ጽልዋታት በሰላታት ፈጺሙ ክሳብ ዝጠፍእ ከኣ ኣብ ከምዚ ኩነታት ቀጽል። እቲ ምስ ዲያብሎስ ዝህልወና ቅልስ እምብኣር እዚ ናይ እምነት ቅልስ እዩ።

10.3 ንዲያብሎስ ስፍራ ኣይትሃቦ

“ንዲያብሎስ ከኣ ስፍራ ኣይትሃብዎ?” (ኤፌ 4፡27) ድያብሎስ ንእሽቶ መእተዊ እንተረኺቡ ከግፍሕ ብዙሕ ሽጣራታት እዩ ዝጥቀም። ምንም ከይተጎዳእካ ኣብ ልዕሊኡ እንዳዓንደርካ ክትከይድ ትደሊ እንተኾንካ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ንሱ ስፍራ፣ ክብሪ ዝረኸብሉ ዝኾነ ዕ ድል ከይትህብ። ብፍላይ ትፍተኖ ብዘሎኻ ጉዳይ ቃል እግዚኣብሄር ካብ ዝብሎ ወጻኢ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ከይትወጽእ። ተተመላሊሱ ከሸግረካ ተሓሊልካ ኑቲ ሒዝካዮ ዘሎኻ ቃል ክትጠራጠሮ ድሒርካ ኸኣ ክትድርብዮ ኣብ ገኑት ኤደን ዝ-መሮ ውዲት እዩ። ስለዚ ፈጺሙ ከይሃድም ዝገብሮ እንተሃልዩ ዘይጨካን ኣትሓሕዛኻ ጥራይ እዩ። ካብ “ጽሑፍ እዩ” ዝብል ቃል ድምጺ ዘይብልካ እንተኾይኑ ከምቲ ካብ የሱስ ዝሃደመ ካቦኻውን ክሃድም እዩ። ኣብዘይሰልጦ ደው ኣይብልን እዩ። ኑቲ እትብሎ ቃል ከም ሓቂ ሙሉእ ብሙሉእ ዘይተቐበልካዮ እንተኾንካ፣ ማለት ንዕኡ ዘፍርስ ብዓይኒኻ ምስርኣኻ፣ ብእዝንኻ ምስሰማዕካ፣ ስምዒታትካ ምስዘይተሰማምዔ፣ ልብኻ ዝመክኽ እንተኾይኑ ኣብ ልዕሌኻ ኮይኑ ይስሕቐ እምበር ክሃድም ኣይትጸበ። ስለዚ በቲ ካብ ጎይታ የሱስ ዝተቐበልካዮ ቃል፣ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሴፍ ዝበልሕ ምኻኑ ፈሊጥካ ብእምነት ብትብዓት፣ ንቕድሚት ምስበልካ ንድሕሪት ዘይትጥምት እንተኾንካ “ካብ ቅድሜኻ ብሸውዓተ መገዲ ከወጽእ እዩ” (ዘዳ 28፡7)። ስለዚ እምነትካ ካብ ዘጥፍኡ፡- ምጥርጣር፣ ኹራን ባእስን፣ ቂምን በቐልን፣ ፍትወታትን ዝተፈላለዩ መገድታትን ንዲያብሎስ ስፍራ ካብ ምሃብ ተጠንቀቐ።

10.4 ቅልስና ምስ ሲጋን ደምን ኣይኮነን

“እቲ ቕልስና ምስ ሕልቅነትን ሰልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እኪይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር ምስ ሲጋን ደምን ኣይኮነን” (ኤፌ 6#12)#

“ንየሱስ ይፈልጦ፣ ንጳውሎስውን ኣይስሕቶን እየ” (ግብ 19፡15)። ጎይታ ምስተቐበልካ ብመ-መርያ ኣብ ሰማይ ትፍለጥ፣ ድሒሩ ኣብ ሲኦል ትፍለጥ፣ ኣብኡ ኸኣ ብዙሕ ሓረጛትን ምንጽርጻርን ምሕንሓንን ይኸውን። መንግስቲ ጸልማት ሓደ ሰብ ካብ መንግስቱ ኣምሊጡ

ናብ መንግስቲ ብርሃን ከምዝሰገረ ኣርጊጹ ይፈልጥ። ዝኾነ ካልኣይ ዝተወለደ ሰብ ኣብ ሲኦል ፍሉጥ እዩ። በዚ ርግጸኛታት ክንከውን ኣሎና። ክንጨካኸን ኣሎና። ካብ መፈንጠራኡ ከምዘምለጥና፣ ንሱ ክበጽሐ ኣብዘይክእል መንግስቲ ከምዝኣቶና ኣርጊጽና ንፍለጥ። ብእኡ ወገንውን ናበይ ከም ዝኣቱካ፣ መን ምኻንካ ኣርጊጹ ይፈልጥ እዩ። ጽቡቕ ፍልጠት መንነትካ እንተሎካ ንመንግስቱ ከተፈራርስ እትኽእል ሓደገኛን ብርቱዕን ሓያልን ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ምኻንካ ኣርጊጹ ይፈልጥ እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ እንተተካኢልዎ ብዘለዎ ናይ ምድንጋር ኣጽዋርን ብኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ ግዙኣቱ ኣብ ፍልጠት ገዛእ ርእሶካ ከይበጻሕካ ከሰናኽለካ ዝክኣል ኩሉ ከምዝገብር ካብ ምርዳእካ ርሑቕ ክኸውን የብሉን። እቲ ናይ ጸልማት መንግስቲ ኣባካ ክንዲ ጣፍ ትኸውን ርሕራሔ የብሉን። ሰለስተ ዓበይቲ ተልእኮ ኣሎዉዎ።

“ሰራቒ ብ- ካ ***<u>ኺሰርቕን</u>***

<u>ኪሓርድን</u>

<u>ኬጥፍእን</u> ኢሉ ኣይመጽእን እዩ” (ዮሃ 10፡10)።

ጸላኢ ብዘይምስራቕን ምጥፋእን ምቕታልን ካልእ ዕላማ የብሉን። ብዘይ ብቒዕ ምኽንያት ናይ ቃል ጊዜኻ፣ ናይ ጸሎት ጊዜኻ ሓፈሻዊ ናይ ስራሕ ጊዜኻ ክጠፍእዶ ተስተውዕል? ኣታዊኻ ኣጠፋፍእኡ ብዘይርድኣካ ካብ ዝግባእ መዓልኡ ወጻኢ ክጠፍእዶ ተስተውዕል? ዝግብኣካ ዕሽር ኮነ መባእካ እንዳሃብካ ናይ ፋይናንስ መሳኹትኻ ዝተዓጸወዶ ኮይኑካ ኣሎ? ኣብ ገንዘብካ፣ ጊዜኻ፣ ካልእውን እንተኾነ ሰራቒት ኢድ ትንቀሳቐስ ከምዘላ እንተኣስተውዒልካ እቲ ብረቂቕ ዝዓዱ መንፈሳዊ ጸላኢ ምኻኑ ኣይትዘንግዕ። ኣብቲ ብደም ኮይኑልካ ዘሎ ፍልጠቱ ኣቲኻ ብዘይነቓነቕ እምነት ካብ ፈቐዶ ጣልቃ ኣትይዎ ዘሎ ክለቅቕ ብስልጣን እንተዘይሰጊግካዮ ኸኣ፣ ክሳብ ዝተኻእሎ መጠን ንዝሰማዕካዮ ናይ ምድሓንካን ሓርነትካን ቃል ሓሶትዩ ኣብ ምባል ኣእትዩ ኣብ ኢድ ባርነቱ ከእትወካ ዝክኣል እዩ። ስለዚ ሓራ ምእንቲ ኽትከውን ክርስቶስ ሓርነት ኣውጺኡካ እዩ። ስለዚ ጽናዕ ከም ብሓድሽውን በርዑት ባርነት ኣይትቆረን (ገላ 5፡1)።

ንዱኹም ጎድንታትካ እንዳተናኸፉ ካብ ሓሳብ ድኻማትካ ከይትወጽእ መሳርሒ ዝኾኑ ኣመጻጽእኦምውን ዘይርድኣካ ሰባትዶ የጋጥሙኻ? ኣብ ደቅኻ ብዓልቲ ቤትካ ዘይትጽበዮ ባእስን ኩራን ገርጨውጨውንዶ ብተደጋጋሚ የሸግረካ? እግዚኣብሄር ብዝሃበካ ሓድሽ ግልጸት ቃል እንዳዘለልካ በየን መጸ ዘይብሃል ዓርኪ መሓዛ፣ ነቲ ዝተቐበልካዮ ዘሰጋግር ቃል ዝሰርቕ

ዘጥፍእ ስዉር ኣእዳውዶ ተስተውዕል? ኣብ ጥዕናኻ ብዝተፈላለየ መገዲ መጥቃዕቲታትዶ ተስተውዕል? ኣብ ቤትካ፣ ስድራቤትካ ሓው ሓፍትኻ ከሳቐየካ፣ ከሕምመካ ዝኽእል መጉዳእቲታት፣ ባእስታት፣ ምቅይያማትዶ ተስተውዕል? ካልእ ክጥቀስ ዝክኣል ኩሉ ንሳኻ ንድሕሪት ክትሓስብ ክትጉተት ዝዕላምኡ ስዉር ኢድ እንተኣስተውዒልካ ከም ቃል ኣምላኽ መሰረት ናይዚ ኩሉ ምጉስቓል ካብቲ ደመኛ ጸላኢኻ እምበር ካብ ስጋን ደምን ከምዘይኮነ ኣርጊጽካ ፍለጥ። ሰብ፣ ነፍሳት ወይ ካልእ ኩነታት ኣይኮነን። ብዘይ ሰይጣን ምስ ሓይልታቱ ካልእ ኣብ ስርቅን ምሕራድን ምጥፋእን ዝዋፈር መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣካል የሎን። ንምስራቕካ ንምጥፋእካ ንምሕራድካ ትንቀሳቐስ ስውርትን ኣደናጋሪትን ኢድ ናይቲ ብዲያብሎስ ዝስመ መንፈሳዊ ጸላኢ እዩ። ብዘይ ንሱ ካልእ ጸላኢ ወይ ተጻባኢ ከምዘሎካ ምሕሳብ ካብቲ መበቆል ሓሶት ዝኾነ ዲያብሎስ ዝተቐበልካዮ ምኻኑ ቃል ኣምላኽ ብንጹር ገሊጽዎ ኣሎ።

እቲ ኩሉ ብስዉር ኢድ ዝንቀሳቐስ እኩይ ተግባራት መወዳእታ ዕላማኡ ከይበጽሔ ከተመልብሶ ነቲ ሕጊ መንፈሳዊ ቅልስ ርዱእ ክትከውን ኣሎካ። እቲ ምንጪ ኩሉ ክፍኣት ድያብሎስ ምኻኑ እንተኣሚንካ ምስዚ መንፈሳዊ ጸላኢዚ ብምጉርምራም፣ ብቆይቂ፣ ብምትህርራም፣ ብጉስጢ ኣይትስዕሮን ኢኻ። ሃሪምካ ተውድቐ ኣይኮነን። ምስቲ ንስዉር ተግባራቱ ዝግለጸሉ ኮይኑ ዘሎ ኣካል፣ ደቅኻ፣ ብዓልቲ ቤትካ፣ ስድራቤትካ፣ መሳርሕትኻ፣ ኣስራሕትኻ፣ መራሕትኻ ምንጽርጻር፣ ምቁያቐ፣ ምብኣስ፣ ንጸላኢ ዘሔይሎ እምበር ዘድክሞ ኣይኮነን። ንዝኾነ ሰብ ከም ገባር ኩፉእ ከይንሓስቦ፣ ከም ጸላኢ ከይንርእዩ፣ እኳ ድኣ ንዝረግሙና ክንምርቕ ቃል ኣምላኽ ይምህረና። ካብ ድያብሎስ ወጻኢ ከም ጸላኢ ክንሓስቦ ዘሎና ከምዘየሎ ቃል ኣምላኽ ይምህረና። ስለዚ ጸላኢ ብዝኾነ መልክዕ ኣብ መገድኻ ይቀላቐል ከምዘሎ ኣብ ዘስተውዓልካሉ ጊዜ ኢዱ ክስሕብ ብስም የሱስ ክትእዝዞ ኣሎካ። ኣብ ኩሉ ጉዕዞኻ ኩሉ ዝሰለጠ ኮንካ ክትከይድ ኣሚንትኻ ካብ ንሰብ ምርኣይ ክልዓላ ኣሎወን። “ብስጋ እንመላለስ ክንስና እኳ ከም ስጋስ ኣይንዋጋእን ኢና። ኣጽዋር ውግእና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንምፍራስ ጽኑዕ ዕርድታት ብርቱዕ እዩ እምበር ስጋዊ ኣይኮነን” (2ቆሮ 10፡4)።

11 ንኽብሪ ምዱባት ኢና

“ብታ መዓልቲ እቲኣ ምድሪ ምስ መሰየ፣ ናብ ማዕዶ ንሳገር በሎም። ነቶም ህዝቢ ኣፍንዮም ድማ ንእኡ ኽምታ ዘለዋ ምሳታቶም ብጃልባ ወሰድዎ። ካልኦት ጃለቡ ኽኣ ምስኡ ነበራ። ህቡብላን ብርቱዕ ንፋስን ድማ ኾነ እታ ጃልባ ኽሳዕ እትመልእ ማዕበል ናብታ ጃልባ ኣተወ። ንሱ ኽኣ ብወገን ድሕሪት እታ ጃልባ ተተርኢሱ ደቂሱ ነበረ። ኣተንሲኦም ድማ መምህር ክንጠፍእዶ ግድና የብልካን በልዎ። ተንሲኡ ንንፋስ ገንሖ ንባሕሪ ድማ ሰቕ በሊ፣ ህድኢ በላ። እቲ ንፋስ ዝግ በለ፣ ዓብዪ ህድኣትውን ኾነ። ንሱ ኽኣ ሰለምንታይ እዩ ኽምዚ ዝፈራህኩም ከመይ እምነትዶ የብልኩምን በሎም”። (ማር 4፡35-40)

11.1 ንምስጋር ምዱባት ኢና

... <u>ናብ ማዕዶ ንሳገር በሎም</u>። ብጃልባ ናብቲ ስግር ማዕዶ ክሰግሩ ምኻኖም እቲ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ግዝኣት ዘሎዎ የሱስ ኣቐዲሙ ተዛሪብዎም። ብመሰረትዚ ቃልዚ ኩሎም ክሳገሩ ምዱብዩ ኔሩ። ቅድሚ ምብጋሶም እግዚኣብሄር ኣብቲ ስግር ማዕዶ ርእይዎም። ኣብቲ ማዕዶ ምስጋሮም ኣብ ምብጋሶም ዝተወድኤ እዩ። እግዚኣብሄር ኩሉ ጊዜ ኣብ ምጅማር እዩ ዝውድእ። ዘይውዳእ ኣይጅምሮን እዩ።

ሳላ እቲ ክቡር ደም የሱስ ኣብ ህይወት ክጋጥም ንዝኽእል ዝኾነ ዓይነት ማዕበል ድሮ ሰጊርናዮ ኢና። ምስ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ሰማያት ምስ ተሰቐልና ነቲ ኣብ ቅድሚና ከጋጥም ዝኽእል ሰጊርናዮ ኣሎና። **ካብቲ ኣብ ምድሪ ዝርከብ ዕንቅፋታት ናብቲ የሱስ ዝርከቦ ርሑቕ ማዕዶ ሰጊርና ኢና**። ካብቲ ከሳቐየና ዝኽእል ዝተፈላለየ ዓይነት ንፋሳትን ማዕበላትን ድሮ ሰጊርና ኢና።

“ነቶም ቀደም ዝመደቦም ንኣኣቶም ከኣ ጸውየም። ነቶም ዝጸውየም ንኣኣቶም ድማ ኣጽደቖም፣ ነቶም ዘጽደቖም፣ ንኣኣቶምውን ኣኽበሮም” (ሮሜ 8፡30)። ንሸኻ ንኽብሪ ዝተመደብካ ኢኻ። ነፍስወከፍ ስጉምቲ ናብቲ ዝተመደበልካ ልዑል ክብሪ ትወስደካ ስጉምቲ እያ። ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ዝወስደካ መገዲ ተዳልዩልካ እዩ። ናትካ ነገር ውዱእ፣ ምዱብ እዩ። ናብ ናይ ንግስነት ቦታኻ ክትበጽሕ ዘድልየካ ኩሉ ቅድመ ኩነት ተዳልዩልካ እዩ። ብሩኽ ሓወይ ኅይታ ንኽብሪ መዲቡካ እዩ። ንሸኻ ንሕስረት ዝተመደብካ ኣቕሓ ኣይኮንካን። ዝረኸበካ ዘከላብተካ፣ ዘዋርደካ፣ ዝደቕሰካ፣ ዝብለጸልካ ዓይነት ሰብ ኣይኮንካን። እዚ ነገርዚ

ሓቂ እዩ፡ እግዚኣብሄር ከይሕሱ ሰብ ኣይኮነን። እዚ ፍልጠትዚ ኩሉ ሳዕ ብጎይታ ክትሕጎስ፡ ብዘይ ምቁራጽ ከኣ ንኣምላኽካ ከተመስግን ዘኽእለካ ምስጢር እዩ።

11.2 ህቦብላን ብርቱዕ ንፋስን

ዝኾነ ሞያ ከከም ክበዱ ዝሓቶ ስልጠና ኣሎ። ብቐዕ ወትሃደር ክትፈጥር ሓያል ልምምድ የድልየካ። ሓደ መራሕ ሃገር ዝኸውን ሰብውን ብብዙሕ ትምህርትን ናይ ምምራሕ ተመኩሮታትን ክሓልፍ ኣሎዎ። ካብ ደረጃ ናብ ደረጃ እንዳሰገረ ኣብቲ ጥርዚ ዝተመደበሉ ስልጣን ይድይብ። ከምኡ ኽኣ እግዚኣብሄር ኣብዚ ምድሪዚ ንዝመደበልካ ናይ ክብሪ ቦታኻ ክትድይብ ብብዙሕ ናይ ልምምድ ደረጃታት ትኸይድ።

የሱስ ምስ ደቀመዛሙርቱ ብኻልባ እንዳሰገሩ ኣብ ጉዕዞ ህቦብላን ብርቱዕ ንፋስን ኣጋጢምዎም። ነዚ ዘጋጠሞም ህቦብላን ንፋስን ብኸመይ ክርእይዎ እዮም። ኣርኣእይኦም ነቲ ዝተመደበሎም ናይ ክብርን ዓወትን መደብ ኣምላኽ ክሳብ ክንደይ ፍልጠት ከምዘለዎም ዝመዝን እዩ። ኣብ ህይወት ማዕበል ክልዓል ተራ ነገር እዩ። በቲ እግዚኣብሄር ዝተዛረቦ ቃል ትርኢ እንተኾንካ ማዕበላት፡ ንፋሳት ነቲ ዝተመደበልካ ክቡር ቦታ ክትበጽሕ መራግጸ እምኒ እዮም። ነቲ ዝተዋህበካ ጽውዔ ክሳብ ክንደይ ብብቕዓት ክትፍጽም ከምትኽእል ዝመዝኑኻ፡ ዘረጋግጹልካ ፈተናታት ክመጹኻ ግድን እዩ። ኣብ ዝተመደበልካ ቦታ ከም ቃል እግዚኣብሄር ክሳብ ክንደይ ትኣሚንካ ትጸንዕ? ንርእሸኻ ፈሊጥካ ዘድሊ ምቅርራብ ክትገብር ክትፍተን ኣለኻ። ብወገን ጎይታ የሱስ ፈተና ዝፈቅድ ህሉው ደረጃኻ ስለዘይፈልጥ ዘይኮነ፡ ኣብ ልዕሌኻ ንዘውርዶ ዝተፈላለየ በረኸት ኣብ እምነትካን ተኣማንነትካን ክምርኮስ ስለዘሎዎ ኣብ ቅድሚ ዝርኢ ኩሉ ብዘይ ኣድልዎ ከምዝሃበካ ክረጋገጽ ስለዘለዎ ንትኣማንነትካ ዘረጋግጹ ፈተናታት ክትሓልፍ ኣለኻ። ኣብርሃም ንይስሃቅ ወዱ ክስውእ ምስተሓተተ፡ ማንም ትርኢ ዓይኒ ኣሉ ክትብለሉ ዘይክኣል፡ ትኣማንነቱ፡ ትኣዝዞኡ ኣብ ዘረጋገጸሉ ህሞት እግዚኣብሄር ንግብሩ ጽድቂ ከም ዝቐጸረሉ ቃል ኣምላኽ ይዛረብ። ስለዚ ነፍስወከፍ ፈተና፡ ናይ እምነትካ ፈተና እዩ (ያዕ 1፡2)። ብእኡ ምስተሓልፍ ከኣ ንዝተቐረበልካ ዕቤት፡ ክብሪ እንዳተጸጋዕካ ትኸይድ። ዮሴፍ ናብቲ ዝተመደበሉ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር ክቡር ማዕርግ ክበጽሕ ዝሓለፎ ፈተናታት ኣዝዩ ኣገራሚ እዩ። እዚ ናይ ጹባሕ ንግሆ ናይ ሃገር መራሒ ብኣሕዋቱ ክሸየጥ፡ ስዒቡ ከም ገረድ ኮይኑ ክሰርሕ፡ ብሰይቲ ኣስራሒኡ ብዝሙት ክፍተን፡ ጽድቂ ብምምራጹ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ንዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት ክዳገን መን ይሓስቦ። እቲ ንሱ ዝሓለፎ መገዲ ናብቲ ክቡር ማዕርጉ ንኽበጽሕ ንትኣማንነቱ ዘረጋግጹ ማዕበላትን ንፋሳትን

ህይወት እዮም ኔሮም። ስለዚ ኣብ ፈተና ዘሎና ኣርኣእያ ካብቲ ጎይታ ዝበለና ኣርኣእያ ወጻኢ ክኸውን የብሉን። ንሱ ኸኣ፣

> “ኣሕዋተየ፣ በበይኑ ዝኾነ ፈተና እንተበጽሓኩም ኻኹሉ ኸም ሓጎስ ቁጸርዎ” (ያዕ 1፡2)።

በብዓይነቱ ዝኾነ ፈተና ኣንተበጽሓካ፣ ፍሉይ ነገር ዘጋጠመካ ጌርካ ኣይትቑጸሮ። ካብ ሰብካ ዝተፈለየ ዘጋጠመካ ኣይምሰልካ። ኻኹሉ ብሓጎስ ብጅግንነት ክሕለፍ ዘለዎ፣ ኣብቲ ዝተመደበሉ ክብሪ ኻክበጽሕ ንእኡ ብፍላይ ዝተዳለወ ፍሉይ ቅዲ ፈተና ኣሎዎ። ነቢ ዳንኤል ዮሴፍ ዝተፈተኖ ዓይነት ፈተና ኣይኮነን ዝተፈተነ። ሙሴውን ከም ናይ ኣብርሃም ዓይነት ኣይተፈተነን። ኩሉ በበይኑ ዝኾነ ፈተና ተፈቲኑ። ነቲ ፈተና ምስሓለፉ ኸኣ ኩሎም ኣብ ክቡር ቦታኡም ኢና ንርእዮም። “ስለምንታይ እዩ ኸምዚ ዝፈራህኩም ከመይ እምነትዶ የብልኩምን በሎም”፣ ቡቲ ዝበጽሕ ፈተና ምስናባድን፣ ምፍራህን፣ ፍሉይ ነገር ከምዘጋጠመካ ምሕሳብን ዝተመደበልካ ዘይምፍላጥ ናይ ተሳዓርነት ኣትሓሳስባ እዩ። እግዚኣብሄር ከም ቃሉ ከምዘይነብር ምእማን፣ ካብቲ ሓይሊ ኣምላኽ ሓይሊ ማዕበል ከም ዝዓቢ ምእማን እዩ። ኣብቲ ብሃቦብላን ብርቱዕ ንፋስን ትናወጽ ዝነበረት ጃልባ የሱስ ኣብ ማእከላ ምንባሩ ሓደ ዝምህሮ ዓቢ ነጥቢ ኣሎ። ቅድስናኻ፣ ቅብኣትካ ካብ ፈተና ኣየድሕነካን እዩ። ፈተና ዘይብሉ ቦታ ኣብ ዙፋን እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ። ኣብዚ ምድሪዚ ክሳብ ዘሎና ካብ ፈተና ወጻኢ ኮይንና ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ጎይታ ህይወት፣ መንቅብ ኣልቦ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ተፈቲኑ ካብ ሓለፈ፣ ንሰኻኽ ድኣ ንኸይትፍተን እንታይ ምኽንያት ኣሎካ? ኣነ ንምንታይ ይፍተን ዝብል ሓሳብ እንተሎካ፣ ንሰኻ መን ኮንካ? “እግዚኣብሄር ንዕቡያት ይምዓቶም ንትሑታት ግና ጸጋ ይህብ” (1ጴጥ 5፡5)። ትሕት ኢልካ ህድእ ኢልካ ኣብቲ ዘሎኻዮ ኩነታት እግዚኣብሄር እንታይ ይብለካ ምፍላጥ እዩ ናብ ዓወት ዘብጽሓካ። ኻኹሉ ናይ ህይወት ማዕበል ከምቲ ጎይታ ዝበለና ጌርና ንሕዞ እንተኾይንና ምኽንያት ዕብየትና እምበር መፍረሲና ኣይክኸውንን እዩ።

11.3 ንኣና ንምጥፋእ ዝተሰርሔ ኣጽዋር ኩሉ ኣይጠቅምንዩ

... <u>መምህር ክንጠፍእዶ ግድና የብልካን ኢኻ?</u> ህይወት ምርጫ እዩ። ንምርጫኻ ከኣ ፍልጠትካ ይውስኖ። የሱስ ዝበሎዶ ወይስ ሰይጣን ዝብሎ ነየናይ ክትመርጽ ዝውስኖ ፍልጠትካ እዩ። ሳላ እቲ ዝተሓርደ ገንሸል ኣብዚ ምድሪዚ ኾነ ኣብታ ትመጽእ ዓለም

ክትንክፈካ ዝኽእል ከምዘየሎ፣ ናይ ሕማም፣ ድኽነት፣ ጉስቅልና፣ ዕዳ ፈጺሙ ከምዝተደምሰሰልካ÷ ብኹቡር ደሙ ሰላም፣ ሓጎስ፣ ክብሪ ከምዝተዓደገልካ ፍልጠት እንተሎካ ከምቲ የሱስ ዝገበሮ ኣብ ማእከል እቲ ማዕበል መተርኣስካ ተተርኢስካ ዓሚቕ ድቃስ ክትድቅስ ኢኻ። ኣብቲ ውግእ መሊስካ ክትብርትዕ ኢኻ። እቲ ህቦብላስ የሱስ ንዝገበረልካ ዘዘክረካ ኮይኑ ብናይ ምስጋና መዝሙር ክትፍንድእ ዝገብረካ ክኸውን እዩ። ክንደይ ዓበይቲ ናይ እምነት ጀጋኑ ብዝተፈላለየ ዝዓይነቱ ሓዊ እንዳሓለፉ ብመዝሙር ክሰግርዎ ተራእዮም እዮም። ብኽብሪ ክትነብር ሳላ ክቡር መስዋእቲ ዘድሊ ኩሉ ምድላው ተጊሩልካ እዩ። ምዱብ እዩ። ኑቲ ጎይታ ዝገበረልካ ክሳብ ክንደይ ፍልጠቱ ኣሎካ ግን ወሳኒ እዩ። ደቀ መዝሙር የሱስ ኑቲ ሃቦብላን ብርቱዕ ንፋስን ምስ ርኣዩ፣ ጠፋእና ክብሎ ተራእዮም። ኑቲ የሱስ ዝበሎም ዝሰግሩሉ ቃል ረሲያም እቲ ድያብሎስ ዝብሎ ክደግሙ ተራእዮም። ዲያብሎስ ካብ ምጥፋእ ወጻኢ ካልእ ዕላማ የብሉን። ኑቲ ዝተመደበልካ ኩቡር ቦታ ክትረክብ ኣይኮነን ብህይወት ክትነብርውን ድቃስ ዝኽልኦ ስለዝኾነ ብዝኾነ ክትናወጸሉ ዝክኣል ነገራት ጸቕጢ ክገብር፣ ኣንፈትካ ስሒትካ ኣብ ብኽያትን ምጉርምራምን የእትዩ ተስፋታትካ ክትጠራጠሮ ብኡውን ክትድርብዮ ዝክኣሎ እዩ ዝገብር። ጸቕጢ ክገብረልካ ብዝኽእል ካብ ምፍታን ኣይዓ ርፍን እዩ። እቲ መዋጽኦ ዝኾነ ይኹን ጸቕጢ ክገብረልካ ከተፍቅድ የብልካን። ብሓርነት ክትነብር ዘኽእለካ እኹል ኣጽዋር ኣሎካ። እኹል ቃል ኣሎካ። እኹል የሱስ ኣሎካ። ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብሰፊሑ ርኢናዮ ኣሎና። ስለዚ ማዕበል ምስተላዓለካ ከመይ ክትከውን ኢኻ? ንመን ክትኣምን? የሱስ ዝበሎዶ ወይስ እቲ ደመኛ ጸላኢኻ ዝብሎ? ምርጫ እዩ። እዞም ናይ የሱስ ሃዋርያት ኣብታ ፍልይቲ ጊዜ ካብቲ የሱስ ዘበሎ ንላዕሊ ሰይጣን ንዝበሎ ስለዝሰምዑ ኣብ ጭንቀትን ሽበድበድን ኣትዮም። እቶም ንዲያብሎስ ከርዕዱን ሸበድበድ ከቡሉን ዝተመደቡ ዓበይቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ስኣን ፍልጠት ብኣንጻሩ ክኾኑ ተራእዮም። “ኣየ ዘመን ግርንቢጠ ወኻርያስ ነንበሳ ክትሕንፍጦ”።

ንሸኻ ናይ ክብረት ኣኾሓ ኢኻ። ንሸኻ ንድኻታት ወንጌል ከተበስር፣ ንምሩኻት ክትመልስ፣ ንዕ ዉራት ምርኣይ፣ ንግፉዓት ከኣ ምውጻእ ሓራ ክትሰብኽ ዝተቐባእካ ፍሉይ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ኢኻ። ቅብኣትካ ኣብ ከባቢኻ ነውጺ ይፈጥር ስለዘሎ፣ ናይቲ ነውጺ ምልክት እዩ እቲ ኣብ ህይወትካ ዝርኤ ዘሎ ማዕበል። ንሓደ ማይ ዝመልኤ ነገር እንተሓቒንካዮ ድምጺ ትሰምዕ። ከም መጠን ብዝሑ ዝመጣጠን ድምጺ ትሰምዕ። ከምኡ ኸኣ ቅብኣትካ ኑቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ናይ ጸልማት መንግስቲ ነውጺ፣ ምሕቲን ስለዝፈጥር ድምጺ ህቦብላን ብርቱዕ ንፋስን ትሰምዕ። እዚ ድምጺዚ እምበኣር ናይ ድያብሎስ ፍርሃትን ራዕድን ድምጺ እዩ።

ስለዚ ከምቲ ቃል እግዚኣብሄር ዝበሎ ብናይ ዓወት መዝሙር እንዳዘለልካ ክትዝምር ኣሎካ እምበር ፍርሃቱን ራዕዱን ንሸኻ ክትወስደሉ የብልካን። ንሱ ኣብ ቦታኻ፣ ንሸኻ ከኣ ኣብ ቦትኡ ኣይትቀመጥ። ፍርሃት ናቱ እዩ። ንሸኻ መንፈስ ፍርሃት የብልካን። ንሸኻ መንፈስ ትብዓትን ፍቕርን ርእሸኻ ምግታእን እዩ ዘሎካ (2ጢሞ 1፡7)። ስለዚ ንኣኻ ከጥፍእ ዝኽእል ህቦብላን ብርቱዕ ንፋስን፣ ከቃጽል ዝኽእል ሓዊ፣ ከጥሕለካ ዝኽእል ውሕጅ የሎን። ኣክንዳኻ ሰባት ይኹን ሃገራት ይሓልፉ ኸኣ እምበር ንሸኻስ ሓንቲ እኳ ኣይትኸውንን። (ኢሳ 43፡1-5)

11.4 ኣብ ልዕሊ ማዕበላትን ንፋሳትን ግዝኣት ኣሎና

... <u>ንንፋስ ገንሔ ንባሕሪ ድማ ስቐ በሊ፣ ህድኢ በላ</u>። የሱስ ነቲ ማዕበል ርእዩ ሱቕ ኣይበለን። ሓቒፍዎ ኣይሓደረን። ባዕሉ ክሃድእ ኣይተጸበየን። ኣብ ማእከል ማዕበል ብኣምላኹ ሃዲኡ፣ ውሽጡ ብሓጎስ መሊኡ፣ ንሱ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተላዕለ ህቦብላን ብርቱዕ ንፋስን ምሂኡ ከረጋግጽ ነቲ ነፋስ ገንሔ፣ ነቲ ባሕሪ ድማ ስቐ ክብልን ክሃድእን ኣዘዞ። ብእኡ ኸኣ ከም ቅጽበት ህድኣት ኮነ። ነቲ ዝተዳለወ ፈተና ብእምነት ገዚእዎ ሓሊፉ።

እቲ ቅድሚ ምግናሕካ ክህልወካ ዝግብኡ ኣትሓሳስባ፣ ኣርኣእያ እንተኣማሊእካ ብትብዓት፣ ብእምነት ክትገንሕ ይክኣለካ እዩ። ብእኡ ኸኣ ከምቲ ዝበልካዮ ይኸውን። ንእምነት ዘይግዛእ የሎን። ሕጂ ኣብ ህይወትካ ዘሸግረካ ኮይኑ ዝስምዓካ ማዕበል እንታይ እዩ? ፈሊኻ ፍለጦ። ብንጹር ምስፈለጥካዮ ብስም የሱስ ጸጥ ክብል ግንሓዮ። ኣብ ህይወተይ፣ ኣብ ቤተይ፣ ኣብ ስርሔይ ዝርኤ ዘሎ ዘየረዳድእ፣ ዘየማዕብል፣ ዘይሰጉም፣ ማዕበል በየሱስ ስም ጸጥ በእእእእእእእል!! እቲ ኣብ ህይወትካ ትርእዮ ዘሎኻ ዝተፈላለየ ማዕበላት እምነትካ ክፍትን ስለዝመጻካ ብጎይታ የሱስ ዘሎካ እምነት ኣርእዮ። ነቲ ኣብ ማእከል ህቦብላን ብርቱዕ ንፋስን ካብ ዝነበሮ ህድኣት ንላዕሊ ዝድቅስ የሱስ ሒዝካ ግንሓዮ። ኣብ ኣዝዩ ልዑል ቦታ ከም ዘሎኻ እንተኣስተውዒልካ ካብ ምድሪ ዝተላዕለ ኩሉ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ እንተዘይኮይኑ ንኣኻ ከናውጽ ዝክኣሎ ኣይኮነን። ከመይሲ ኣብ ትሕቴኻ እዩ ዘሎ። ንሸኻ ጎይታ ባሕሪ፣ ጎይታ ህቦብላ ንፋሳት፣ ጎይታ ማዕበላት ኢኻ። ናይዚ ምድሪ ንጉስ ኢኻ። ከምቲ የሱስ ብቓሉ ኣዚዙ ጸጥ ዘበሎ፣ ኣብ ህይወት ንዘጋጥመካ ዝኾነ ዓይነት ማዕበል ንቓልካ ክእዘዝ ምዱብ እዩ። ከመይሲ ልዕሊ ኩሉ ክስመ ዝክኣል ኣስማት ኢኻ ዘሎኻ።

12 ብመንፈስ ቅዱስ እምበር ብኽእለትን ብሓይልን ኣይኮነን

“ብመንፈሰይ እምበር ብኽእለትን ብሓይልን ኣይኮነን ይብል እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት” (ዘካ 4፡7)

“እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ እየ ጨናፍር ከኣ ንሸኻትኩም ኢኹም ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዚፈሪ። ኣባይ ዘይጸንዕ ዘበለ ኸም ጨንፈር ንወጻኢ ተደርብዩ ይነቅጽ። (ዮሃ 15፡5-6)

ምስ ኣምላኽ ዘሎና ዝምድና ከምቲ ጉንዲ ምስ ጨንፈር ዘሎዎ ዝምድና እዩ። ጨንፈር ናይ ርእሱ ህይወት የብሉን። ህላዌኡ እቲ ጉንዲ እዩ። ኩሉ እቲ ኣብ ጨንፈር ዝርኤ ጽባቐ፣ ፍረ ብጉንዲ ዝመጸ እዩ። ከምቲ ጨንፈር ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጅኡ ካብ ርእሱ ህላዌ ዘይብሉ ከምኡ ኸኣ ንሕና ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጃ ዕብየት ብርእስና ደው ንብለሉ ጊዜ የሎን። ንበይኑ ክሓስብ እንተጀሚሩ ነቒጹ ካብ ምድርባይ ካልእ ዕጫ የብሉን። ስለዚ ነቲ ብደም የሱስ ኮይኑልና ዘሎ ኣብ ህይወትና ክግሃድ ቅድሚ ኩሉ ዘድሊ ተግባር ምስቲ ብዓል ውዕለትና ዝኾነ ኣምላኽና ዘየቋርጽ ሕብረት ምግባር እዩ። የሱስ ክርስቶስ ኣብ ምድራዊ ህይወቱ ዕዉት ዝገበሮ ምስ መንፈስ ቅዱስ ዝነበሮ ሕብረት እዩ። ኣብ ሓቂ ምንባሩ መሰረቱ ካብ ርእሱ ምንም ዝገብር ከምዘይነበረ ምኻኑ ከምዚ ኢሉ ብዛዕባ ርእሱ ይዛረብ። “ካብ ርእሰይ ገለ ኽገብር ኣይክእልን። ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር ፍቓደይ ኣይደልን እየ እሞ ኣነ ኸምቲ ዝሰማዕክዎ እየ ዝፈርድ ፍርደይ ከኣ ቅኑዕ እዩ” (ዮሃ 5፡30)። የሱስ እኳ ብዘይ መንፈስ ቅዱስ ካብ ኣፉ ሓንቲ ቃል ከውጽእ ዘይደፍር ዝነበረ ንሕና ድኣ ክንደይ ኣዝዩ ኢዱ ዘየድልየና? ምስ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ዝህልወና ሕብረት ህያው እንተዘይኮይኑ ኣካላትና ነቒጹ ምህላዉ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ናይ ኣምላኽ ህያባት ወይ ጸጋታት ከም ሞያ ከነጥርዮም ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ነቶም ኣብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ዝሰማዕናዮም ብደም ዝተዋህቡና ጥቕምታት ብምልኣት ክንነብሮም ምስ ኣምላኽ ካብ ዘሎና ሕብረት ዝተላዕለ ብፍሉይ ኣኽብሮት ብቕጻሊ ንነብሮም ክንከውን ኣሎና። ልዕሊ ኩሉ እቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ከገድሰና ኣሎዎ። ምስ ምንጭና ዘይጥዓና ካልእና ከምይ ኢሉ ክጥዒ?

“ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ። እዚ ኩሉ ድማ ይውሰኽልኩም” (ማቴ 6።33)። ከምቲ ዝኾነ ናይ ሙዚቃ መሳርሒ ከይተቓነየ ዘድሊ ቃና ዘይህብ፣ ከምኡ ኸኣ ልብና ኣብቲ መኽበሪና ዝኾነ ኣምላኽና እንተዘይወዲቑ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ኣብ ድሌትና ክግለጽ

ኣይክእልን። ብደም ናይ ዝተዋህቡና ጥቕምታት ምግላጽ ረኺብና ኣብ ህይወትና ክንለማመዶም ከም ተበለጽቲ ብድሌትና ተገዚእና ድድሕሪ ድሌትና ሃርገፍገፍ ንብል ክንከውን የብልናን። ብዝኾነ ይኹን መለከዒ ዘይግብኣና፣ ሳላ እቲ ዘይውዳእ ምሕረት ኣምላኽ ብኽቡር መስዋእቲ ዝተኣርነበልና ርስቲ ከም ሓሳብ ስጋ እንዳተመላለስና ንምርዋይ ባህግታት ስጋና ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ጎድንና ክኸውን ክንሓስቦ ኣይግብኣናን። መንፈስ ቅዱስ ኣይዕሾን እዩ። ገለ ሰባት ንገለ ጥቕስታት ከም ፎርሙላ ብምጥቃም ምስ ኣምላኽ ንዝህልዎም ሕብረት ክብሪ ከይሃቡ ብስም ናይ ዓወት ፎርሙላ ድሌታቶም ከርውዩ ዝፍትኑ፣ ንርእሶም ተታሊሎም ንሰባት ከታልሉ ዝፍትኑ ኣይስኣኑን እዮም። በቲ ዝተገብረልና ተደናፊቕና ካብቲ ውህበታት ወይ ጥቕምታት ንላዕሊ ነቲ ወሃቢ ዘሎና ኣኽብሮትን ኣድናቕትን ክዓዝዝ ኣሎዎ። ከምዚ ከይኮነ ምስዝተርፍ ህይወትና ከም ዕንበባ መሮር ተራእዩ ይጠፍእ እምበር ከምታ ፍሬኣ በብጊዜኣ እትህብ ቆጽላ ኽኣ ዘይረግፍ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተክለት ኦም ኣይኽሸውንን (መዝ 1፣1-3)። ኣብ ኩሉ ህይወትና በቲ ዘይነጽፍ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክስነ ንደሊ እንተኾይንና ልዕሊ ኩሉ ኣብ ኩሉ ጉዳይና ንኣምላኽ ነቕድም ክንከውን ኣሎና። ንየሱስ ክርስቶስ ብዘይ ስፍሪ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክመልእ ዝገበሮ ምስጢር እንተኔሩ ብልዑ ፍቕድ እቲ ሰመያዊ ኣቡኡ ምፍጻም ስለዝነበረ እዩ። ክብረቱ ንእግዚኣብሄር ምእዛዝ ኔሩ። ኣብቲ ናይ መንእሰይ ዕድሚኡ ክሳብ ኣብ መስቀል ሙማት ክእዘዝ ዝገበሮ፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ድሌታት ንላዕሊ ዘኽብሮ፣ ልዕሊ ኩሉ ዝገብሮ ፍቕድ እቲ ሰመያዊ ኣምላኽ ምፍጻም ምኻኑ ካብ ዝነበሮ ምርዳእ እዩ። ዝኾነ ሰብ ይኹን ኩነታት ኣብ መንጉኡን ኣብ መንነ ኣቡኡን ንዝነበረ ርክብ ብኣሉታ ክጸሉ ዝፍትን ዝህቦ ቦታ ኣይነበሮን።

“ሓይልኹም ኣብ ህድኣትን ኣብ ምውካልን ኪኸውን እዩ” (ኢሳ 30፣15)። ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ብፍልጠት፣ ብልምምድ፣ ብመንፈሳውነት ንምረቕሉ ጊዜ የሎን። እቲ ብጎይታ ኣብ ትሕቲ እግርና ተገዚኡ ዘሎ ጸላኢ ካብ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ወጻኢ ብኽእለትናን ብሓይልናን ኣብ ትሕቲ እግርና ኣጽኒዕና ክንረግጾ ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ዓብዪ ኸረን ሚዳ ዝገብሮ ሓይልናን ክእለትናን ዘይኮነ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ። “ኣጉባዝ ይደክሙን ይሕለሉን ኣባጽሕ ድማ ሰንከልከል ኢሎም ይወድቁ፣ እቶም ንእግዚኣብሄር ዚጽበዩ ግና ሓይሎም ይሕደስ። ከም ንስሪ ሸኽናፍ ይድይቡ ይጎዩ እሞ ኣይሕለሉን ይኸዱ እሞ ኣይደክሙን” (ኢሳ 40፣30-31)። ስለዚ ካብ ሓይሊ ናብ ሓይሊ ዘሰጋግረና ምስጢር ኣብ መንፈስ ቅዱስ ምውካልና ጥራይ እዩ።

ሓደ ጊዜ ንዝልዓለ ትምህርቲ ካብዚ ሃገር ወጺኤ ናብ ካልእ ሃገር ከይደ። ኣብ ልዕሊ እቲ ካብ ትምህርቲ ነዊሕ ጊዜ ምፍላየይ፣ እቲ ትምህርቲውን ኣዝዩ በዳሂ እዩ ኔሩ። ኩልና እቶም ብሓደ ንምሃር ዝነበርና ዘይከበዶ ኣይነበረን። ኣነ ብጸጋ ኣምላኽ ካብቶም ዝሓለፉ ኮይነ ኣብቲ ዝመረጽክዎ ክቕጽል ዕድል ረኺበ። ክውድእ ሓደ ሰሚስተር ምስ ተረፈ ንኣይ ንህይወተይ ወሳኒ ስለዝነበረ ፍሉይ ደገፍ መንፈስ ቅዱስ ደልየሉ ዝነበርኩ ጊዜ እዩ። ኣብ ምውዳእ እቲ ሰሚስተር ባጀት ደው ክብል ስለዝነበሮ ብሓንቲ ዓይነት ትምህርቲ ዋላ እንተተሪፈ ካልኣይ ክደግማ ግድን ዓመት ክጽበ ኔሩኒ። ካብቲ ንኽልተ ዓመት ካብ ስድራይ ተፈልየ ጸኒሔስ ብተወሳኺ ንሳልሳይ ዓመት ክፍለ ዝፈጥሮ ምዝንባላት ንላዕሊ መምሃሪ ገንዘብውን ስለዘይነበረኒ ናይ ክልተ ዓመት ስራሕ ብዘይ ፍረ ምኻን ስለዝነበረ ኣዝዩ ዘጨንቕ ኩነታት ኔሩ። ኣብ ከምዚ ወጣሪ ኩነታት ንጉዳየይ ብኽመይ ክሕዞ እየ።

ከምቲ ተለማሚደዮ ዝጸናሕኩ ኣብ ምጅማር እቲ ሰሚስተር ኣብ እግሪ ኣምላኽይ ወዲቕ። ብዘይ ናቱ ደገፍ ክሓልፍ ከምዘይክእል ኩሉ ምቕናዕ ካብኡ ምኻኑ ተኣሚነ ኣብቲ ሰሚስተር ጼሩኒ ክኽይድ ዝኽእል ቃሉ ክህበኒ ብቕጻሊ ብመንፈስ ቅዱስ ጸልየ። እቲ ነዛ ምድሪ ኣጽኒዑ ክሕዝ ዝኽኣለ ቃል ክውሃበኒ ከየባተኽኩ ጸልየ። እቲ እሙን ዓርከይ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ንልበይ ዝረትዐ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰሚስተር ከመላልሰኒ ዝኽእል ቃል ሂቡኒ። ዘድሊ መጽናዕ ተይ እንዳገብርኩ ነቲ ዝተዋህበኒ ቃል እንዳትኣመንኩ ኸኣ ኣብ እዋን ፈተና በጺሔ። እቲ ናይ ፈተና ጊዜ ብሓቂ ናይ ራዕዲ ጊዜ እዩ። ኣነ ግን በቲ ቃል ተጸናኒዐ ኣብ ምስጋና ኔረ። ይኹን እምበር ኣብ ኣእምሮይ ዘይመጸኒ ፈተና ኣይነበረን።

እቲ ፈተና ሳልስቲ ምስ ተረፎ እግዚኣብሄር መንፍስ ቅዱስ ብሕልሚ ብንጹር ናይ ጸልማት (ምድንጋር) መንፈስ ኣብቲ ፈተና ንገብረሉ ጊዜ ከምዝመጽእ፣ እሞ እቲ ፈተና ከይርድኣና ሙሉእ ብሙሉእ ክጉልብበና ከምዝፍትን ነጊሩኒ። ነቲ ሕልሚ ኣቃሊለ ስለዝርኣኹዎ ምንም ከይተገደስኩ ሓሊፈዮ። ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተዋህበኒ ጥራይ ብምሕሳብ ኣብቲ ኣብ ኤእዋኑ ዝብለኒ ከየድሃብኩ ናብ እታ ምንም ምድላው ዘየድልያ ዝቐለለት ኢልና ዝተጸበናያ ከም ደገፍ ናይተን ካልኦት ዝሓሰብናያ ፈተና ኣትየ። ሕቶ ከንብብ ምስ ጀመርኩ ቀሊል ኮሎ ዘይርድኣካ ኮይኑኒ። ካብ ሕቶ ንላዕሊ ዝኸበደ ዋሕዲ ጊዜ እዩ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ኸኣ ነታ ሕቶ ክደጋግም ጥራይ ክስጉም ምኽኣል ስኢነ። ዓቕለይ ክጸበኒ ስለዝጀመረ ኩሉ ገዲፈ መሊሰ ተነሲሔ ኣብ ኢድ መንፈስ ቅዱስ ወዲቕ። ሙሉእ ምርዳእ ናይቲ ሕቶ ከይሓዝኩ ከኣ ብእምነት ኣብተን ተሪፈናኒ ዘለዋ ጊዜ ዝፈልጦ ዘበልኩ ክጽሕፍ መደብኩ። ከምኡ ኸኣ

ጌረ። ወዲእና ምስ ወጸና ብእኡ ዘይሰንበደ ኣይነበረን። ማንም ሰብ እዚኣ ሰሪሔ ክብል ዘይክእል ኔሩ።

ኣብቲ ፈተና ዕዉት ከይኮንካ ምውጻኣ ዝዓበየ መጉዳእቲ ናብቲ ስዒቡ ዝቕጽል ሓሓደ መዓ ልቲ ሰገርካ ዝውሃብ ክልተ ምክባዱ ትጽበዮ ፈተና ዝህልዎ ሳዕቤን እዩ። ፈተና ወዲኤ ምስ ወጻእኩ ሕማቕ ከምጽእ ከምዝክእል ግምት ስለዝነበረኒ ምስ ተረፍኩ ከጋጥመኒ ንዝክእል ኩነታት ጥራይ ብምሕሳብ ኣእምሮይ ብጭንቀት ክትኰስ ደልዩ። እቲ ሰሚስተር ሙሉእ ሓልዩኒ ዝነበረ ቃል ክብሎ ሓይሊ ስኢነ። ካብቲ ዘጋጠመኒ ኩነታት ምውጻእ ስኢነ። ተመሲሔ ቁሩብ ኣዕሪፈ ናብ መጽናዕተይ ክኸይድ ኔሩኒ። ምሳሕ መቐረቱ ጠፊኡኒ። ከዕርፍ ክድቅድ ፈቲነ ኣዕንቲ በየን ገጸን ክጉልበባ። ኣብ ዓራተይ ተተገላቢጠ ምሕሳብ ጥራይ ኮይነ።

ናይ መጽናዕቲ ጊዜይ ኣኺሉ ከም ዘጽንዕ መጻሕፍተይ ጠርኒፈ ናብ ቤት ንባብ ከይደ። መጽሓፍ ተገንጺሉ ኣሚንተይ ኣብቲ ጽሑፍ ክርኢ እንከለሎ ሓሳበይ ግን ናብቲ ዝውዓልክዎ ጸልማት መዓልቲ እንዳኸደ ካብ ሓደ ገጽ ንላዕሊ ክኸይድ ኣይክኣልኩን። ኣብ ነፍስ ወከፍ ካልኢት ከኣ ሓንቲ ቃል ጥራይ ይደግም ኔረ። እግዚኣብሄእእእእእር ብሓቂ ምሳይ ዶ ኔርካ? ደጋጊመ እዚኣ ጥራይ ይብል ኔረ። መለሳ እንተኾነኒ ደጌ ወጺኤ ሻሂ ሰትየ ይምለስ ለውጢ ዘይብሉ ኔሩ። ካብ ሰዓት ሓሙሽተ ናይ ምሸት ክሳብ ዓሰርተን ፈርቓን ተቓሊሰ። ምንም ፍረ ስለዘይነበሮ ኢንተርነት ርእየ ንቦታይ ክኸይድ ካብ ቤት ንባብ ወጺኤ። ኣብ ኢንተርነት ከይደ ኢመይለይ ከፊተ። ኣብኡ ሓደ ኣገራሚ ነገር ጸኒሑኒ። ካብ ሓደ ከተማ እዩ፣ ጽሒፉለይ ዘይፈልጥ በታ ዕለት እቲኣ ዝተጻሕፈት መልእኽቲ ምንም ወሰኽ ዘይብላ ሓንቲ ጥቕሲ ጥራይ ጽሒፉ ልኢኹለይ። እታ ጥቕሲ ኸኣ “እግዚኣብሄር ምሳኻ ካብ ኮነ መን እዩ ዝቃወመካ” ትብል እያ ኔራ። ነዚኣ ምስ እንበብኩ ካብ ብርቱዕ ነጎዳ ዝብርትዕ ናይ ሰማይ ድምጺ ኮይኑ፣ ነቲ ሙሉእ መዓልቲ እንበርዶ ምሳይ ኔርካ ክብሎ ዝውዓልኩ መልሲ ኮይኑኒ። ከምዚ ከምዝብለኒ ዘሎ ኮይኑ ኸኣ ኣብ ውሽጠይ ተረዲኡኒ። “እወ!!! ምሳኻ ኔረ። ምሳኻ ስለዝነበርኩ ኸኣ ዝቃወመካ የሎን። ኣነ ክባርኸካ ስለዝፈተኹ ነዚ ክምንዝዓካ ዝክእል የሎን። ከሕልፈካ ስለዝፈቀኹ ከትርፈካ ዝክእል ኩዑ የሎን። ዋላ ሓንቲ እኳ እንተዘይሰራሕካ ኣነ እንተፈትየ ከሕልፈካ ዘክእል ጥበብ ስለዘሎኒ መንዩ ዘትርፈካ። ኣነ ምሳኻ ስለዝኾንኩ መንዩ ዝቃወመካ??????”

ኣዝዩ ዘገርም እዩ። ካብቲ ኢንተርነት ኣንበሳ ኮይነ እየ ወጺኤ። ኣብ ቅድመይ ክርኣየኒ ዝኽእል ዋላ ሓንቲ ዕንቅፋት ኣይነበረን። በቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተዋህበኒ ቃል ኣብ ውሽጠይ መሊኡኒ ዝነበረ ሓይሊ ከምዚ ኢለ ክገልጾ ኣይክእልን እየ። ኣብ ቅድመይ ዓብዩ ኸረን እውን እንተዘጋጥመኒ ብኢደይ ደፊኤ ናብ ባሕሪ ክድርብዮ ከም ዝኽእል ክሳብ ዝስምዓ ኒ ብእምነት ሰማይ ተሰቒለ። ሙሉእ ለይቲ በቲ ቃል ክዘልል ሓዲረ። ኣብቲ ዝቕጽል ፈተናታት ጣልቃ ክኣቱ ንዝኽእል ሓይሊ ጸላኢ ኣፈራሪሰ ንፈተና ኣትየ። ከምተን ክልተ ፈተናታት ዝጥዕም ተፈቲነ ኣይፈልጥን። ውጽኢትውን ናይታ ሕማቕ ሰሪሔያ ዝበልክዋውን ከይተረፈት ካብቲ ዝሓለፈ ሰሚስተራት ዝለዓለ ነጥቢ ኣምጺኤ። ኣብ መንፈስ ቅዱስ ምውዳቕ ውጽኢታዊ እዩ። እቲ ልዑል ነጥቢ ምምጽኤይ ጥራይ ዘይኮነ ምሕላፈይውን ካብ መንፈስ ቅዱስ ስለዝኾነለይ ክብሪ ንስሙ ይኹን።

ብሓይልን ክእለትን ኣይኮነን ብመንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ። ሓይልኻን ክእለትካን ቁሩብ መገዲ ከኺደካ ይኽእል እዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ኣየብጽሓካን እዩ። ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ ብእምነት እንተጀሚርካ፣ ኣብ ኤእዋኑ ንእምነትካ ከጥፍእ ካብ ዝመጽእ ፈተነታት ተሓሊኻ ኣብ ዓወት ክትበጽሕ ነንእዋኑ ዝኸውን ምኽርን ጥበብን ሓይልን ካብ መንፈስ ቅዱስ ክትረክብ ወሳኒ እዩ። ካብቲ ዝተዋህበ ምስክርነት እንተርኢና በቲ ተዋሂቡኒ ዝነበረ ናይ እምነት ቃል ክኸይድ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብቲ ወሳኒ ጊዜ ንዝገጠመኒ ፈተና ብእምነተይ ክሓልፍ ኣይክኣልኩን። ነቲ ንእምነተይ ከጥፍእ ዝተላዕለኒ ፈተና መዋጽኦ ብመንፈስ ቅዱስ እንተዘይረክብ እቲ ሰሚስተር ምሉእ ምእዋጀይን ምጽላየይን እኹል ኣይነበረን። ብእምነት ጀሚርና ብእምነት ክንውድእ ዘኽእለና ምስ መንፈስ ቅዱስ ካብ ዝህለወና ምሉእ ሕብረት ኣብ ኤእዋኑ ብዝውሃበና መሪሕነት እዩ። ኣብቲ ድሮ ሒዝናዮ ዘሎና ተኣሚንና ጥራይ፣ ነንዕለቱ ንዝውሃበና መሪሕነት ሸለል እንተኢልና ኣብ ወጣሪ እዋን ክንወጽእ ክኸብደና ይኽእል እዩ። ስለዚ ድሮ ካብ ዝነበረካ እምነት ኣይኮነን፣ ካብ ምጽላይካ ጥራይ ኣይኮነን። ዓ ወት ብመንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ። ኩሉ ሃልዩካ ምስ መንፈስ ቅዱስ ዘሎካ ሕብረት ድኹም እንተኾይኑ ብዘረባ ሓያል ብግብሪ ግን ድኹም ከምትኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን። የሱስ ኣብ ምድረበዳ ቃል ኣምላኽ መሰረት ብምግባር ኣደናጋሪ ብዝኾነ መልክዕ ንዝመጸ ዝነበረ ፈተናታት ብዘደንቕ መገዲ ዕላማ ከይስሓተ ግንባር ድያብሎስ ከንህል ዝኸኣለ ኣብ እዋኑ ዘድሊ ካብ ኣፍ መንፈስ ቅዱስ ብዝተቐበሎ ቃል እዩ።

13 ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ

"ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉሰ ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ። ስለዚ በታ እክይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ኽትክእሉ ኩሉ ምስ ኣሰለጥኩምውን ድው ክትብሉሰ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ። ደጊም ሕቑኹም ብሓቂ ተዓጢቕኩም ድርዒ ጽድቂውን ተኽዲንኩም ቁሙ። ነቲ ናይ ወንጌል ሰላም ምድላው ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሳእን ኣእቲኹም ደው በሉ። ምስናይ እዚ ኹሉ ነቲ ናይቲ ኽፉእ ርሱን መንትግ ዘበለ ኽተጥፍኡሉ እትኽእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ። ናይ ምድሓን ቁራዕ ርእሲ ኣእትዉ ናይ መንፈሰ ሰይፊውን ማለት ቃል ኣምላኽ ሓዙ። ብኹሉ ጸሎትን ልማኖን ኩሉ ሳዕ ብመንፈሰ ጸልዩ" (ኤፌ 6፡12-18)።

ነቲ ብደም ዝተዓደገልና ጥቕምታት ኣብ ህይወትና ክንለማመዶ፡ ካብቲ ናይ ወትሩ ጸላኢና ዝፍኖ ፍላጻታት ርእስና ክንሕሉ ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ክንለብስ ኣሎና።

<u>ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ</u>፡- ኣምላኽ ዘምስለካ ከም ኣምላኽ ዘመሳስለካ ኣጽዋር ወይ ኣልባሳት። እዞም ኣልባሳት ንምግላጾም ብዝጥዕም ኣሰራርዓ ብኽምዚ ዝስዕብ ክንዝርዝሮም ኸኽእል ኢና፡

- ናይ ምድሓን ቁራዕ ርእሲ ኣእቱ
- ድርዒ ጽድቂ ተኽደን
- ሕቑኻ ብሓቂ ተዓጠቕ
- ወንጌል ሰላም ኣብ እግርኻ ከም ኣሳእን ኣእቱ
- ዋልታ እምነት ኣልዕል
- ቃል ኣምላኽ ኩሉ ሳዕ ጸሊይ
- ናይ መንፈሰ ሰይፊ፡ ቃል ኣምላኽ ሓዝ።

<u>ናይ ምድሓን ቁራዕ ርእሲ ኣእቱ</u>፡- ብጎይታ ካልኣይ ምስተወለድና፡ መንፈስና ካብ ኣምላኽ ስለዝተወልደ ዝትንክፎ የሎን። ብምድሓንና ከኣ ሓሳብ ክርስቶስ ኣሎና (1ቆረ 2፡15)። ስለዝኾነ ከኣ ከምቲ ክርስቶስ ዝሓስቦ ክንሓስብ ኸኽእል ኢና። ይኹን እምበር ንነፍስወከፍ ንስጉሞ ስጉምቲ ነጻ ምርጫ ኣሎና። ኣብዚ ምድሪዚ ክሳብ ዘሎና ብኣካላትና፡ ብመገዲ ሓሙሽተ ሕዋሳትና ምስታ ጸላኢ ብዙሕ ጽልዋ ጌሩላ ዘሎ ዓለም ስለንራኽብ ብምሕዳስ ሓሳብ ክንልወጥ እምበር ነዛ ዓለም ክንመስላ የብልናን (ሮሜ 12፡2)። እቲ ውግእ ኣብ

ኣእምሮና እዩ። እቲ ኣብ ኣእምሮና ዝተሳዕረ ተሳዒሩ እዩ፣ ስለዝኾነ ኸኣ ዓብዪ ሓለዋ ዘድልዮ ኣእምሮና እዩ።

እግዚኣብሄር ንኣእምሮና ሙሉእ ብሙሉእ ክሕልዎ ዝኽእል ቆብዕ፣ ቁራዕ ርእሲ ኣዳልዩልና። ቁራዕ ብምልኣት ንኣእምሮና ዝሸፍኖ እዩ። ንኣእምሮና ብእኡውን ኻኹሉ ህይወትና ሙሉእ ጥዕና ዝህበና ናይ ምድሓን ቁራዕ እንታይ ትሕዝቶ ስለዘሎዎ እዩ? እቲ ሓቂ፣ ምድሓን ኣብ ዝብል ቃል ዝስረት እዩ። ምድሓን ክብል እንከሎ እንታይ ማለት እዩ? መብዛሕቲ ጊዜ ምድሓን ካብ ናይ ገሃነም መቐጻዕቲ ምስ ምውጻእ ጥራይ ኣትሓሒዝካ ብጸቢብ ክግለጽ ይርኤ እዩ። እዚ ፍልጠትዚ ንርእሶኻ ሙሉእ ሓለዋ፣ ጥዕና፣ መልሲ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ብዛዕባ ምድሓን ዝብል ቃል ዳህሳስ ክግበር ግቡእ እዩ። ወንጌል ንምድሓን ዝውሃበካ ሓይሊ ኣምላኽ እዩ (ሮሜ 1፡16)። ወንጌል ብጎይታ የሱስ ብደሙ ዝተዓደገ ብልጽግና፣ ጥዕና፣ ሓርነት፣ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ምስግጋር የጠቓልል። ስለዚ ምድሓን ንወንጌል ዝገልጾ ቃል ስለዝኾነ ኻኹሉ ካብቲ ዝነበረና ናይ ሓጢኣት ኩነታትን ሳዕቤናቱን ምውጻእ የመልክት። ምድሓን ኣብ መዝ 107፡2 ብኸምዚ ይገልጾ፣ “ኣቱም እግዚኣብሄር ዝተበጀወኩም ነዘን ቃላት እዚኣተን እናደገምኩም ኣመስግንዎ” ብምባል ኣቲ ክደግምዎ ዘለዎም ቃላት ቀጺሉ ካብ ዝተፈላለየ ኩነታት ከምዘናገፎም፣ ከምዘሕወዮም፣ ሓራ ከምዘውጽኦም፣ ኣርዑቶም ከምዝሰበረ ይጠቅስ። ስለዚ ምድሓን ካብ ኩሉ ዘሳቐየና ነገራት ምንጋፍ እዩ። ንርእስና ቁራዕ ክንገብረሉ ማለት እምበኣር ኣብ ዘዘድሊ ጊዜ ኣእምሮና ብናይ ምድሓን ሓሳብ ክሓስብ ኣሎዎ። ብጥዕና እንተመጺኡ፣ ኣእምሮና ብጎይታ የሱስ ከምዝሓወና ክሓስብ ኣሎዎ። ካብዚ ወጻኢ ምሕሳብ ቆብዕካ ምውጻእ ስለዝኾነ ንናይ ጸላኢ ፍሕሶ ትጋለጽ ግዳዩ ኸኣ ትኸውን።

<u>ድርዒ ጽድቂ ተኽደን</u>፡- ድርዒ ኣብ ኣፍ ልብና ዝግበር ኣጽዋር እዩ። ኣብ ዓውዲ ኩናት ደው ኢልካ ክትዋጋእ ኣይትኽእልን ኢኻ። ደው ክትብል እንተኾንካ ደው ከብለካ ዝኽእል መሸፈኒ ክህሉ ኣሎዎ። ድርዒ ጽድቂ ከኣ ብደም የሱስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንቀውም ብዛዕባ ምኽኣልና እዩ ዝዛረብ። የሱስ ኣክንዳና ሕጊ መሊኡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብትብዓት ንቐውም ገሩና። ስለዝኾነ ኸኣ የሱስ ክርስቶስ ኣክንዳና ሓጢኣት ኮይኑ ጽድቂ ኣምላኽ ክንከውን ከምዝገበረና ጽቡቕ ፍልጠት ክህልወና ኣሎዎ 2 ቆሪ 5፡21። ብዘይዚ ፍልጠትዚ ኣብ ኤእዋኑ ከጋጥመና ብዝኽእል ጉድለታት ብኽሲ ተዋሒጥና ኣፍልብና ተወጊእና ልብና ክቋሰል ይክኣል እዩ። ልብና እቲ ከም ብሓድሽ ዝተወለደ መንፈስና እዩ። ስለዚ ብመጥቃዕቲታት ከምዘይጸደቕና ኣብ ምእማን ደረጃ ዘየብጽሓና ንለብሶ ልብሲ ናይ

ጽድቂ ድርዒ እዩ። ጽንዓት ድርዕና ኣብ ደም የሱስ ብዘሎና ርድኢት ይውሰን። ብግብርና ዘይኮነ ብኸምኡ ብእምነት ብደም የሱስ ከምንጸድቐ ጽኑዕ ፍልጠት እንተሎና ኣብኤእዋኑ ዝመጽእ ንጽድቅና ዝፍትን ርሱን ፍላጻታት ብቐሊሉ ከነፍሽሎ ንኽእል።

<u>ሕቑቡም ብሓቂ ተዓጠቑ፥-</u> ብፍልጠት ሓቂ ጥራይ ኢና ሓራ ክንወጽእ ንኽእል ዮሃ 8፡32። ዝኾነ ርድኢት ክሳብ ክንደይ ሓራ ይገብረና መዚንና ሓቅነቱ ክንግምግም ንኽእል ኢና። “እታ ኻብ ላዕሊ ዝኾነት ጥበብ ግና ቕድሚ ኹሉ ንጽሕቲ እያ። ድሓር ሰላማዊት ሕያወይቲ፡ ሰማዕ፡ ምሕረትን ጽቡቕ ፍረን ዝመልኣት፡ ሻርነትን ግብዝናን ዘይብላ እያ” (ያዕ 3፡17)። ንኹሉ ንለብሶ ኣጽዋር ገጣጢሙ ስሙር ዕጥቂ ዝገብሮ ናይ ሓቂ ዕጥቂ እዩ። ብዛዕባ ኩሉን ኣጽዋራት ዘሎና ርድኢት ካብ ቃል ኣምላኽ ዘይርሓቐ ምኻኑ ብዝተኻእለና መገዲ ከነረጋግጽ ኣሎና። ብዛዕባ ምድሓን፡ ጽድቂ፡ ኣጸላልያና፡ ብሓፈሻ እምነትና ክሳብዛ ጊዜ ዘሎናያ እግዚኣብሄር ዝገለጾ ሓቅታት እንዳተወከስና ርእስና ንኽልስ ክንከውን ኣሎና። ኣብ ዝነበረ ሃይማኖታዊ ኣትሓሳስባታት ተኣሲርና ዘይንነቓነቕ ንቐጻት ኣይንኹን። ከምኡ ምኻንና ካብ ንገዛእ ርእስና ንላዕሊ ንጎድኦ የሎን። ናይ ኣቦ ንመን ንሃቦ ዝብሃል ኣብሃህላ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ኣብ ክርስትና ኣይሰርሕን እዩ። ንቓል እግዚኣብሄር ትኽ ብትኽ ከይወሰኽና ከይነከና ንቐበል እንተዘይኮንና ካብ ናይ ጸላኢ ውዲት ነምልጥ ኣይኮናን። ስለዚ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ረጊጽና ክንመላለስ ብኹሉ ሓቂ ሕቑና ሸጥ ኣቢልና ንትዓጠቕ።

<u>ወንጌል ሰላም ኣብ እግርኻ ከም ኣሳእን ኣእቱ፥-</u> ነፍስወከፍ ትስጉሞ ስጉምቲ፡ ነፍስወከፍ ትውስኖ ውሳኔ ቃል ኣምላኽ መረጋገጺ ዝርከብካሉ ክኸውን ኣሎዎ። እትስጉሞ ስጉሚ ጸልማት ክረግጽ የብሉን፡ ጸላኢ ኣብ ዝቆጻጸሮ ግዝኣት ክትኣቱ የብልካን። ስጉምቲታትካ፡ ውሳኔታትካ ዓለማዊነት፡ ፍትወታት ዝመበገሲኦም ክኾኑ የብሎምን። ምስ ሰይጣን፡ ዓለም፡ ስጋ ፈጺምካ ተቐባበጽ። ካብዚኦም ኣብ ምድሪ ኾነ ኣብ ሰማይ ጥፍኣትን ዕንወትን እምበር ትረኽቦ ዝኾነ ይኹን ረብሓ የሎን። ኣብዚ ምድሪዚ ኾነ ኣብ ሰማይ ዘድልየካ ኩሉ ሰናይ ነገር ብደም የሱስ ኮይኑልካ ስለዘሎ እዚ ወንጌልዚ ሳእኻ ግበር።

<u>ዋልታ እምነት ኣልዕል፥-</u> ዋልታ ካብ ፈቐድኡ ንዝልኣኽልካ ፍላጻታት ኣብ ህይወትካ ከይትንክፍ ክትከላኸል ትጥቀመሉ። ዋልታ እምነት ንእምነትካ ዕለት ዕለት ኣንጊህካ ምእዋጅ ከስምዕ ይኽእል። ብዛዕባ ኣብ ህይወትናን መንፈሳውነትናን ዘድሊ ኩሉ ብደም የሱስ ዝኾኑልና ሓቅታት ፈሊጥና መዓልቲ መጸ ንእውጅ እንተኾይንና ኣብ ከባቢና ቀጽሪ ንገብር ከምዘሎና

እዩ። እዞም ብምእዋጅ ኣብ ከባቢና ንፍንዎም እምነትና በብእዋኑ ክመጹና ካብ ዝኽእሉ ርሱን መንትግ ንምክልካል ይጠቕሙና።

<u>ቃል ኣምላኽ ኩሉ ሳዕ ጸሊ፥-</u> ኩሉ ሳዕ ክንጽሊ ኣለና። ከመይሲ ጸሎት ካብ ኣምላኽ ዘድልየና ክንወስድ እግዚኣብሄር ዝሰርየ ሕጋዊ መፍትሕ እዩ። ጸሎትና ውጽኢታዊ ክኸውን ግን ኩሉ ጸሎትና ብቓል ኣምላኽ ዝጽለ ጸሎት ክኸውን ኣለዎ። ጸሎትና ቃል ኣምላኽ ክኸውን ኣለዎ። ብደም የሱስ ኣብ ህይወት ዘድልየና ኩሉ ተዓዲጉልና እንተኾይኑ ዘድሊ ውርሻና ምፍላጥ እዩ። ውርሻና ከኣ ብቓል ኣምላኽ እዩ ተገሊጹ ዘሎ። ስለዚ ድሌትና ብቓል ንረክቦ፥ ነዚ ምሉስ ድሌት ሒዝና ኸኣ ብጸሎት ንብሎ። ኑቲ ቃል ንጽልዮ። ዝተመለሰ ጸሎት ንጽሊ ስለዘሎና ኸኣ ዘይምለስ ኣይህልወናን። ቃል ኣምላኽ ብምጽላይ እምብኣር ፈተና፥ ኣፍደገ ጸላኢ ክኾኑና ንዝኽእሉ ሃንፋት ብምዕባስ ኣብ ህይወት ንምግዛእ ንድገፍ። ዘይተማልኤ ድሌት ኩሉ ግዜ ፈተና እዩ።

<u>ናይ መንፈስ ሰይፊ፥ ቃል ኣምላኽ ሓዝ፥-</u> ክሳብዚ ዝተጠቕሱ ኣጽዋራት ኩሎም ርእስና ንከላኸለሎም እምበር ንመጥቃዕቲ ንጥቀመሎም ኣይኮኑን። ክንሕልዎም ዘድልዩና ሙሉእ ምክልኻል ምስገበርና ዕርድና ኣደልዲልና ጸላኢ ኣብ ዘሎዎ ንምድምሳስ፥ ካብ ዝዓረዶ ኣውጺእካ ንምምልባስ ከምዘይዳፈረካ ንምግባሩ ናይ ምጥቃዕ ኣጽዋርና ንጥቀም። ንመጥቃዕቲ ንጥቀመሉ ኣጽዋር ከኣ ናይ መንፈስና ሰይፊ፥ ቃል ኣምላኽ እዩ። ናይ መንፈስና ሰይፊ ካብ ኣፍና ዝወጽእ ኣብ እዋኑ ዘድሊ ቃል ኣምላኽ እዩ። ዝዝረብ ቃል፥ ዝብሃል ቃል። ርኢኻ፥ ፈሊጥካ ዝብሃል ቃል። ናይ መንፈስ ቃል ምስ ኩሎም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ንምክልኻል ንጥቀመሎም ኣጽዋር ተደሪቡ ዝኸይድ ኣጽዋር እዩ። “ንኣምላኽ ተገዝእዎ፥ ንዲያብሎስ ተጻረርዎ እሞ ክሃድም እዩ” (ያዕ 4፥7)። እቲ ንኣምላኽ ምግዛእ በቲ ንርእሽኻ ንምክልኻል፥ ንምሕላው ኣምላኽ ክትብሎ ንዝበለካ ቃል ኣጽኒዕካ ምሓዝ ክኸውን ኣንከሎ፥ ብድሕሪኡ ኑቲ ኣብ ዘይቦትኡ ዝርከብ ዘሎ ናይ ጸላኢ ሓይሊ ይኹን ናይ ጸልማት ግብሪታት ብናይ መንፈስካ ሰይፊ ትቃወሞ፥ ትቕጥቅጠ፥ መጥቃዕቲ ትፍነወሉ ብኡ ኸኣ ይሃድም።

ራ ብ ዓ ይ

ክፋል

መደምደምታ

14 መደምደምታ

“ተስፋ ኣምላኽ ዘበለስ ኣብኡ እወ እዩ፣ ስለዚ ኽኣ ኣምላኽ ብኣና ምእንቲ ኪኽብርሲ ብእኡ ኣሜን እዩ” (2 ቆሪ 1፡20)።

ጽሑፍና እግዚኣብሄር ንተስፋታቱ እሙን ከምዝኾነ ብምርኣይ ክንድምድሞ ኢና። ነቲ ብደሙ ዝተዓደገ ኣምላኻዊ ህይወት ዘንብረና ተስፋታት ምፍላጥን፣ ከምቲ ኢልዎ ዘሎ ኣሜን ምባልን ከድልየና እዩ። “ህዝበይ ስእን ፍልጠት ይጠፍእ” (ሆሴእ 4፡6)። ህዝቢ ኣምላኽ ነገስታት ክንከውን ዘድሊ ኩሉ ተገሩልና ክንስና ስኣን ፍልጠት ዘይምሱል ንመስል ኣሎና። ስለዚ ፍልጠት ንዓድግ። ከም መጠን ፍልጠትና ድማ ንንበር።

“ነቲ ናብ ክብሩን ሕያውነቱን ዝጸውዓና፣ <u>ብምፍላጥና</u>፣ መለኮታዊ ሓይሉ፣ ኩሉ እቲ <u>ንህይወትን ንመንፈሳውነትን ዘድልየና</u> ሂቡና ኣሎ። በዚ እታ ኽብርትን ዓባይን <u>ተስፋ</u> ረኸብና። ንሸኻትኩም ድማ ካብቲ ንዓለም ኣባላሽይዋ ዘሎ ትምኒት ስጋ ወጺእኩም <u>ተኻፈልቲ መለኮታዊ ባህርዩ ኾንኩም</u>” (2 ጴጥ 1፡3-4)። ተስፋ ኣምላኽ። ኣብ ህይወት ብብልጽግናን ብጽድቅን ገዚእና ከንነብር ዘኽእለና ኽብሩን ዓብይን ተስፋ ኣሎና። ዝተቐመጠ ዓብዪ ርስቲ እንተሎካ ዘድልየካ ዝዓበየ ነገር ፍልጠት ርስትኻ እዩ። ፍልጠት ኣብ ዘይብሉ ሃብታም ክንሸኻ ድኻ፣ ሓያል ክንሸኻ ድኹም፣ ጥዑይ ክንሸኻ ሕሙም፣ ክቡር ክንሸኻ ሕሱር፣ ንጉስ እንኮሸኻ ባርያ ኢኻ። ሕጂውን ነቲ ክቡርን ዓብይን ተስፋ፣ ንህይወትናን ንመንፈሳውነትን

ዘድልየና ከምዝተዋህበና፡ ብምፍላጥና ጥራይ ኢና ተኻፈልቲ መለኮታዊ ባህርይ ኣምላኽ ንኸውን። ፍልጠት ኣብ ዘይብሉ ግን ዝህልወካ የሎን። ካብ ዘይምፍላጥ ዝዓቢ ኩፉእ ነገር የሎን። ዝዓበየ ድኽነት ድንቁርና እዩ። ስለዚ ፍልጠት ንዓድግ።

“እቲ <u>ብመንፈሳዊ በረኸት ዘበለ ብክርስቶስ</u> ገይሩ <u>ኣብ ሰማያት</u> ዝባረኸና ኣምላኽን ኣቦ ጎይታና የሱስ ክርስቶስን ብሩኽ ይኹን” (ኤፌ 1፡3)። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብክርስቶስ ተኸሉ ኣብ ህይወት ዘድልየና በረኸት ኣብ ሰማያት ባሪኹና። ንሕና ኣብ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ዘሎና፡ ኣብ ሰማያት ኢና ተቐሚጥና ዘሎና። ስለዚ ኑቲ ኣብ ሰማያት ምቕማጥና ፍልጠቱ እንተሎና፡ ኣብኡ እምበኣር እግዚኣብሄር ኣምላኽ ተኸሉ ዘድሊ መንፈሳዊ በረኸት ባሪኹና ኣሎ። በቲ ሰመያዊ ሓሳብ ንመላለስ እንተኾንና ከኣ ስልጡን ኣከያይዳ ክንከይድ ኢና። ኣብ ምድሪ ንነብር እንተኸይንና ግን ጥቕዕ ኣከያይዳ እዩ ክህልወና። “ስለዚ ኣቱም ሰማያት ኣባታቶም እትነብሩውን ተሓጎሱ። ኣቱም ምድርን ባሕርን ግና ድያብሎስ ቁሩብ ዘመን ከም ዘለዎ ፈሊጡ ብብርቱዕ ወሪዱኩም ኣሎ እሞ ወይለኾኹም” (ራእ 12፡12)።

ጥ ብ ቆ

የሱስ ናይ ምእማንና ሃዋርያን ሊቀ ካህንን እዩ (ዕብ 3፡1)

ነዞም ብደም የሱስ ዝተዓደጉ ውርሻኻ፡ ናይ ውልቂ ብጽሒትካ ከም ዝተኣዘዘልካ መድሃኒት ሰለስተ ጊዜ አብ መዓልቲ ኣውጂም፡ ተኣመኖም፡ የሱስ ክኣ አብ ሰማያት ክእመነካ እዩ። ምግሃዶም ድማ ክትርኢ ኢኻ። “ቃለተይ ንዝረኽበን ህይወቱ፡ ንብዘሎ ስጋኡ ኽኣ ፈውሱ እየን (ምሳ 4፡21)።

እግዚኣብሄር ንዓይ፡-

- *እግዚኣብሄር ሓይለይ እዩ ኢሳ 12፡2*
- *እግዚኣብሄር ሓይሊ ህይወተይ እዩ፡ ካብ መን ደኣ እየ ዝፈርህ? መዝ 27፡1*
- *እግዚኣብሄር መዝሙረይ እዩ። ኢሳ 12፡2*
- *እግዚኣብሄር ምድሓነይ እዩ። ኢሳ 12፡2*
- *የሱስ ክርስቶስ ሰላመይ እዩ። ኤፌ 2፡14*
- *ኣምላኽ ደስታየን ታሕጎሰይን እዩ። መዝ 43፡4*
- *እግዚኣብሄር ኣምላኽ ፈዋስይ እዩ። ዘጽ 15፡26*
- *እግዚኣብሄር ከውሔይ እዩ። መዝ 18፡2*
- *እግዚኣብሄር ብርሃነይ እዩ። መዝ 27፡1*
- *ኣባይ ዘሎ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ይዓቢ። 1ዮሃ 4፡4*
- *የሱስ ክርስቶስ መድሓንየይ እዩ። ቲቶ 2፡13*
- *እግዚኣብሄር ጽድቀይ እዩ። እር 23፡6*

ብክርስቶስ ኣነ፡-

- *ሕጂ ውዲ ኣምላኽ እየ። 1ዮሃ 3፡2*
- *ክርስቶስ ኣባይ ይነብር። ገላ 2፡20*
- *ኣነ ሕጂ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ሓድሽ ፍጥረት እየ፡ እቲ ብሉይ ሓሊፉ፡ እንሆ ኩሉ ሓድሽ ኮይኑ። 2ቆረ 5፡17*
- *ኣካላተይ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ እዩ። 1ቆረ 6፡19*

- ክርስቶስ ህይወተይ እዩ። ቆለ 3፡4
- ብህያውን ንዘለኣለም ብዚነብርን ቃል ኣምላኽ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኮንኩን ከም ብሓድሽ እተወለድኩ። 1ጴጥ 1፡23

ብ-የሱስ ክርስቶስ ኣነ፡-

- ብመንፈስ እምበር ብሲጋ የለኹን፡ ምኽንያቱ መንፈስ ናይ ክርስቶስ ኣባይ እዩ ዝነብር። ሮሜ 8
- ብእኡ ብደሙ ምድሓን ማለት ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት ኣሎኒ። ኤፌ 1፡7
- እግዚኣብሄር ኣምላኽይ ብክርስቶስ ገይሩ ብኹሉ ሰመያዊ በረኸት ኣብ ሰማያት ባሪኹኒ እዩ። ኤፌ 1፡3
- ብፍቕሪ ኣብ ቅድሚኡ ቅዱስን መንቅብ ዘይብለይን ምእንቲ ክኸውን ብእኡ ሓሪየኒ። ኤፌ 1፡4

ዓወት ኣብ ልዕሊ መንፈሳዊ ውግእ

- የሱስ ንሕማመይ ጸሮ ንስቓየይ ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፡ ብቑስሉ ሓውየ እየ ኢሳ 53፡4-5
- እግዚኣብሄር ካብ ሰልጣን ጸልማት ኣውጺኡ ናብ መንግስቲ ፍቑር ወዱ ኣእተወኒ፡ ኣብኡ ምድሓን ማለት ሕድገት ሓጢኣት ኣሎኒ። ቆሌ 1፡13-14
- ብጽድቂ ስለዝጸንዕ ዝፈርሆ የብለይን እሞ ግፍዒ፡ ስንባድ ካባይ ርሑቕ እዩ። ኢሳ 54፡14
- ነቲ ብክርስቶስ ኩሉ ሳዕ ናብ ዓወት ዝመርሓኒ ኣምላኽ ስብሓት ይኹን 2ቆረ 2፡14
- ንኣይ ኺወግኣሉ እተሰርሐ ኣጽዋር ኩሉ ኣይኪጠቅምን እዩ ኢሳ 54፡17
- እግዚኣብሄር ዘይረገመኒ መንዩ ዝረግመኒ? እግዚኣብሄር ዘይተጸየፈኒኸ መንዩ ዝጽየፈኒ? (ዘሁ 23፡8)
- ኣባይ ክፍኣት ኣይጠመተን፡ ሕሰምውን ኣይርኣየን እግዚኣብሄር ኣምላኹይ ምሳይ እዩ። (ዘሁ 23፡21)
- ኣባይ ኣስማት ይኹን ጥንቁልና የልቦን። (ዘሁ 23፡23)
- ኣብ ልዕሊ ተመንን ዕንቅርቢትን ኩሉ ሓይሊ ጸላእን ክረግጽ ሓይልን ሰልጣንን ኣሎኒ፡ ዚጎድኣኒ ኸኣ የሎን ሉቃ 10፡19
- እግዚኣብሄር ምሳይ ካብ ኸነ መንዩ ዚቃወመኒ? ሮሜ 8፡31
- እግዚኣብሄር ኻኹሉ ሕማመይ ፈዊሱኒ
- ንህይወተይ ካብ ጥፍኣት ይብጅዋ
- ንድሌተይ ብጽቡቕ ነገር የጽግበኒ
- ንእስነተይ ከም ንስሪ የሓድሶ መዝ 103፡ 1-5
- ንእግዚኣብሄር ሓድሽ መዝሙር ይዝምረሉ መዝ 98፡1

ብልጽግና

- ኣምላኹይ ከኣ ከምቲ መጠን ሃብቱ ብክብሪ ብክርስቶስ የሱስ ገይሩ ድሌተይ ዘብለ ኩሉ ይመልኣለይ ፊል 4፡19
- ከምቲ ነፍሰይ ዝጠዓዮ ብኹሉ ድሓን እየ 3ዮሃ 2

- ኮሪኹር ኣናብስ ይስእኑን ይጠምዩን ንእግዚኣብሄር ዚደልይዎ ግና ሰናይ ዘበለ ኩዱ ኣይጎድሎምን መዝ 34፡10
- ነቶም ዚፈርህዎ ገለ ኣይጎድሎምን መዝ 34፡9

መዝሙር 23

- እግዚኣብሄር ጓሳይየይ እዩ ዚጎድለኒ የብለይን፡
- ኣብ ልሙዕ ሸኻ የውዕለኒ ናብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ
- ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ ይመርሓኒ
- በትሩን ምርኩሱን የጸናንዓኒ፡ ንሱ ምሳይ እዩሞ ብርባ ርባ ድነ ሞት እኳ እንተኸድኩ ክፉእ ኣይፈርህን እየ
- ንሱ ኣብ ቅድሚ ጸላእተይ መኣዲ ይሰርዓለይ፡ ንርእሰይ ብዘይቲ ይለኽዮ፡ ጽውዒይ ይጅርብብ ኣሎ
- ብሓቂ ሳህሉን ምሕረቱን ብኹሉ ዕድመይ ይስዕበኒ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ክኣ ንዘለኣለም ይነብር መዝ 23

መዝሙር 91

- ኣብ ጸግዒ እቲ ልዑል ስለዝሓድር፡ ኣብ ጽላል እቲ ኩሉ ዝኽእል ይነብር
- እግዚኣብሄር ጸግዒይን ዕርደይን ዝውክሎ ኣምላኽይን እዩ
- ካብ መጻወድያ ሃዳናይ፡ ካብ ዘጥፍእ ፈራ የናግፈኒ
- ብግልግልኡ የኅልብበኒ፡ ኣብ ትሕቲ ኣኽናፉ ኽኣ መጸግዒ ይረክብ፡ ሓቁ ዋልታን ጸግዕን እዩ
- ካብ ስምባድ ለይቲ፡ ካብቲ ብመዓልቲ ዚውርወር ፍላጻ፡ ካብቲ ብጸልማት ዚኸይድ ፈራ፡ ብቑትሪ ዘባድም ሕማም ኣይፈርህን።
- ኣብ ጥቓይ ሽሕ፡ ኣብ የማነይ እልፊ እኳ እንተወድቑ፡ ኣባይ ግና ኣይበጽሕን
- እከይ ዘበለ ኣይረኽበንን፡ ስቓይውን ኣብ ድንኳነይ ኣይቕርብን።
- ኣብ ኩሉ መገደይ ኺህልዉኒ፡ እግረይ እኳ ኽይዕንቀፍ፡ ኣብ ልዕሊ ኣእዳዎም ኪጸሩኒ መላእኽቱ ይእዝዘለይ
- ኣብ ልዕሊ ኣንበሳን ተመንን ክኸይድ፡ ሽደን ኣንበሳን ገበልን ክረገጽ እየ
- ንእግዚኣብሄር ኣጥቢቐ ስለዘፍቅር፡ ንሰሙ ኽኣ ስለዘፈልጦ ክልዕለኒ እዩ
- ኪጽውየ ንሱ ኽኣ ክምልሰለይ፡ ብኹሉ ድማ ክኽብረኒ እዩ
- ነዊሕ ዕድመ ኽጽግበኒ፡ ምድሓነይውን ክርኢ እየ።